ወ ይ ን

ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ | መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1071 | www.woyenmedia.com | 1968 - 2017 ዓ/ም | ዋጋ ብር 50

“ህወሓት፤ ንህልው ፈተናታትን መፃኢ ባህግታትን ዝምጥን ቃልሲ ክገብር ኣለዎ።”

ውድብ ህወሓት ሕዚ ንዘለው ፈተናታት ንምስጋር ጥራሕ እንተይኮነ መፃኢ ባህግታት ህዝቢ ትግራይ ንምምላእ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ስጡም ሓድነትን ሓፂናዊ ጥንካረን ክህልዎን ነዚ እውን ጠንኪሩ ክቃለስ ከምዝግባእ መስራቲ ቃልሲን ነባር ኣመራርሓን ውድብ ህወሓት ተጋዳላይ ስብሓት ነጋ ገሊፁ።

ተጋዳላይ ስብሓት ነዚ ዝገለፀ፤ ብምኽንያት ሓዱሽ ዓመት 2018 ዓ/ም ኣብ እዋናውን ኣገዳስን ክልላዊ፣ ሃገራውን ዓለማውን ኩነታት ኣመልኪቱ ብፍሉይ ምስ ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕተት እዩ። ተጋዳላይ ስብሓት ከምዝገለፆ፤ ነዚ ሐዚ ህወሓት ገጢምዎ ዘሎ ፈተና ንምስጋር ኣብ ትግራይ ዘለው ሰለስተ (ሓይልታት ህወሓት ግዝያዊ ምምሕዳርን ሰራዊትን ትግራይ) ሓበራዊ ኣመራርሓ ሃልዮምም ተዋዲዶም ክሰርሑ ኣለዎም። ህወሓት ንህዝቡን ኣባሉን ተኣዛዚ ክኸውን፣ ግዝያዊ ምምሕዳር ጠለባት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምምላእ፣ ሰራዊት ትግራይ ድማ ነቲ ኮር ኮማንድ ኣመራርሕኡ ተኣዛዚ ክኾኑን ኣብ መንጎኦም ድማ ስጡም ሓድነትን ውሽጢ ዲሞክራሲን ክህሊ ይግባእ ክብል ሓቢሩ።

“ኣብ ሕሉፍ ብረታዊ ቃልሲ 17 ዓመት ብኹሉ መዳይ ልዕልና ህዝቢ ንምርግጋፅ ዝሰርሑ ዝነበሩ ስራሕቲ ሎሚ እውን ጠለባት ህዝቢ ምምላእ ኣዝዩ ደፋኢ ክኸውን ከምዘለዎን እቲ መሪሕነት እውን ዝመፅእ ዘሎ ሓደጋ ብትኹረት ምስትውዓልን ተዓፃፃፋይ ምኳንን ይሓትቶ፤” ዝብለ ተጋዳላይ ስብሓት፤ ቁፅሪ ሓደ ቃልሲ ፈታዊ ናይ ምብዛሕ ኣንፈት ብምኽታል ህዝቢ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ “ሳብ ሳሃራ” ኮታስ ኣብ ደገን ኣብ ውሽጥን ዕቁር ፈታዊ ክህልዎ ምስ እዚኦም ርክባቱ ከጠናኸር ከምዘለዎ ኣመላኺቱ። እቲ ሐዚ ፀላእቲ በዝን በቲን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝገበርዎ ምምንጣል ነፂልካ ንምውቃዕ ዝገብርዎ ሽርሒ ከምዝኾነ ተረዲእኻ ምንቃሕ፣ ምፍላጥን ፈሊጥካ እውን መፍትሕታት ምቕማጥን ከምዘድሊ እውን ኣገንዚቡ።

ተጋዳላይ ስብሓት፤ ኣብዚ ሐዚ እዋን “ቁመና ህወሓት ዝርከበሉ ኩነታት ትሓቲቱ እንትምልስ ከምቲ ኻልኦት ዝብልዎ ህወሓት ሞይቱ ጠፊኡ ዘይኮነስ ሐዚ እውን ኣብ ቃልሲ ዘሎ ውድብ ከምዝኾነ ሓቢሩ። ሐዚ እውን እቲ ውድብ ህዝቡ ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉ ከንቅሕ፣ ክውድብን

ናብ ገፅ 9 ይዘውር

ተጋዳላይ ስብሓት ነጋ

ዘይሕጋዊ ዕደና ስርዓት ንምትሓዝ ዝተጠናኸሩ ስራሕቲ ከምዝቕፅሉ ተሓቢሩ

ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ኣብ ዘይሕጋዊ ዕደና መኣድን ተዋፊረን ዝፀንሓ ማሽነሪታት

ኣብ ትግራይ ዝረአ ዘሎ ዘይሕጋዊ ዕደና ንጊዜኡ ጠጠው ኣቢልካ ስርዓት ንምትሓዝ ዝተጀመሩ ስራሕ ብምጥንኻር ሕጋዊ ተግባራት ከምዝዕመሙ ዋና ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ኣይተ ወልደኣብርሃ ገ/ፃድቕ ገሊፆም።

ኣይተ ወልደኣብርሃ ነዚ ዝገለፁ፤ ኣብ ተፈጥራዊ ሃፍትታትን ፀጋታትን እቲ ዞባ፣ ብዶዘራትን ኬሚካላትን ተጠቒምካ ዝካየድ ዘይሕጋዊ ዕደና መዓድን ኣብ ሰብን እንስሳን ዘብፀሖ ዘሎ መጠነ ሰፊሕ ሓደጋን ነዚ ደው ንምባል ዝተወሰደ ስጉምትን ብዝምልከት ምስ ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ኣብ ዘካየድዎም ቃለ መሕትት እዩ።

ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ወርቂ፣ ብሩር ኮፐርን ካልኦት ተፈጥራዊ ፀጋታት መዓድናት ከምዘለውን ብፍላይ መዓድን ወርቂ ብማሕበር ዝተወደቡ መናእሰይ እቲ ከባቢ ብባህላዊ መንገዲ እናውፀኡ ተረባሕቲ እናኾኑ ከምዝፀንሑ ዘረድኡ ኣይተ ወልደኣብርሃ፤ ኣብ ትግራይ ፅንተታዊ ወራር

ናብ ገፅ 17 ይዘውር

ሰላምን ፀጥታን ከተማ መቐለ ብዘላቒ ውሑስ ንምግባር ዝኽእል ምድላው ይግበር ኣሎ፡፡

ሓላፊ መምርሒ ፖሊስ ከተማ መቐለ ኮማንደር ሓዱሽ ሕዱግ

ንነባሪ ህዝቢ ኣብ ከቢድ ስግኣት ኣውዲቑ ዘሎ ሰላምን ፀጥታን ከተማ መቐለ ብዘላቒ ውሑስ ንምግባር ኣካላት ፀጥታን ህዝብን ተዋዲዶ ክሰርሑ ዘግብር ምድላው ይግበር ከምዘሎ ሓላፊ መምርሒ ፖሊስ ከተማ መቐለ ኮማንደር ሓዱሽ ሕዱግ ገሊፆም፡፡

ኮማንደር ሓዱሽ ነዚ ዝገለፁ፤ ኣብ ህልው ኩነታት ሰላምን ፀጥታን ስግኣት ህዝብን ከተማ መቐለ ኣመልኪቶም ብፍላይ ምስ ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ኣብዘካየድዎ ቃለ መሕትት እንትኾን ፀገም ፀጥታ ከተማ መቐለ ብዘላቒ ውሑስ ዝኸውን ብሓይልታት ፀጥታ ጥራሕ ዘይኮነስ ህዝቢ በዓል ዋና ሓለዋ ሰላምን ፀጥታን ከባቢኡ እንትኸውን ጥራሕ ብምዃኑ ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ምውዳድ ይግበር ምህላውን ሓቢሮም፡፡

ኣብ ከተማ መቐለ ኣብ 2016 ዓ/ም 4,736 ሓፈሻዊ ገበናት መቕተልቲ፣ መውቃዕቲ፣ መጭወይቲ፣ ስርቂን ካልኦትን ገበናት ከም ዝተፈፀሙን ካብዚኦም እቶም 4,142 ከበድቲ ገበናት ከምዝኾኑ ኮማንደር ሓድሽ ይገልፁ፡፡ ብተመሳሳሊ ኣብ 2017 ዓ/ም 4084 ሓፈሻዊ ገበናት ዝተፈፀሙ እንትኾኑ ካብዚኦም እቶም 3,665 ከበድቲ ገበናት ከምዝኾኑን እዚ ምስ ዘመነ ስራሕ 2016 ዓ/ም እንትነፃፀር ከበድቲ ገበናት ብ477 ወይ ድማ ብ11 ነጥቢ ሓሙሽተ ምኢታዊ ከምዝነከየ ይኹን እምበር ተመሳሰልቲ ገበናት ምፍፃምም ግና ይቕፅሉ ከምዘለው ሓቢሮም፡፡

ናይዚ መግለፅታት ዘቕረቡ እቶም ሓላፊ፤ ኣብ ወርሒ ሓምለ ጥራሕ 2017 ዓ/ም ጥራሕ 246 ሓፈሻዊ ገበናት ከምዝተፈፀሙን ካብዚኦም እቶም 234 ከበድቲ ገበናት እንትኾኑ ካብ ዕለት ሓደ ክሳብ ዕለት 1 ነሓሰ 2017 ዓ/ም ጥራሕ ድማ ሰለስተ ቅትለትን መጭወይቲ ሓደ በዓል ሙያ ካሜራን ከምዝተፈፀመን ነዚ ኣፅሪኻ ገበነኛታት ናብ ሕጊ ንምውዓል ፖሊስ ጥቡቕ ክትትል ይገብር ምህላው ገሊፆም፡፡

ናብ ገፅ 9 ይዘውር

ወይን 15 ነሓሰ 2017 ዓ/ም

እንኳዕ ን2018 ዓ/ም ሓዱሽ ዓመት ኣብፀሐና!!

ዋና ዳይሬክተር - ተወልደብርሃን ተኽሉ
ቁ.ስ - 034 440 00 10

ዋና ኣሰናዳኢ- ኣክሊሉ ታደሰ
ቁ.ስ - 034 440 22 92

ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ኣማኑኤል ገ/ሩፋኤል

ዲዛይንን ለይኣውትን - መነን ይሕደጐ
- ማርታ መረሳ
ቁ.ስ - 03 42 40 53 98

15 ነሓሰ 2017 ዓ/ም
መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1071
ፋክስ - 034 440 46 07
ቁ.ሳ.ፖ- 840 መቐለ

መልእኽተ ወይን

ዝነበሩን ዝቐፅሉ ዘለውን ፈተናታት መሊእና እንሰግረሉ ሓዱሽ ዓመት!!

ኣረጊት ዘመን ተወዲኡ ሓዱሽ ዘመን ብሒቱ። 2018 ዓ/ም ሓዱሽ ዓመት ንመላእ ህዝቢ ትግራይ ምሉእ ሰላምን ቕሳነትን ዝረኽበሉ፣ ሉኣላዊ ግዛኣትና ምሉእ ብምሉእ ተመሊሱ ተመዛበልትና ናብ መረበቶም ኣትዮም ስሩዕ መነባብሮ ዝጀምርሉ፣ ምሉእ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ዝሳለጠሉን ትግራይ ናይ ብራኽ ጉዕዞኣ ትጅምረሉን ክኾውን ዋና ቤት ፅሕፈት ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ሰናይ ትምኒቱ ይገልፅ።

እቲ ዝሰገርናዮ 2017 ዓ/ም፤ ኣብ ውድብና፣ መላእ ኣባልናን ህዝብናን ሱር ቦቆስ ክበሃሉ ዝኽእሉ ህልውና ናይ ምርግጋፅ መደባት ዝዓመምናሉ እዩ። ይኹን እምበር እቶም ብምኽንያት ዝበፅሐና ፅንተታዊ ኲናት እናተንከባለሉ ዝመፁ ፖለቲካውን ማሕበረ ኢኮኖሚያውን ፀገማት፤ ልዕሊ ኹሉ ድማ በቲ ኣብ ውሽጢ ውድብና ዝተፈጠረ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ምኽንያት ኣብ ውድብና፣ ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይን ህዝብናን ዝበፅሐ ፀቕጥን ፈተናን እቲ ዓመት ዋላ እኳ ዓበይቲ ውፅኢታት ዘመዝገብናሉ እንተኾነ ምሉእ ብምሉእ ከይፈታሕናዮምን ካፍቲ ሓደጋ መሊእና ከይሰገርናን ኢና ናብዚ ሓዱሽ ዓመት ኣቲና ዘለና።

ከምቲዝፍለጥ፤ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ካብዝፍረም ሳልሳይ ዓመቱ ይቀራረብ ኣሎ። እቲ ስምምዕ ኩለመዳያት መልክዓት ፅንተትን ስቓይን ህዝብና ንከብቅዕ ዝተብፀሐ እኳ እንተኾነ ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ስምምዕ ንምትግባር ዘኽእል ተበግሶ ብዘይምህላው እቶም ዓፀባታት ክግትኡ ኣይከኣሉን። ወረርቲ ሓይልታት ኣብዝሓዝዎ ሉኣላዊ መሬት ትግራይ ዝነብር ህዝብና መንነቱ ከምገበን ተቖፂሩ መርሸንቲ፣ ጭውያ፣ ፆታዊ መጥቃዕቲ፣ ብሓይሊ ምፍንቓልን ካልኦት ስነ-ልቦናውን ማሕበረ ቁጠባውን ሽግራት የብፅሕሉ ኣለው። እቲ ንዝሓለፉ ዓመታት ናብ መረበቱ ክምለስ ብዓቕሊ ክፅበ ዝፀንሐ ኣብ ማእኸላት መዕቖቢ ዝርከብ ህዝብና ሓምሻይ ክረምቲ ኣርኪብዎ ኣብ ልዕሊ ጥምየቱን ሕማሙን መውደቒ ስኢኑ ኣብ ቀዳድ ኬንዳ ይሳቐይን ይመውትን ኣሎ።

ውድብና ህወሓት ኣፍቲ ዝሰገርናዮ ዓመት ስምምዕ ፕሪቶሪያ ምሉእ ብምሉእ ንምትግባር ዘኽእል ቃልሲ እናካየደ ፀኒሑ እዩ። ንስምምዕ ፕሪቶሪያ ቁልፊ ገዛኢ ናይ ኩሎም ስራሕቲ ብምግባር መንግስቲ ፌደራል እቲ ስምምዕነት ብምሉእነት ከተግብር ዘኽእል ፖለቲካዊ ዘተ ክጅመር ተደጋጋሚ ጐስጓሳት ክገብር ፀኒሑ። ንስምምዕ ፕሪቶሪያ ንጐድኒ ዝገደፈ ካሊእ ስምምዕ ይኹን ምርድዳእ ክህሉ ከምዘይኽእልን ነቲ ስምምዕ ክፍፅም ዝግበኦ መንግስቲ ፌደራል ናይ ምፍፃም እንተይኮነስ ናይ ምዕንቃፍ ተራ ይፃወት ከምዘሎን ቅዋሙ ብተደጋጋሚ ኣፍሊጡ እዩ። ሕዚ እውን እንተኾነ ውድብ ህወሓት እቲ ውዕል ብቕልጡፍ ተተግቢሩ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ናብ ንቡር ክምለሳን ተመዛበልትና ናብ መረበቶም ክኣትውን ቓልሱ ኣጠናኺሩ ከምዝቕፅል እውን ብመግለፅታቱ ዘረጋገፆ ጉዳይ እዩ።

ኣብቲ ዝሰገርናዮ ዓመት ውድብና ህወሓት ዝገጠሞ ሓደጋ ፅግዕተኛ ምብስባስ ብውሽጢ ውድብ ቓልሲ ንምፍታሕን ህልውንኡ ኣረጋጊፁ ንምውፃእን ዝኸዶ ርሕቕት እውን ቁልፊ ዋኒን ናይቲ ዝሰጋገርናዮ ዓመት ተገይሩ ክውሰድ ዘለዎ እዩ። ኣብ ነሓሰ 2016 ዓ/ም ዝተኻየደ ታሪኻዊ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤ ህወሓት ስዒቡ፤ ነቲ ውድብ ናብ ናይ ህልውና ሓደጋ ዘእተዎ ኣብ ውሽጢ ዝተሰግሰገ ፅግዕተኛ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ምኽኑ ብምንፃር ናብ ሰፊሕ ደርባዊ ቓልሲ ዝተኣተወ እንትኸውን በብደረጅኡ ዘሎ መሪሕነት፣ ኣባልን መላእ ህዝብናን ዝወከሎም ነቲ ውድብ ዝመርሑ ሓደሽቲ ማእከላይ ኮሚቴ (ዝበዝሑ ሓዱሽ ወለዶ ዝተኻተትሉ) ክመፁ ተገይሩ። እቲ ውድብ ንቐፃሊ ሓዱሽ ተስፋ ዘንብረሎም መሪሕነት ናብ ስራሕ ፈፃሚትን ማ/ኮሚቴን ብርኪ ብምምፃእ ብቐፃሊ ቓልሲ እውን እናተመመየን እናተስሓለን ነቲ ውድብ ምስ ሓዱሽ ኣተሓሳስባ (ሪፎርም) ዝምዕብልን ሽቶታቱ ዘዐውትን ክኸውን ዘኽእሎ መስርሕ ፈጢሩ ኣሎ።

ብመሰረቱ ናይ ውሽጢ ውድብ ቓልሲ ኣብ ታሪክ ውድብና ቁልፊ ጉዳይ መረጋገፂ ህልውና ምኻኑ ዝፍለጥ እዩ። ሕዚ ውድብ ገጢመሞ ዝነበሩ ፈተናታት ብወሳናይ ሓሊፉ ናይቲ ውድብ ህልውና ብተነፃፃሪ ናብዚ ዘለናሉ ብርኪ ክበፅሕ ዝኸኣለ ኣንፃር ውድብናን ኣንፃር ብሄራዊ ረብሓናን ምስዝተሰለፈ ብሄራዊ ጉጅለ ክሕደት ብዝተገበረ ናይ ውሽጢ ውድብ ፅርየትን ቓልስን እዩ። ድሕሪ ጉባኤ ምክያዱ ኣብ ህልውና ውድብና ተነፃፃሪ ለውጢ እንተተርኣየ እውን ክሳብ መፋርቕ እቲ ዝሓለፈ ዓመት (ክሳብ ለካቲት - መጋቢት 2017 ዓ/ም) እቲ ናይ ውሽጢ ውድብ ቓልሲ ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ኣንፃር እቲ ጠላም ጉጅለ ዘቕነዐን ፖለቲካዊ ጥዕና ናይቲ ውድብ ንምሕላው ዝዓለመን ነይሩ። ስለዚ ድማ ህልውና ውድብ ኣብ ምርግጋፅ ዝተሓላለኸን ከቢድን ቓልሲ እዩ ተኻይዱ።

ብውፅኢት ደረጃ እንትረአ ድማ እቲ ጉጅለ ናብ ደምበኡ (ደምበ ብልፅግና) ተጠቓሊሉ ክኸይድ ብምኽኣሉ ኣጀንዳ ናይ ምኽኑ ጉዳይ ከብቅዕ ክኢሉ። ካብዚ ብምብጋስ ኣብ ውድብና ኮነ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝሓሸ ሓድነትን ምንባብን ብምፍጣሩ ኣተሓሳስባ፣ ኣወፋፍራ፣ መደባት ክትትልን ኣፈፃፅማን ናይ ምትዕርራይን ምውጋንን ስራሕቲ ንምስላጥ ተኻኢሉ። ነዚ ኣጠናኺርካ ንምኻድ ዘኽእል ስሩዕ ገምጋማትን ናይ መደብ ኣንፈታትን ብምክያድ ዝሓሸ ውድባዊ ቁመና ክፍጠር ክኢሉ። ብሰንኪ እቲ ጉጅለ ተዘሓሒሉ ዝገበረ ውሽጢ ውድብ ቓልሲ ዝጠናኸረሉን እቲ መሪሕነት ነንባዕሉ ዝፈታተሸሉን ጉድለታት ዝቃንዕሉን ኩነታት እዩ ተመቻቺዩ ዘሎ። ድሕሪ ሕዚ ድማ ዝበለፀ ሕውየትን ጥንካረን እቲ ውድብ ዘረጋግፅ ሓዱሽ ናይ ሪፎርም መስርሕ ንምክያድ ዘኽእል ቅድመ መፅናዕቲ ስለዝተወገነ ሰፊሕ ምይይጥ ምስተገበረ ነዚ ብህፁፅ ጉባኤ ክፀድቕን ናብ ተግባር ክሰጋገርን ክግበር ም኿ኑ ብኣቦ መንበር ውድብና ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል ኣብ ቀረባ እዋን ተገሊፁ እዩ። እዚ ድማ ነቲ ውድብ መሊእካ ንምሕዋይን ህዝቢ ትግራይ ንዝብህጎም ሽቶታት ኣብ ምዕዋትን ዝለዓለ ብፅሒት ስለዘለዎ ውድብና ልዑል ጠመተ ብምሃብ እናሰርሐሉ ይርከብ። ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ካፍቶም ቁልፊ ውድብና ዝሓዞም መደባት ሕዚ ምስዘሎ ኩነታት ኣጠዓዒሙ ፕሮግራምን መስመርን ከዐሪ ትፅቢት ዝግበረሉ ሪፎርም (ህዳሰ) ብሰፊሕ ተሳትፎ ኣባል፣ ሙሁራት፣ ህዝቢ ናብ ተግባር ምስግጋር ብምኻኑ ኣብዚ መዳይ ሰፊሕ ርብርብ ምግባር ይሓትት።

ውድብና ህወሓት ብሓፈሻ ኣብቲ ዝሰገርናዮ ዓመት ኮነ ሕዚ እውን መሊእና ዘይፈታሕናዮም ዓበይቲ ፈተናታት እንተጋጠምዎ እውን መላእ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጐድኑ ብምስላፍ ካፍቲ ዝነበረ ጉዕዞ ዕንክሊል ብምውፃእ ኣብዝሓሸ ናይ ቃልሲ ሃዋህውን ጅማሮ ለውጥን ይርከብ። ውድብ ህወሓት ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝነበሮ ቦታ ብምምላስ ፅቡቕ ምንባብን ምትሕግጋዝን ብምፍጣር ልኡኻቱ ዝበለፀ ኣብ ባይታ ዝፍፅመሉ ምቹው ዕድል ፈጢሩ ኣሎ። ይኹን እምበር ኩሉ ግዘ ዘይድቅሱልና ፀላእትን ኣብ ውሽጢ እቲ ውድብ ቦቑሉ ሕዚ ናብ ንቡር ደምብኡ ኣትዩ ዘሎ ጠላም ጉጅለን፤ ህወሓት ካብ ምድረ ገፅ ክጠፍእ፤ ሓድነት መሪሕነትና ክብተን፣ ሰራዊትና ካብ ልኡኹ ክቦክር ንምግባር ዘይፍንቅልዎ እምኒ የለን። ተሰንጢቖ፣ ሓድነት ስኢኑ፣ ዘምርሕ ዓቕሚ የብሉን፣ ህዝቢ ተፈእዎ ወዘተ ዝብል ምድንጋራት ካብ ምውዛዕ ሓሊፎም ሓድነት ንምዝራግ ክሳብ ብዕጥቂ ዝተደገፈ "ሓራ መሬት" ዝብል ኣጀንዳ ፈጢሮም ሓደጋን ስግኣትን ይፈጥሩ ኣለዉ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ትግራይን ኤርትራን ዝተፈጠረን ዝቕፅል ዘሎን ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዝግበር ዝምድናታት "ምድላው ኲናት ትገብሩ ኣለኹም" ዝብል ባዶ ክሲ ብምቕራብ ፀላእትና ኮነ ኢሎም ኣጀንዳ ህዝቢ ትግራይ ንምቕያርን ካልእ ጥፍኣት ንምድጋስን ይሰርሑ ኣለው። እዚ ድማ በቲ ሰላማዊ መስርሕ ኣዐሪና ክንቃለሶ ዘለና ዋኒን ክኾን ኣለዎ።

ንምጥቕላል፣ ህልውና ውድብናን ህዝብናን ንምርግጋፅ ዘካየድናዮ ቃልሲ ዓበይቲ ውፅኢታት ከምዝረኸብናሉ ዘይከሓድ እንተኾነ እውን እቲ ናይ ህልውና ሓደጋ ሕዚ እውን ብዝተፈላለየ መልክዓት እናቐፀለ ውሽጣዊ ተቓላዓይነትና (ኣብ ሰላም፣ ፀጥታ፣ ፍትሒ፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ ተጠቃምነት ህዝቢ ወዘተ) ክተሓላለኽ ይገብሮ ስለዘሎ ነዚኦም ንምዕራይ ልዕሊ ኹሉ ውሽጠ ውድብ ቓልስና ብምጥንኻር ምሉእ ሕውየት ክንፈጥር ኣለና። ምስዚ ጐኒ ንጐኒ ሓድነት ህዝብናን ብሄራዊ ረብሓታትናን ብምብራኽ ዝነበሩን ዝቕፅሉ ዘለውን ፈተናታት ብብቕዓት ንምስጋር ቃልና ኣሐዲስና ብሓባር እንምርሸሉ ሓዱሽ ዓመት ክኸውን ሰናይ ትምኒትና ንገልፅ።

ትብፃሕ

ሕብራዊ ናዕቢ ንመን ጠቕመ?

ዝኸበርኩም ኣሰናዳእቲ ጋዜጣ ወይን፤ እንኳዕ ንሓዱሽ ዓመት ኣብፀሓና እናበልኩ ንሎሚ ናብ ዝሓረኹዎ መበገሲ ፅሑፈይ ክኣቱ።

ከም ዝፍለጥ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሓምለ 2017 ዓ.ም ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ብቴሌቭዥን ትግራይ ብሮድካስቲንግ ሰርቪስ ኣቢሉ ኲናት ኣውርድ ዓይነት መልእኽቲ ፓርቲ ብልፅግና ኣመሓላሊፉ ነይሩ።ከም መጠን ሕሩር ትግራዋይ ነዚ ምስ ሰማዕኹ "ከመይ ዝበለ ሕስረት እዩ? ኣብ ትግራይ ማእኸል ዝገበረ ሚድያስ ነዚ ቁም ነገር ኢሉ ናይ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ዕላማ ዘቃልሕ" ኢለ ኣዝየ ተገሪመ። ምኽያቱ እቲ መልእኽቲ ብሃንደበት ብርሃኑ ጁላ ደኣ ተዘርበ እምበር፤ ሱር መሰረቱ ግን ካብቶም ብሕመቕም ተገምጊሞም ድሓር ዝኸሓዱ ላዕለዎት ወታደራውን መንግስታውን ነባራት ኣመራርሓ ምኳኑ እውን ኣይሰሓትኩን። ነዚ ብዝግባእ ኣስተንቲነ ነዚ ከምዚ ዝበለ ክሕደትን ባንዳነትን ከይረኣዩን ከይሰምዑን ኣብ ህዝባዊ ዕላማ ዝተሰውኡ ብሉፃት መራሕትናን ተጋደልትናን ከመይ ዝበሉ ቅዱሳን ሰማእታት እዮም ኢለ እውን ተደሚመ።

ብህይወት ዘለና እቲ ዝተሸከምናዮ ሓደራ ገና ካብ እንግዳዓና ከይወረደን ከይተፈፀመን መሊሱ ድምፅታት ኲናትን ጥፍኣትን እንትሰምዕ ንህዝቢ ትግራይ ንቕድሚት ዋጋ ዘኽፍል ግን ድማ ትዕግስትን ጥበብን ዝሓትት ቀፃሊ ቃልሲ ከም ዘሎ ክግንዘብ ገይሩኒ። እቲ ብተደጋጋሚ ዝገረመኒ ግን ካብ 2008 ዓ.ም ጀሚሩ ንህዝቢ ትግራይ ንምፅናት ዘይደቐሱ ሓይሊታት ትምክሕትን ሰዓብቶምን ኢህወዴግ ብምፍራስ ኣቢልካ ውድብ ህወሓት ንምፍራስ ብውሽጥን ደገን ብሸርሒ ዝተፃመዱ ኣካላት ዝወለዶ ውድቀት ጉጅለ ክሕደት ድማ ነዚ ስልቲ እዚ ምኽታሎም እዩ። ኣብቲ እዋን ውሽጣዊ ስሩዓት ጉጅለ ብልፅግና ዝተጠቐምሉ ሓደገኛ ኣካይዳ ኣብ ክልል ኦሮሞ ንመናእሰይ ሓለይትን ተቖርቖርትን ብምምሳል ነቶም መናእሰይ ብምጉጃል፣ ብምድንጋርን ምትላልን ናይ ቄሮ ውድብ ፈጢሮም ሕብራዊ ናዕቢ ወሊዖም። እቲ ዝፈጠርዎ ሕብራዊ ናዕቢ ድማ ብቀጥታን ብተዘዋዋርን ንስርዓት ኢህወዴግ ኣፍሪሱ።

እቲ ሕብራዊ ናዕቢ ተሞርኲሱ ናብ ስልጣን ዝደየበ ንጉስ ጠቕላይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ ዓሊ ኣብ ግዘ ስልጣኑ ኣብዛ ሃገር ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብዝወለዖ ፅንተታዊ ኲናት ዝበፅሐ ጥፍኣትን ህልቀትን ዘይፍለጥ ኮይኑ ኣይኮነን። ኮይኑ ግን እቶም ምስ ደመኛታት ፀላእቲ ሸሪሖም ንህዝቢ ትግራይ ተሓለቅቲ ኢና ዝብሉ ዝኸሓዱ ኣካላት "ኣብይ ኣሕመድ መራሒና እዩ" ኢሎም ውዕሊ ፕሪቶርያ ዘይምፍፃሙ ፌደራል መንግስቲ ፀገም የብሉን" ዝብል ካብ ምስማዕ ንላዕሊ ዝኸፍእ የለን። እዚ ንምዝራብ ሕንኽ ዘይበሉ መሳላሰልቲ ውድብ ስምረት ዝኾነ ጀነራል ፃድቃን ኣክትትል ኣቢሎም ኣብ ትግራይ ሕብራዊ ናዕቢ ንኽውላዕ ብግልፂ ዘመላኽት ተወሳኺ ዘረባ ኣስሚዖሙና። ሕዚ ህዝቢ ትግራይ ዘለዎ ኩነታት ዝኸፈአ ምኳኑ እናተፈለጠ ካብ ሕዱር ፅልኢትን ቂምን ውልቀ መራሕቲ ሕነ ንምፍዳይ ዝተበገሰ ውድብ ህወሓት ንምፍራስ ዝዓለመ ኣጀንዳ እዩ። እዚ ንምዕዋት መንእሰይ ትግራይ ተለዓል፤ ዓምፅ እናተበሃለ ኣብ ትግራይ ተመሊሱ ኲናት ክውላዕ ዝተደለየ ኮይኑ ሓደግኡ ድማ ህዝቢ ትግራይ ክጭፍጨፍ፣ ክሃልቕን ብኡ ኣቢልካ ድማ መራሕቲ ኣስኢንካ ብፀላእቱ ክምብርከኽን መንእሰይ ክበታተንን ዝገብር ጥፍኣታዊ ኣሰላልፋ እዩ።

ስለዚ እቶም ብቴሌቭዥን ትግራይ ብሮድካስቲንግ ሰርቪስን ካልኦት ማድያታት ብልፅግናን ኣቢሎም ዘመሓላለፉ መልእኽታት ምስሌነ ዕላማን ተልእኾታት ብልፅግና ዝሓዙ "ውሽጢ ውሽጡ ዘየተፈለጠ ሎሚ ዓይኑ ኣፍጠጠ" ዓይነት ኣበሃህላ ዝተኸተሉ ኣመፃፅኣ ብምኳኖም ብጥንቓቐ ምርዳእ የድሊ። ስለ ዝኾነ መናእሰይ ኮነ ካልኦት ግጉይ ፖለቲካዊ ኣረዳድኣ ዘለና ኣካላት ካብ ቂም፣ ቁሸትን መንደርን መሰረት ዝገበረ ኣረኣእያን ነፀብራቕ ሕብራዊ ናዕብን ወፂና ኣብ ቅድሜና ኣንፀላልዩ ንዘሎ ሓደጋ ንምምካን ብሓድነት ሰለማውን ፖለቲካውን ቃልስና ነጠናኽር ይግባእ ብምባል ንሎሚ ሓሳበይ በዚ ይኽምብት።

ኣስረስ ኣረሩ
ካብ መቐለ

50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን!

እዋናዊ ዛዕባ

ኲናት ዘትርፍ ሰላማዊ ቓልስና ነጠናኽረሉ መድረኽ

ኣብ ዓለም ሰላም ዘይብህግ፣ ብሰላም ክነብር፣ ብሰላም ሰሪሑ መነባብሮኡ ክልውጥ፣ ብሰላም ወፂኡ ብሰላም ክኣትው ዘይደሊ ህዝቢ የለን። ብሓፂሩ ኣብዛ ምድሪ ዝነብር ህዝቢ ሰላም ይደሊ። ንሰላም ኣዝዩ ይብህጋ። ንሰላም ይዝምር፣ "ሰላም ኣውርድ" ኢሉ ፀሎት ይገብር። ብኣንፃሩ ድማ ንኲናት ኣምሪሩ ይፀልኦ። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ናብ ርሑቕ ምኻድ ኣየድልን። ህዝቢ ትግራይ፤ ኣብ ሰላም ዘሎ መቐረት፣ ኣብ ኲናት ዘሎ ዕንወት መምዩ ዝፈልጥ ህዝቢ እዩ። እዚ ህዝቢ፤ ወፅዓ ካብ ዘይፈትውን ባርነት ዘይቕበሉን ብቐዳምነት ክጥቀሱ ካብ ዝኽእሉ ህዝብታት ሓደ እዩ። በብመዋእሉ ዝነበሩ ስርዓታት፣ መንግስትታት፣ መሳፍንትን ኣምባገነናት መራሕትን ሰንሰን ኣቢሎም ክገዝእዎን ክመርሕዎን ዘይፈፀምዎ በደል ኣይነበረን። መንነቱ ክልውጥ፣ ብመንነቱ ክሓፍር፣ ብባህሉን ክብርታቱን ከይኾርዕ፣ ቅርስታቱን ታሪኻቱን ከይዕቅብ፣ ሰሪሑ ከይነብርን መነባብሮኡ ከይልውጥን፣ ሕቶ ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ንከየልዕል፣ ሰላምን ዴሞክራስን ንከይረክብ ኮታስ ብብሄራዊ መፅቀጥቲ ኣብ ከርፋሕ ናብራ ንክነብር ፈሪዶምሉ። በቶም ከምዚ ዝበሉ በደላት ዝመረሮን መንገዲ ሰላማዊ ቃልሲ ዝተዓፀዎን ህዝቢ ትግራይ፤ ብረቱ ኣልዒሉ ክኳሻሕን ካብ ጭቆና ሓራ ክወፅእን በብመዋእሉ ብዙሓት ቃልስታት ኣካይዱ እዩ። ንኣብነት፤ ንጨቋኒ፣ ፍፁም ፀረ ሰላምን ፀረ ህዝብን ዝኾነ ስርዓት ደርጊ ንምድምሳስ ብመሪሕ ውድቡ ህወሓት እናተመርሐ ዘካየዶ ተጋድሎ ተፀራሒ እዩ።

እቲ ብህወሓት ዝተመርሐ ን17 ዓመት ዝተኻየደ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይ፤ ሒዝዎም ዝተበገሰ መሰረታውን ህዝባውን ሕቶታትን ዕላማታትን ነይሮም። ካብኣቶም ንምጥቃስ፤ ምስምስረታ ህዝባዊ መንግስቲ ተኣሳሲሩ ስልጣን ምሉእ ብምሉእ ናይ ህዝቢ ክኸውን፣ ምንጋስ ማሕበራዊ ፍትሒ፣ ፍትሓዊ ክፍፍል ሃፍቲ ክህልው፣ መሬት ብህዝቢ ክውነን፣ ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰላት ክኽበሩ፣ ምርግጋፅ ማዕርነት ሃይማኖትን ፆታን፣ ካብ ድኽነትን ድንቁርናን ብምውፃእ ልምዓትን ዕብየትን ምርግጋፅ ዝብሉ እዮም ነይሮም።

ብመሰረቱ ህወሓት ዕጥቃዊ ቃልሲ ካብ ዝጅምር ኣትሒዙ ሰላም፣ ህዝባዊ ስልጣን፣ ዴሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ መሰል ፆታን ሃይማኖትን፣ ማዕርነታዊ ሓድነት ወዘተ ንምርግጋፅ ዝዓለመ እዩ። ኣብ ከይዲ ድማ ንህዝቢ ብዲሞክራሲያውን ሰላማውን መንገዲ ብምእማን፣ ብምንቃሕን ብምውዳብን ህዝቢ ዝኣመነሉ ሓሳብ ክቕበልን ዕላማኡ ከሳኽዕን ዝገብር ስርዓት ሃኒፁ ዝሓለፉ 27 ዓመት ከተግብሮም ፀኒሑ እዩ። ህወሓት፤ እቲ ቃልሲ ክዕወትን ዘይክዕወትን ወሳኒ ህዝቢ እዩ ዝብል ፅኑዕ እምነትን መትከልን ነይርዎ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። እቶም ዝነበሩ ፖሊሲታትን ስትራቴጅታትን፣ እቲ ዕላማን መስመርን ብምሉእነት ንምትግባር ፈለማ ህዝቢ ክኣምነሎም ከምዘለዎ ምሉእ መርገፂ ብምሓዝ እዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ እንተኣሚንሉ ከምዝዕወት፣ እንተዘይኣሚንሉ ድማ ከምዝወድቕ ኣቐዲሙ ዘረጋገፀ ብምዃኑ እዩ። "እዚ ግበር እዚ ኣይትግበር፤ እዚ ተግብር እዚ ኣይትተግብር" ዝበሃል ኣይነበረን።

ህወሓት ንዝኣመነሉ ዕላማ ኣብ ህዝቢ ፖለቲካውን ውድባውን ስራሕቲ ብምውጋን ህዝቢ ክኣምነሉን ክቕበሎን ንምግባር ብሰላማዊ መንገድን ብምይይጥን ከስርፅ ዝኽእለሉ ዕድል እንተዝረክብ ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ዝመረፆ መንገዲ እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር መንገዲ ሰላማዊ ቃልሲ ስለዝተዓፀወ ብረታዊ ተጋድሎ ክካይድ ተገዲዱ። ስርዓት ደርጊ መንገዲ ሰላማውን ዴሞክራስያውን ቃልሲ ምሉእ ብምሉእ ብምዕፃው ፍፁም ፀረ ዴሞክራሲ ብምዃን ህዝቢ ናብ ምጭፍጫፍ እዩ ኣትዩ። ነቲ ከምዚ ዝበለ ስርዓት ብረት ኣልዒልካ ካብ ምቕላስን ምውጋድን ካልእ ኣማራፂ ብዘይምንባሩ ህዝቢ ትግራይ ብውድቡ ህወሓት እናተመርሐ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ኣካይዱ። እቲ ኣብ ዝባን ህዝቢ ተዳዕኒኑ ዝነበረ ስርዓት ደርጊ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ሓመድ ድብ ኣትዩ።

ድሕሪ እዚ መላእ ህዝብታትን ብሄር ብሄረ ሰባትን እዛ ሃገር ማዕረ ዝገብር ሕገ መንግስቲ ፀዲቑን ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ተተኺሉን። ሰብ፣ ከምሰብ ማዕረ ዝረኣየሉን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብማዕረ ዝዳነየሉን ጥጡሕ ባይታ ተፈጢሩ። ብቛንቋኡ ክመሃር፣ ክሰርሕን ክዳነይን ክኢሉ። ኩሎም ህዝብታትን ብሄር ብሄረ ሰባትን ተጠቀምቲ ዝገብሩ ፖሊሲታትን ስትራቴጅታትን ብምቕራፅ ብድኽነትን ድሕረትን ኣብ መዝገበ ቃላት ዓለም ሰፊራ ዝነበረት ሃገር ተኣምራውን ተኸታታልን ዕብየት የመዝግባ ካብ ዝነበራ ሃገራት ዓለም ንምስራዕ በቒዓ። ብፍላይ ኣብ ሕርሻ፣ ስራሕቲ መሰረተ ልምዓት፣ ዓበይቲ (ሜጋ) ፕሮጀክትታት ልምዓት፣ ትምህርቲ፣ ጥዕና ወዘተ ዓበይቲ ለውጥታት ተመዝጊቦም። ብተመሳሳሊ ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ንምርግጋፅ፣ ሰላምን ዴሞክራሰን ንምስፋን ምልኣተ ህዝቢ እናለዓዓልካ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ከምዝነበሩን ዓበይቲ ለውጥታት ከምዝተመዝገቡን ንድሕሪት ምልስ ኢልካ ምዝካር ይከኣል እዩ። እዚ ብዋናነት ብመስዋእቲ ህዝቢ ትግራይ ዝመፀ ምዃኑ ክስመረሉ ይግባእ።

ይኹን እምበር ክቡር መስዋእቲ ኸፊሉ ኩሎም ህዝብታትን ብሄር ብሄረ ሰባትን ብማዕረ ዝዳነይሉ ሕገ መንግስትን ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ዝተኸለ፣ ሃገር ካብ ዓዘቕቲ ድኽነት ኣናጊፉ፣ ኣብ ጎደና ልምዓት ክትሕምበብ መሪሕ እጃሙ ዝተዋፅአ ህዝቢ ትግራይ ናይ ኢዱ ኣይረኸበን። ሕልፊ ከይተጠቕመ ተጠቂሙ፣ ሕልፊ ከይለምዐ ሕልፊ ለሚዑ፣ ብፍሉይ ልዕልነት ዘይነበሮ ልዕልነት ከምዝነበሮ ተገይሩ ክርኣ ተሰሪሕሉ። መኣዝ እዚ ጥራሕ ኾይኑ፤ ኣብ መላእ እዛ ሃገር ብሰላም ሰሪሑ ዝነብረሉ ኩነታት ተኣጊዱ። ቀትርን ለይትን ፀዓርዓር ኢሉ ዘጥረዮ ሃፍቱን ንብረቱን ዓንዩን ተዘሪፉን። ብፍላይ እቲ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ኮረቻ ስልጣን ዝተቖፃፀረ ስርዓት ብልፅግና ናብ ስልጣን ምስደየበ፤ ህዝቢ ትግራይ ብመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንክፅላእን ንክጭፍጨፍን መርዚታት ፅልኢትን ፀለመን ተነዚሑ። ንኣብነት፣ "የቀን ጅብ፣ ዘራፊዎች፣ ካንሰር፣ ትግርኛ ተናጋሪዎች …" ዝብሉ ፀርፍታትን ፀለመታትን ብሚድያታት ኢትዮጵያ ብተደጋጋሚ ክቃልሑ ብምግባር ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ፅልኢት ንክሓድሮ ብዝተዋደደ መንገዲ ተሰሪሕሉ።

ከምዚኦም ዝበሉ "ሰይጣናዊ" ተግባራት ድሕሪ ምውጋን "ነዚ ህዝቢ እዚ ንምጥፋእ ዝኣኽለና ስራሕ ሰሪሕና ኣለና፤ ኩሉ ዓይነት ምድላው ተወጊኑ ኣሎ፤ ነዚ ህዝቢ እንጥፍኣሉ ግዘ ሕዚ እዩ" ኢሎም ኣብ ዝኣመንሉ ወቕቲ ዕላዊ ወተሃደራዊ ኲናት ብምኽፋት ኲናት ፅንተት ፈፂሞም። "ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ምጥፋእ ክሕግዙና ይኽእሉ እዮም" ኢሎም ዝኣመኑሎም ሓይልታት ጥፍኣት ካብ ርሑቕን ቐረባን ብምትእኽኻብ፣ ኣብዚ መበል 21 ክፍለ ዘመን ዓለም ዘፍረየቶም ኣፅዋራት ውግእ ብምጥቃም ህዝቢ

> ኣብቲ ውዕሊ ብግልፂ ሰፊሩ ስለዘሎ ኣብዚ መዳይ ሓዱሽ ውሳነ ከምዘየለ ምርዳእ የድሊ። ብስሩ ምስምዕራብ ትግራይ ተኣሳሲሩ ካብቲ ውዕል ወፃእ ዝተወሰነ ሓዱሽ ውሳነ የለን። ክህሉ እውን ኣይክእልን እቲ ውዕሊ፤ ኩነታት ናብቲ ቅድሚ 2013 ዓ/ም ዝነበሮ ይመለስ እዩ ዝብል። "ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝቢ ቅድሚ ምምላሱ ሰፈርቲ ክወፁ ኣለዎም" እዩ ዝብል። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፤ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ናብ 100 ሽሕ ዝፅግዑ ሰፈርቲ ኣለዉ። እዚኦም መሬትን ገዛውትን እንዳማቶም ዝወሰዱ፣ ዘይናቶም ንብረትን ሃፍትን ዝጥቀሙ ዘለዉ ወረርቲ እዮም። ሕዚ እውን ኣብቲ መሬት ዘለዉ ንሳቶም እዮም። እዚኦም እናሃለዉ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝቢ ናብ መረበትኻ ተመለስ ምባል እናፈለጥኻ ናብ ሓደጋ ፅንተት ክጥሕል ምግባር እዩ ክኸውን።

ትግራይ "ነበረ" ንምግባር ብዝተዋደደን ዝተተለመን መንገዲ ተሰሪሕሉ። "ትግራዋይ ዝበሃል ፍጡር ረሽን፣ ኣጥፍእ፣ ኣቃፅሎ፣ ሕረዶ ጉመዶ …" ዝብል መምርሒ ብምውራድ ኩሉ ዓይነት ግፍዒ ተፈፂሙ። "ትግራይ ን100 ዓመት ከምዘይትልዓል ክንገብራ ኢና" ብዝብል ትካላቱ፣ ሃፍቱን ንብረቱን ክዝረፉን ክዓንዉን ተገይሮም።

እቲ ብተደጋጋሚ ፃውዒት ሰላም ዘስምዕ ዝነበረ ህዝቢ ትግራይ፤ ንፃውዒቱ ብምንፉግ ኲናት ስለዝተኣወጀሉ ህልውንኡን ድሕንነቱን ንምርግጋፅ ካብ ምምካት ወፃእ ካልእ ኣማራፂ ኣይነበሮን። ኩሎም ኣማራፅታት ሰላም ስለዝተዓፀዉዎ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝነብር ኩሉ ትግራዋይ ኣብ ሓደ ረቢቡ ክምክት ተገዲዱ። ኣብ ሓፂር ግዘ ዋሕስ ህዝቡ ዝኾነ ጅግና ሰራዊት ሃኒፁ። ብደጀንን ግምባርን ተኣሳሲሩ ንኩሎም ወረርቲ ከከምኣመፃእኦም ብዝለዓለ ፅንዓትን ጅግንነትን መኪትዎም። ዓለም ዘስደመመ ተኣምራዊ ጅግንነት እውን ሰሪሑ። ሳላ ብፅንዓት ዝመከተ ድማ ሕልሚ ጥፍኣት ፀላእቲ ፈሺሉ። ነዚ ስዒቡ ድማ ጥቅምቲ 2015 ዓ/ም ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ክፍረም ግድን ኾይኑ። ይኹን እምበር ካብ ዝፍረም ናብ ሰለስተ ዓመቱ ዝፅጋዕ ዘሎ ዓለምለኸ ውዕሊ ክሳብ ሕዚ እንትርፊ ኲናት ደው ምባሉ ናብ ባይታ ወሪዱ እንትሸረፍን እንትትግበርን ኣይተርአየን። የግዳስ ብመንግስቲ ፌደራል ካልኦት ሽርሒታት ብምፍሓስ እቲ ውዕሊ ንከይትግበር እዩ ዝስራሕ ዘሎ።

ንኣብነት፤ "ሉኣላውነት ትግራይ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ክኽበርን ናብቲ ንቡር ክምለስን ኣለዎ" ዝብል ኣብቲ ውዕሊ ብግልፂ ተቐሚጡ እዩ። ኮይኑ ግና እዚ ጉዳይ ክሳብ ሕዚ ኣይተተግበረን። እዚ ተግባራዊ ንክኸውን ድማ ከምውድብ ቀንዲ ኣጀንዳ ተገይሩ ምንቅስቓስ ክግበረሉ ፀኒሑ እዩ። እዚ ኣጀንዳ ናይ ውድብ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ግዝያዊ ምምሕዳርን መላእ ህዝቢ ትግራይን ኣጀንዳ እዩ። ጉዳይ ሉኣላውነት ብመሰረት ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ምስመንግስቲ ፌደራል ኾይንኻ ዝስራሕ እዩ። እዚ ኣብቲ ውዕሊ ብግልፂ ሰፊሩ ስለዘሎ ኣብዚ መዳይ ሓዱሽ ውሳነ ከምዘየለ ምርዳእ የድሊ። ብስሩ ምስምዕራብ ትግራይ ተኣሳሲሩ ካብቲ ውዕል ወፃእ ዝተወሰነ ሓዱሽ ውሳነ የለን። ክህሉ እውን ኣይክእልን እቲ ውዕሊ፤ ኩነታት ናብቲ ቅድሚ 2013 ዓ/ም ዝነበሮ ይመለስ እዩ ዝብል። "ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝቢ ቅድሚ ምምላሱ ሰፈርቲ ክወፁ ኣለዎም" እዩ ዝብል። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፤ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ናብ 100 ሽሕ ዝፅግዑ ሰፈርቲ ኣለዉ። እዚኦም መሬትን ገዛውትን እንዳማቶም ዝወሰዱ፣ ዘይናቶም ንብረትን ሃፍትን ዝጥቀሙ ዘለዉ ወረርቲ እዮም። ሕዚ እውን ኣብቲ መሬት ዘለዉ ንሳቶም እዮም። እዚኦም እናሃለዉ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝቢ ናብ መረበትኻ ተመለስ ምባል እናፈለጥኻ ናብ ሓደጋ ፅንተት ክጥሕል ምግባር እዩ ክኸውን። እቲ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝቢ ክምለስ እንተኾይኑ እዞም ወረርትን ሰፈርትን ብቕልጡፍ ክወፁ ኣለዎም። ነዚኦም ከየልዓልካ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝቢ ክምለስ ምግባር ዘይሕሰብ እዩ። ከምውድብ ድማ ኣብዚ መዳይ ፅኑዕ መርገፂ ብምሓዝ ይስርሐሉ ከምዘሎ ምርዳእ የድሊ። እዚ ኢልካ ምሕታት እውን ኲናት ምድላይን ንኲናት ምድላውን ዘብል የብሉን። ሰላማውን ፍትሓውን ሕቶ ስለዝኾነ።

እቲ ካልእ ኣብቲ ውዕሊ ዝተቐመጠ ነጥቢ፤ ዕጡቓትን ወረርትን ካብቲ ብሓይሊ ዝሓዝዎ መሬት ትግራይ ክወፁ ምግባር ዝብል እዩ። ንኣብነት፣ ካብ ኣምሓራ ዝመፁ ምልሻታትን ዕጡቓትን ኣለዉ። እዚኦም ኣብ ልዕሊ ህዝብና መስካሕክሒ ግፍዒ ዝፈፀሙ እዮም። ሕዚ እውን ኣይወፁን፤ ኣብኡ እዮም ዘለዉ። እዚኦም ጥራሕ ኣይኮኑን። እቲ ሕጋዊ ብዘይኮነ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ዝተጣየሸ ምምሕዳር ክልል ኣምሓራ ክፈርስ ከምዘለዎ እውን ኣብቲ ውዕሊ ተቐሚጡ እዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ፌደራል ኾይኑ ናይ ኣምሓራ ምምሕዳር እዩ ዘሎ። እዚ እውን ብቕልጡፍ ክፈርስ እዩ ዘለዎ። ካልእ ኣብቲ ውዕሊ ዝሰፈረ፤ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝቢ ክምለስ እንተኾይኑ ደገፍ ከምዘድሊ እዩ። ምኽንያቱ ጥራሕ ኢዱ እንተተመሊሱ ዝኸፍአ ፀገም ከምዘጋጥሞ ርዱእ እዩ። ዋላ ናብ ቦትኡ እንተዝምለስ እውን ዝሓርስ ክሓርስ፣ ዝነግድ ክነግድ ኣይኽእልን። ስለዚ ናይ ገንዘብ፣ ማተርያልን ካልኦት ደገፋትን የድልዮ እዩ። እዚኣን ኩለን ብመንግስቲ ፌደራል ዝስርሓ እየን። ይኹን እምበር ክሳብ ሕዚ ኣይተፈፀማን። እዚ ምኳኑ ድማ ነቲ ውዕሊ ኣብ ሓደጋ ዘእትውን ብወገን ፈራሚ ህወሓትን ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይን ቁርፀኛ ውሳነ ክናድይሉ ዘገድድን እዩ።

ውድብና ህወሓት፤ "እዚኣን ብመሰረት እቲ ውዕሊ ክትግበራ ብምግባር ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ናብ መረበቱ ይመለስ" ዝብል ሰላማዊ መርገፂ ሒዙ እዩ ዝቃለስ ዘሎ። እዚ ክሳብ ዝትግበር እውን ክቕፅለሉ እዩ። ከምዚ ዝበለ ቃልሲ ምግባር ነጋሪት ኲናት ምስማዕ ክኸውን

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

ኣብዚኣማ

እዚ ዓምዲ እዚ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ተመስሪቱ ካብ ተሳተፍቲ ዝመፁ ፅሑፋት የተኣናግድ

የሐጉስ ዶ የናድድ?!

ብመንክር ካብ መቐለ

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ መንጎ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ዶባት ንዝረኣዩ ዘለዉ ሰላማዊ ርክባት ህዝቢ ንህዝቢ ኣድሂቦም ዝተፈላለዩ ሓሳባት ይንፀባረቑ ኣለዉ። ህዝቢ ትግራይ በቲ ዝተጀመረ ርክብ ሕጉስ እኳ እንተኾነ፤ እቶም ሓደ ጫፍ ዝረገፁን ምስቲ ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀመ ጉጅለ ዝለገቡን ኣካላት እቲ ርክብ እንትኹንንዎ ይረኣዩ። ብመሰረቱ እዚ ህዝቢ ይትረፍ ሰነያ ረኺቡ ኢልካ ክኹነን ቀዲሙ እውን ንሽርሕን ፕሮጀክትን ፀላእቲ ብኣግኡ ተረዲኡ ኣፈሺሉ ሓድነቱ ከጠናኽር ዝነበሮ እዩ። እቲ ኣብ ክልተ ሃገር ዝነብር ሓደ ህዝቢ ኣብ ክልተ ምኽፋሉ ከይኣክል ኣብ ክንዲ ዝተሓባበር ክዳመ ፀኒሑ። ሕዚ ግን እቲ ክሳራ ዝተረድኦ ይመስል። ይትረፍ ክፉል መሰንገልካ ዝኾነ ሓደ ህዝቢ፤ ብታሪኽ ዘራኽብ ዘይብልካ እውን ሰነያን ሰላማዊ ጉርብትናን ዝመስልዎ የለን። እዚ ኣብ ክልተ ሃገር ዝነብር ሓደ ህዝቢ ከመይ ከምዝተመቓቐለን ሰላማዊ ጉርብትና እንትፍጠር ዝምዝገብ ረብሓ እንታይ ከምዝመስልን ንታሪኽ ተወኪሰ ውልቀ ርኢቶይ ክህብ ደልየ ኣለኹ።

ኣብ መዋእል ሃፀይ ዮሃንስ፤ ንሰራዊት ግብፂ መሪሑ ብዓፋር ናብ ንጉስ ሚኒሊክ ሓሊፉ ብድሕሪት ንሃፀይ ዮሃንስ ክወግእ ዝተንቀሳቐሰ “ሙዚንገር” ዝበሃል ዴንማርካዊ መኮንን ሰራዊት ነይሩ። እዚ ውልቀ ሰብ በቲ እዋን መራሒ ግብፂ ንዝነበረ ከዲቭ እስማዒል ከምዚ ክብል መኺርዎ። “‘ግብፂ ውህብቶ ኣባይ እያ’ ዝብል ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ተደጋጊሙ ዝተገለፀ ጉዳይ እዩ። ግብፂ ኩሎም መገብቲ ሩባታት ኣባይ ዝምጭዉዎ ማይ መዋእላ ፀንቂቓ እናተጠቐመት ክትነብር እንተኾይና፤ ክልተ ነገር ክትፍፅም ኣለዋ። እቲ ሓደ ከምቲ ኣብ መበል 13 ክፍለ ዘመን ንኲናት መስቀል ስዒቡ ግብፂ ልዕሊ 80 ሚኢታዊ ህዝቢ ሱዳን ጨፍጪፋ መንነቱ ዘጥፍኣቶ፤ ንኢትዮጵያ ብፍላይ ትግራይ ወሪራ ዝጭፍጨፍ ጨፍጪፋ ዝተረፈ ሰዓቢ እምነት እስልምና ክትገብሮ ኣለዋ። እዚ ምትግባር ዘይከኣል እንተኾይኑ ድማ መዋእላ ሓሸው እናበለት እትነብር ኢትዮጵያ ክትፈጥር ኣለዋ” ዝብል እዩ።

ኣብዚ ምኽሪ ሙዚንገር ዘለዉ ሓደገኛ ዘረባታት፤ ቅድሚ ሙዚንገር ይኹን ድሕሪኡ ጳጳሳትን መነኮሳትን ከምኡ እውን ፖለቲከኛታት ግብፂ ምስሸዋውያን ተሻሪኾም እናሰርሕዎም ዝመፁ እከይ ተግባራት እዩ። እዞም ካብ ውሽጢ ዓዲ ክሳብ ደገ ዝተዋደዱ ሓይልታት ጥፍኣት፤ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፈፀምዎ በደል እንተዝዝርዘሩ ብሓደ መፅሓፍ እውን ዝኽምበቱ ኣይኮኑን። እንተኾነ ግን እቲ ኣብ መንጎ ተጋሩን ኤርትራውያንን ተፈጢሩ ዘሎ ኣፈላላይ ምእንታ ክበርህልና ኣብ ልዕለና እናተፍሓሱ ዝፀንሑ ናይ ምድንዛዝ ስራሕትን ንሶም ዝፈጠርዎም ሓደጋታትን ምርኣይ ኣድላዪ እዩ። እምብኣር ተጋሩ ሓድነትና ክልሕልሕ ሕልምታትና ክኹለፍ ዝተሰርሑ ውሱናት ነጥብታት ኣልዒለ ክገልፅ። ፈለማ “ግብፂ ውህብቶ ኣባይ እያ” ዝብል ሓረግ ንምኽሪ ሙዚንገር ስዒቡ ዝተኻየደ ወራርን ውድቀት ተጋሩን ከቕድም።

ግብፂ ምድረበዳ ስለዝኾነት 90 ምኢታዊ ህዝቢ ግብፂ ሩባ ኣባይ ኣብ ዝፈሰሉ ሰለስተ ሚኢታዊ መሬት ግብፂ ዝነብር እዩ። ስለዝኾነ ሩባ ኣባይ ንግብፃውያን ምሽጥር ህልውናኦም ስለዝኾነ ኣብ ሕገ መንግስቶም ዓንቀፅ 40 ብግልፂ ኣቐሚጦም ረብሓኦም ንምርግጋፅ ዓይኖም ሰለም እንተየበሉ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ክሰርሑ ፀኒሖምን ኣለዉን። ስለዝኾነ 10 ምኢታዊ ንሩባ ኣባይ ዝምግብ

“ሙዚንገር” ዝበሃል ዴንማርካዊ መኮንን ሰራዊት ንከዲቭ እስማዒል ከምዚ ክብል መኺርዎ። “‘ግብፂ ውህብቶ ኣባይ እያ’ ዝብል ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ተደጋጊሙ ዝተገለፀ ጉዳይ እዩ። ግብፂ ኩሎም መገብቲ ሩባታት ኣባይ ዝምጭዉዎ ማይ መዋእላ ፀንቂቓ እናተጠቐመት ክትነብር እንተኾይና፤ ክልተ ነገር ክትፍፅም ኣለዋ። እቲ ሓደ ከምቲ ኣብ መበል 13 ክፍለ ዘመን ንኲናት መስቀል ስዒቡ ግብፂ ልዕሊ 80 ሚኢታዊ ህዝቢ ሱዳን ጨፍጪፋ መንነቱ ዘጥፍኣቶ፤ ንኢትዮጵያ ብፍላይ ትግራይ ወሪራ ዝጭፍጨፍ ጨፍጪፋ ዝተረፈ ሰዓቢ እምነት እስልምና ክትገብሮ ኣለዋ።

ሩባ ተከዘን መረብን ሓዊሱ ማይ ኣባይ ዘይንካእ ሃፍቲ ግብፂ ከምዝኾነ ኣቐሚጦም ኩሉ ዝከኣሎም ክሰርሑ ፀኒሖም እዮም። ህዝቢ ደንቀሩ ንክነብር ምእንታ መራሕቲ ሃይማኖት ግብፂ ብዘተኣታተውዎ ተንኮል ኣብቲ ሽዑ ንዝነበሩ ምሁራት፤ ፈሓቕቲ ቈርበትን ደፋትርን እናበሉ ኣቆናፀብዎም። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ኢደ ጥበበኛታት (ሰብ ሞያ ጥበብ) “ጠበብቲ” እናተብሃሉ ብምንሻው ካብ መውስቦ ተኸልኪሎም ኣሰሮም ንክበርስ ዘይተፈንቀለ እምኒ ኣይነበረን። እቲ ስራሕቲ ምድንዛዝ በዚ ኣየብቀዐን። ቁፅሪ ዘይብሎም በዓላት ብምፍጣር ህዝብና ኣብ ድኽነትን ድሕረትን ክነብር ገይሮም እዮም።

ካብዚ ሓሊፉ ሃይማኖት ክመርሑ ዝመፁ ግብፃውያን ኣብ ፖለቲካ ኢዶም እናእተዉ ኣብ ወረስቲ ስልጣን ዝበሃሉ ኣካላት ደጋፊ እቲ ሓደ ተቓዋሚ እቲ ካሊእ እናኾኑ መኳንንቲ “ኣነ ክወርስ ኣነ እባ” ተባሂሎም ነኒባዕሎም ክተናኾሉ ብምግባር ዘመነ መሳፍንቲ ንክውለድ ዝለዓለ ግደ ተዋፂኦም እዮም። ብመሳፍንቲ ተኸፋፊሉ ዝናቖት ዝነበረ ህዝቢ ናብ ሓደ ምሕደራ ምስመፅ ግን ንምዕራባውያን ይኹን ግብፃውያን ስግኣት ፈጢሩ። ኣፍሪካ ናብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ከእትው ዝሓለሙ ምዕራባውያን ብክትትል ዝኣከብዎ መረዳእታ ተጋሩ ኣስጊእዎም። ብምኽንያቱ ምስ ግብፃውያን ኣዋጊኦም ብምድኻም ሰተት ኢሎም ንክኣትዉ ብምዕላም ጥሮታ ዝወፁ ጀነራላት ኣመሪካን ኣውሮፓን ንግብፂ ምውፋይ ቀፂሎም። ነቶም ዝተወፈዩ መኮንናት ሰራዊት ከዲቭ እስማዒል ኩንትራት እናኸፀሩ ንሃፀይ ዮሃንስ ክወግእ ጎስጓስ ገይሮም። ሰራዊት ግብፂ ንሰራዊት ሃፀይ ዮሃንስ ንክወግእ ብሓሳብን መሪሕነትን ንምድጋፍ ጥራሕ ዘይኮነስ ሚኒሊክ ብድሕሪት ንሃፀይ ዮሃንስ ክወግእ ብስልጣን ሓቢሎምዎ እዮም።
እዚ ኩሉ ምኽሪ ምስተወደአ ሙዚንገር ዝሓዞ ሰራዊት ግብፂ ብኒ ኣለቃ ብሩ ዝብሃሉ ተወላዲ ጎጃም እናተመርሐ ብዓፋር ገይሩ ናብ ሚኒሊክ ክሓልፍ ብዝተወሰነ ምንቅስቓስ ተጀሚሩ። እንተኾነ ግን እቲ ሰራዊት ብዓርኪ ሃፀይ ዮሃንስ ዝኾነ መሓመድ ሓንፋሬዝ ኣብ ዓፋር ተኾስቲሩ። ብጀነራላት ኣውሮፓን ኣመሪካን እናተሓገዘ ዝመፀ ሰራዊት ግብፂ ድማ ኣብ ጉራዕን ጉንደትን ተሃንኲቱ። ኢትዮጵያ ናብ እስላማዊትን ዓረብኛ እትዛረብ ሃገርን ንምልዋጥ ዝተሓሰበ ፕሮጀክት ግብፂ ተኾሊፉ። የግዳስ ክወርር ዝመፀ ሰራዊታ ከምቀፅሊ ረጊፉ ግብፂ ብቐሊሉ ኣብ መግዛእቲ እንግሊዝ ክትወድቕ ምኽንያት ኮይኑ።

ቅልፅም ሃፀይ ዮሃንስን ጀነራል ኣፍሪካ ዝኾነ ራእሲ ኣሉላን ዘፍረሖም እንግሊዛውያን ብሰበብ ውዕሊ ህይወት ምስማህዲስት ክንጓነፅ ብምግባር ኣብ መወዳእታ ብፈረንሳይን ጣልያንን ዝሰልጠኑ ቀንፀልቲ ጉጅለ ሚኒሊክ ኣብ መተማ ንሃፀይ ዮሃንስ ክቕንፀሉ ብምግባር ልዕልና መሪሕነት ተጋሩ ከብቅዕ ተገይሩ።
ኣብዚ ከይዲ ኢትዮጵያ ብፍላይ ተጋሩ ናብ ዓረባዊ ማሕበረሰብ ንምቕያር ዝተሓሰበ ፕሮጀክት እንተዘይተዓወተ እኳ መዋእልና ሓሸው እናበልና ኣብ ድሕረትን ድኽነትን ንክንነብር ዝተትሓዘ ትልሚ ግን እናጠጠዐ መፂኡ እዩ። እዚ እውን ሓድነትና ወዲብና ዳግም ከይንትስእ ተጋሩ ኣብ ክልተ ብምኽፋል ክንዳኸመን ሕድሕድና እናተጓነፅና ክንነብርን ብውሽጥን ብደገን ክስራሕ ፀኒሑ፤ ሕዚ እውን ብተግባር ይስረሓሉ ኣሎ። ንኣብነት፤ መጋቤ ሓዲስ እሸቱ ዝበሃል ትምክሕተኛ “ኣምላክ ደሓኑ ክብለና ክልቲኦም ተጋሩ ሓውን ሓሰርን ክኾኑ ምግባሩ እዩ” ብምባል ተጋሩ ንምፅናት ኣብ ዘዳለውዎ መድረኽ ዘተ ዝተዛረቦ ተጠቃሲ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ክልተ ዝተኸፈልና ተጋሩ ንክንዳመ ክሰርሕዎ ዝፀንሑ መቐፀልታ ክፉእ ፕሮጀክት መቐፀልታ እዩ። ሕዚ ግን እዚ ናይ ምፍልላይ ፋይል ክዕፆ ዘኽእል ምልክት ይረአ ኣሎ። እቲ ምልክት ብዝግባእ እንተተጠቒምናሉ ዓብዪ ዓወት ከመዝግብ ይኽእል እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።
ነዚ ብዝግባእ ዝፈልጥ ውድብናን መንግስትናን ካብ መፈለምትኡ ኣትሒዞ ሕርያኡ ሰላም ገይሩ ክሰርሕ ፀኒሑ እዩ። እዚ ሕርያ ሰላም ደሓር ዝመፀ ዘይኮነስ ካብ መፈለምታ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህወሓት እዩ። ንኣብነት ኣብቲ ሕሉፍ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ትግራይ ተፈጢረን ምስዝነበራ ውድባት “ጉዳይና ብሰላምን ዘተን ንፍተሓዮ” ዝብል ዝነበረ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተፃወዱ ደመናታት ጥፍኣት ስለዝርዳእ ዝነበረ እዩ። ኣብ ማእኸል ሃገር ምስኣተወ እውን ክሳብ “እንተይተኮሱልኩም ተቓዳዲምኩም ኣይትተኩሱ” ዝብል መትከል ብምሓዝ ዕጡቓት ካብ ህዝቢ ክንፀሉ ብምግባር ብሓገዝ ህዝቢ ካብዛ ሃገር ክፅረጉ ተገይሩ እዩ።

ኣብዚ መትከል ህወሓትን መንግስትናን ወትሩ ሕርያኡ ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን እዩ። ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ትግራይን ኤርትራን ምስዝነበራ ውድባት ጥራሕ ዘይኮነስ ምስደርግ እውን እቲ ቃልሲ ብሰላማዊ መንገዲ ንምኽንባት ተደጋጋሚ ፃውዒት ተገይሩ እዩ። ካሊእ ይትረፍ ንሰራዊት ደርግ ካብ ትግራይ ሓሊፉ ካብ መላእ ኣምሓራን ክፉል ኦሮምያን ተፀራሪጉ እናሃለወ፤ ብፍላይ ድማ ኣዲስ ኣበባ ንምእታው ኣብ ሰንዳፋ ምስተበፅሐ እውን ፃውዒት ሰላም ቀሪቡ ነይሩ። እቲ ንሰራዊት ትግራይ ኣናዒቑ ዝሪኦ ዝነበረ ደርግ በትሪ ወያነ ስለዝጠዓመ እንተይፈተወ ፃውዒት ሰላም ተቐቢሉ ኣብ ለንደን ተረኺቡ ዘይዕውት መድረኽ ሰላም ተሳሊጡ እዩ። እዚ ዘርእየና ብሰላም ጉዳይካ ብምፍታሕ ማለት እትነጥብ ጥብታ ደም ከይህሉ ዝገብር ምኳኑ እዩ።

ሕርያ ሰላም ውድብናን ህዝብናን ብጊዜ ገደብ ዝዕገት ኣይኮነን። ኣብ ድሮ ፅንተታዊ ኲናት ህዝብና፣ ህወሓት ይኹን መንግስቲ ትግራይ “ሕገ መንግስቲ ይከበር” እናበሉ ሰላማዊ ሰልፊ ካብ ምውፃእ ብተወሳኺ ናብ ልዕሊ 70 ዝኾና ትካላትን መንግስታትን ዓለም ደብዳበ ተፃሒፉ እዩ። እቲ ደብዳበ ዝተፅሓፈ እውን ወዮ ዓለም ንፃሕላ ኮይና እዝኒ ኣይሃበትሉን እምበር እቲ ዘንፀላለወ ደመና ጥፍኣት ደው ንክብልዎ እዩ። እዚ ድማ ንሰላም ሕርያ ዝገብር ውድብን መንግስትን ከምዘለና ዘርኢ እዩ።

እቲ ኣብዚ ሕዚ እዋን፤ ብመራሕቲ ህወሓት “ሕርያና ሰላምን ሰነያ ዘለዎ ጉርብትናን እዩ” ዝበሃል ዘሎ ካብቲ ነባሪ መትከል ህዝብን ውድብን ዝብገስ እዩ። ይትረፍ ምስክፉል መሰንገልና ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ምስካሊእ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ህዝቢ እውን ሰላማዊ ርክብን ጉርብትናን ምፍጣር መኽሰብ እምበር ክሳራ የብሉን። ብምኽንያቱ ቅድሚ ኲናት ንኤርትራውያን “ትግራይ ከም ካልኣይቲ ገዛኹም ርኣይዋ” ዝተበሃለን ሕዚ እውን ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ክጠናኸር ዝድለ ዘሎን ካብቲ መትከል ዝብገስ እዩ። ገና እውን ምስህዝብታት ዓፋር፣ ኣገው፣ ቅማንት፣ ኣምሓራን ሱዳንን ርክብና ክነጠናኽር ኣለና ዝብል ፅኑዕ መርገፅን እምነትን ኣለኒ።

ኣብዚ ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ፤ ኣብ መንጎ ትግራይን ኤርትራን ምጅማሩ ፀላዕላዕ ዝብሎ ኣካል ቁፅሩ ቀሊል ኣይኮነን። ገሊኡ ክልቲኦም ህዝብታት ንዘንተዓለም እናተቆራሪፁን ንኲናት እናተተፋነኑን ንክነብሩ ካብ ዘለዎ ክቱር ባህጊ ዝብገስ እዩ። እዚ ድማ ፕሮጀክት ፀላእትና ብኩሉ ኣንፈት ንዕኦም መኽሰብ ስለዘለዎ እዩ። እቲ ካሊእ ድማ እቲ ኣብ ወሰናወሰን መረብን በለሳን ዘሎ ህዝቢ ዝተዋለደን ዝተዋሰበን እናሃለወ ብምኽንያት ሕመቕ ፖለቲካ ኣሕዋት ማዕዶ ንማዕዶ ክነብሩን ቁጠባዊ ዓቕሞም እናንቆልቆለ ኣብ ድኽነት ሰንሰን ክብሉን ካብ ምድላይ ዝነቐለ ምኳኑ ምግንዛብ የድሊ። እቲ ኩነታት ቁጠባዊ ዓቕሚ ጥራሕ ዘይኮነስ ማሕበራዊ ክብሮም ዝደቁስ እውን እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ንልዕሊ 20 ዓመት ሰላም ብዘይምፍጣሩ ክልቲኡ ህዝቢ ምስመዓት ፀጋኡ ልምዓት ሓሪምዎ ድኩቱ ክበልዕ ምፅንሑ ስለዘይፈልጥ እዩ። እቲ ሓቂ ግን ፀጋታት በለሳን መረብን ዝተተርአሰ ህዝቢ ብጥምየት እናተገረፈ ካብ ምርኣይ ንላዕሊ ዘሕዝን ነገር የለን።

ኣብዚ ዝቐርብ ምኽንያት ሻዕብያ ፅንተት ዝፈፀመልና እናሃለወ ተሓታትነት እንተይተረጋገፀ ንምንታይ ርክብ ይፍጠር? ዝብል እዩ። እዞም ሰባት ብወገን ሻዕቢያ ዝነበረ ሃዋህው ኲናት ብመጠኑ ምቕንጣጡ ክሳብ ክንደየናይ ኣብ ህዝቢ ሩፍታ ከምዝፈጥር ዝርድኡ ኣይኮኑን። ኣብዚ ሻዕብያ ከምቲ ኣብዪ ዝብሎ ዘሎ ሎሚ ዶ ፅባሕ ዶ ጨፍለቕኩኹም እንተዝብል እንታይ እዩ ክግበር ነይሩ? ብስሩ ኣየናይ እዩ ዝሓይሽ? ነዚ ዝኹንን ንከብዱ ምሕዳር ገዲፉ ንህዝቢ ዝሓሊ ኣካል እንተዝኾን እዚ ጠፊእዎ ኣይኮነን። ብመሰረቱ ሻዕብያ ብብልፅግና ተዓዲሙ ብምእታው ፅንተት ዝፈፀመልናን ንሕድሕድ ፍፃመኡ “ፅቡቕ ገይርካ” ተባሂሉ ኣብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ዝተመስገነን እዩ። ስለዝኾነ ንዝተፈፀመልና ፅንተት ቅድሚ ሻዕብያ ቀንዲ ተሓታቲ ብልፅግና እዩ። ብመሰረቱ ግን ኩሉ ክርደኦ ዘለዎ ንሕና ብውዕሊ ፕሪቶርያ ምስኢትዮጵያ ርክብ ጀሚርና ዘለና ተሓታትነት ምፅናት ዘርኢ ስለዝተረጋገፀ ኣይኮነን። እቲ ጉዳይ ተሓታትነት ብስርዓቱ ክሕተት እቲ ዝተጀመረ ፅንተት ደው ንክብል ኢና ጀሚርናዮ ዘለና።

ብመንፅር እዚ ኣብ ጉዳይ ሻዕብያ እውን እቲ ተሓታትነትን ካሕሳን ብስርዓቱ ክሕተት እዩ። ሕዚ ርክብና ድማ ምስሻዕብያ ኣይኮነን። ህዝቢ ንህዝቢ እዩ። ምስህዝቢ ምርኻብ ሓይሊ ሰላም ምጉልባት እዩ። ስለዚ እዚ ክጠናኸር ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለኒ። እዚ ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ መንግስቲ ፌደራል እዩ ደው ኢሉ ክመርሖ ነይሩዎ። እንተኾነ ግን ይትረፍ ከምዚ ዝበለ ሰናይ ነገር ክሰርሕ ተመዛበልቲ ከይምለሱ ሓኒቑ ብምሓዝ ብሰራዊት ሻዕብያ ዝተወረረ መሬት ከየልቀቐ “ብውሳነ ኣልጀርስ ዝሓዝዎ እዩ” ኢሉ ዘባጬ ዝነበረ እዩ። እዚ ድማ መሬትና ክነምልስ ኢልና ምስሻዕብያ ክንዋጋእ እሞ ክልተና ክንዳመ ዝተኣልመ ውዲት እዩ። እቲ ዝፍጠር ዘሎ ሰላማዊ ርክብ ናብ ዝለዓለ ብርኪ እንትበፅሕ፤ ኣብ ስቓይ ዘሎ ክልቲኡ ህዝቢ ምግልጋል እዩ ዝኾን። ስለዝኾነ ንሓድነትን ሰነያን ኩሉ ክረበሉ ይግባእ እብል።

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

መርኣያ ዕማማት ኣብምድጋፍ መፍረይነት

ሕርሻ ዝመርሖ ቁጠባዊ ምንቅስቓስን ምስሳን ማእቶትን ዘላቂ ውሑስና ዝረጋገፀሉን መሰረት ካልኦት ቁጠባዊ ዓቕምታትን ካብ ዝኸውን ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ዘበናት ኣቑፂሩ ኣሎ። በዚ መንገዲ እዚ መነባብሮ ሓረስታይ ትግራይ ብፍላይ ድማ መነባብሮ ሓረስቶት ደቂ ኣንስትዮ ብቀሊሉ ዓርሰን ዘመሓድራሉን ዝተለወጣሉን ኩነታት ተፈጢሩ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ግን ብሰንኪ እቲ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናት ኣዝዩም ካብ ዝዓነዉ ግምባራት ዘፈር ኢኮኖሚ ሕርሻ ሓደ እዩ። ፀላእቲ ብሓይሊ ተደቒሶም ካብ መሬት ትግራይ ምስ ወፁ ግን ካብቲ ዕንወት ብዝተረፉ ናውቲ ሕርሻ ኣብ ሕድሕድ ዞባታት ትግራይ ኣብ መፍረያይነት ተሳትፎን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ማእኸል ዝገበሩ ንጥፈታት እናተወገኑ መፂኦም እዮም። ካብኣተን ኣብ ተሓራሲ መሬት ማእኸል ገይረን ቁጠባዊ ተሳትፎን ተጠቓምነትን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምርግጋፅ ይነጥፋ ካብ ዘለዋ ዞባታት ትግራይ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ትግራይ ሓንቲ እያ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ትግራይ 131 ሽሕ ሄክታር ተሓራሲ መሬት እንትህሉ እዚ 30 ሽሕ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 172 ሽሕ ሓረስቶት ብመፍረያይነትን ካልኦት ስራሕቲ ሕርሻን በቢ ዓመቱ ተጠቕምቲ ይገብር። በዚ እውን ኣብቲ ዞባ ኣብ ዘበነ ምህርቲ 2017/2018 ዓ.ም 15 ሽሕን 135 መራሕቲ ስድራን 23 ሽሕን 327 ሰብ ሓዳር ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ስራሕቲ ሕርሻ ተዋፊረን ይርከባ። እዚኣተን መፍረያይነት ምህርተን ብዘደንፉዓሉን መነባብሮአን ብዘመሓይሽሉን መንገዲ ማእኸል ዝገበረ ስራሕቲ ሕርሻ ትኹረት ሂቡ ንምስራሕ እቲ ዞባ ትልሚ ሒዙ እናሰርሐ ከም ዝፀንሐ ኣብ ዞባ ደቡበ ምብራቕ ትግራይ መተሓባበሪ ሕርሻን ኣማኻሪ ጉዳያት ቁጠባን ኣይተ መብራህቱ ኣበበ የረድኡ። ከም ዞባ ኣብ ሕድሕድ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ መሰረት ገይሮም ኣብ ዝቐርቡ እታዎታትን ጠለባትን ብውሑዱ 30 ምኢታዊ እንተበዚሑ ድማ 50 ምኢታዊ ተሳትፎን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ዘካተተ ስራሕቲ ሕርሻ እናተሳለጠ መፂኡ እዩ።

ብመሰረት እዚ ንመፍረያነት ወሰንቲ ኣብ ዝኾኑ ቅድመ ምድላዋት ምድላው ባህላዊ ድኹዒን ኮምፖስትን፣ ምስራሕ ጠሊ ዓቀብቲ ዛላታት፣ ምድላው ዘርኢ፣ መሬት ኣለሳሊካ ምሕራስን ካልኦት እታዎት ኣብ ምጥላብን ፅቡቕ ዝበሃሉ ስራሕቲ ተወጊኖም እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ናይ ፅድያን ኣዝመራን ስራሕቲ ንክውግና ዓርሰ ምትሕግጋዝ ከም ዝተገበረለን እውን እዮም ኣይተ መብራህቱ ዘረድኡ።

ኣብ ሕድሕድ ምድላዋት እተን ደቂ ኣንስትዮ ኣቀዲመን ካብ ዝወገነኦም ጭቡጣት ተግባር ብኣሃዝ እንትርአ ልዕሊ 14 ሽሕ ደቂ ኣንስትዮ ባህላዊ ድኹዒ ኣብ ግራተን ነስኒሰን እየን።ካብዚ ብተወሳኺ ከባቢ ኣርባዕተ ሽሕ ጉድጓድ ኮምፖስት ኣዳልየን፣ ልዕሊ ትሽዓተ ሽሕ ነባራት ዛላታት ፀጊነን፣ ልዕሊ ኣርባዕተ ምኢቲ ድማ ሓደሽቲ ዛላታት ሰሪሐን እየን። ብተወሳኺ ኣብቲ ዞባ ንሓረስቶት ካብ ዝተዓደለ 103 ሽሕ ኲንታል መዳበርያ እቲ 30 ሽሕ ኲንታል ንደቂ ኣንስትዮ ዝተወሃበ እንትኸውን ብኡ ኣቢለን ኣብ ዝራእቲ መሽላ፣ ዒልቦ፣ ጣፍን ብክላስተር ድማ ብዝራእቲ ስርናይ ከፍርያ ልዑል ትኹረት ተዋሂቡወን ብሰብ ሞያ ሕርሻ ብኣግባቡ እናተመርሐን እናተደገፈን ኣብ ምልማዕ ይርከባ።

ካልእ ኣብቲ ዞባ ኣብዚ ዓመት ኣብ ዘፈር ሕርሻ ቁጠባዊ ተጠቃምነት ደቂ ኣንስትዮ እናረጋገፀሉ ዝመፃ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ እዩ። ካብ ወርሒ መስከረም 2017 ዓ.ም ክሳብ ወርሒ ሰነ ኣብ ዝተሰርሑ ናይ መስኖ ስራሕቲ 178 ሽሕ ሓረስቶት ብመስኖ ተጠቀምቲ ከም ዝኾኑ ካብቲ ዞባ ዝተረኸበ መረዳእታ የረድእ። ካብዚኣቶም ልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ተረባሕቲ ዝገበረ እንትኸውን ብፍሉይ ኣብ ወረዳ እንደርታ፣ ወጀራትን ደጉዓ ተምቤንን ን57 መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ማይ ሰሓብቲ ሞተራት ሓገዝ ተገይሩለን መስኖ ኣልሚዐን መነባብሮአን እናመሓየሻ ሓግየን እየን። ብተወሳኺ ኣብ ምምሕሽ መነባብሮ ደቂ ኣንስትዮ እቲ ዞባ ካብ ዝዓመሞም ኢኮኖምያዊ ምንቅስቓሳት ስራሕቲ ዘፈር ንግድን ግልጋሎትን እዩ። ኣብ ገጠር ተሓራሲ መሬት ንዘየብለንን ኣብ ከተማታት ድማ ካብ ውዳበታት ወፃእ ንዝኾናን መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ተሓሳቢ ዝገበረ እዩ። ነዚኦን ብስራሕቲ ንግድን ግልጋሎትን ንክንቀሳቐሳ ከም ዞባ ልዕሊ 14 ሚልዮን ብር ገንዘባዊ ልቓሕ ንልዕሊ 120 ደቂ ኣንስትዮ ተዋሂቡወን ኣብ ስራሕ ክዋፈራ ተገይሩ እዩ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ትግራይ መተሓባበሪ ሕርሻን ኣማኻሪ ጉዳያት ቁጠባን ኣይተ መብራህቱ ኣበበ

ብድምር ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ትግራይ በቲ ዝነበረ ፅንተታዊ ኲናትን ዘጋጥም ዝነበረ ድርቕን ምኽንያት ኣብ ስራሕቲ ሕርሻ መሰረት ዝገበረ ቁጠባዊ ተጠቓምነት ንምርግጋፅ ከቢድ ፈተና ኣስዒቡ እዩ። በዚ ድማ ኣብ ቁጠባዊ ተሳትፎን ተጠቓምነትን ጠቕላላ ደቂ ንስትዮ ብፍላይ ድማ መራሕቲ ስድራ እቲ ዞባ ብዝኸፈአ መልክዑ ተሃስዩ ፀኒሑ። ነዚ ንምንቅቓሕን ዳግመ ሕውየት ንምርግጋፅን እቲ ዞባ ኣብ ሕርሻውን ካልኦት ዘፈራትን መሰረት ዝገበረ ቁጠባዊ ኣወዳድባ ኣጠናኺሩ ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ብምኧን መነባብሮ ደቂ ኣንስትዮ ዝመሓየሽሉን ናብ ንቡር ዝምለሰሉን ኩነታት ንምፍጣር ብሰፊሑ እናሰርሐ ፀኒሑ እዩ። ናይዚ መቐፀልታ እውን ኣብ ዘበነ ምህርቲ 2017/2018 ዓ.ም መፍረያይነት ሓረስቶት ደቂ ኣንስትዮ ንምድንፋዕ ሰፋሕቲ ናይ ቅድመ ምድላው ስራሕቲ ዛዚሙ ናብ ተግባር ተሰጋጊሩ ይርከብ። እዚ ድማ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑፀራ መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ግራውተን ብኣግኡ ተሓሪሱን ተለሳሊሱን ብኣዝርእቲ ክሽፈን ኣኽኢሉወን እዩ። ስለ ዝኾነ እውን እዚ ዝተረኣየ ልምዲ ምትሕግጋዝን ሰናይ ተግባርን ኣብ እዋን ፃህያይ፣ዓፂድን ዓውድን ክድገምን ናብ ካልኦት ዞባታት ክስፍሕን ኣብ በቢ ብርኩ ዘሎ መሪሕነት መፍረይነት ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ግብኡ ክፍፅም ይግባእ ዝብል መልእኽትና እዩ።

ኲናት...ካብ ገፅ 3 ዝዞረ

ኣይእኽልን። ምኽንያቱ መሰረታውን ህዝባውን ሕቶ እዩ ዝሕተት ዘሎ። "ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ይከበር፤ ተመዛበልቲ ውሑስ ብዝኾነ መንገዲ ናብ መረበቶም ይመለሱ፤ ኮታስ ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ይተግበር" ምባል ንሰላም ዘለና ቅሩብነት እምበር ንኲናት ዝግበር ምድላው ክኸውን ኣይኽእልን። ካብዚ ወድዓዊ ሓቂ ብምብጋስ ኣብዚ ጉዳይ መንግስቲ ፌደራል ክሰርሖ ዝግባእ ስራሕ እዩ ክሰርሕ ዘለዎ። ከምቲ ሓደ ሓደ ግዘ ዝስማዕ "ንሕና ተመዛበልቲ ይመለሱ፣ ይእተዉ ..." ኢልና ኢና ዝብልዎ ዘለዉ ትኽክል ኣይኮነን። ባጫ እዩ። ቅንዕናን ድልየትን እንተሃልዩ እተን ተመዛበልቲ ንምምላስ ዝተቐመጣ ቅድመ ኩነት፣ ክስርሓ ዝግብአን ስራሕቲ ምስራሕ የድሊ። ንሳተን እንተተፈፂመን ተመዛበልቲ ብዘይፀገም ናብ መረበቶም ክኣትዉ እዮም። ስለዚ "ንሕና ይእተዉ" እናበልና ንሳቶም ኣዐንቂፎም ዝበሃል ኣገላልፃ ናይቲ ፌደራል መንግስቲ ሓሶትን ነቲ ውድብናን መንግስትናን ዘለዎም ድልየትን ተበግሶን ዘይምጥን እዩ። እተን ብውዕሊ ፕሪቶሪያ ኣብ ስምምዕን ውሳነን ዝተበፅሓ እንተተግቢረን፤ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ እዩ።

ብድምር ብወገን ህወሓት ይኹን ግዝያዊ ምምሕዳር ተመዛበልቲ ንምምላስ ምሉእ ድልውነት ከምዘሎ ደጋጊምካ ንማሕበረሰብ ዓለም ምርዳእ ኣገዳሲ እንተኾን እውን ብወገን ፌደራል ተመዛበልቲ ንምምላስ ድልውነትን ድልየትን ክሳብ ዘየለ ግና ፀገም ህዝብና እናኸፍአ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ድማ ደው ኣብ ዝብለሉ እዋንን ቦታን ደው ክብል ክኽእል ኣለዎ።

ሕዚ ብጭቡጥ ኣብ ትግራይና ዝረአ ዘሎ ፀገም ውዕሊ ፕሪቶርያ ዘይምትግባር ዘምፅኦም ሳዕቤናት ኣለው። ነቲ ውዕል ዝፃብኡ ተግባራት ይበራኸቱ ኣለው። እዚ ዝገደደ ሓደጋ ዘስዕብን በሪ ሰላም ዝዓፁን እዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ትግራይ ንምቕርቃርን ብቁጠባ ንምድኻምን በቲ ፌደራል መንግስቲ ዘይግበር የለን። ንኣብነት፣ ነዳዲ ንከይኣትው ይኽልከል ኣሎ። ብተመሳሳሊ ኣገልግሎትን ካልኦት ስራሕቲ ንግድን በቲ ዝድለ ስልጡት ንከይንቀሳቐሱ ይግበሩ ኣለዉ። ሸቐጣት ንከይኣትዉ መንገድታት ብተደጋጋሚ እናተዓፀዉ ተሸከርከርቲ ጠጠው ዝብላሉን ዝጉላእላሉን እዩ ዘበዝሕ።

ብሓፂሩ እቲ ተነቢሩ ዝነበረ ዕፅዋን ከባን ብዝተፈላለየ መልክዕ ተጠናኺሩ ይቕፅል ከምዘሎ ምግንዛብ የድሊ። ካብዚ ሓሊፉ ኣንፃር ሓድነት ትግራይ ዝስለፉ ዕጡቓት ብዓፋርን ፀለምትን ክጠናኸሩ ብዕሊ ይስራሕ ኣሎ። እዚኦም ብቀጥታ ብፌደራል መንግስቲ ይሕገዙ እዮም። እቶም ዝንዝሑ ዘለዉ ፀለመታትን ፕሮፖጋንዳታትን ሰላም ዝህቡ ኣይኮኑን። ኣብቲ ማእኸላይ መንግስቲ ዘሎ መሪሕነት ብዘይሕንከት "ህዝቢ ትግራይ ክግንፀል ይኽእል እዩ" ዝብል መሕፈሪ መደረታት የስምዑ ኣለዉ። ከምዚኦም ዝበሉ ፀገማትን ተደፊእና ክንወፅእ ምጉስጓስን ብምህላዎም ድማ ውዕሊ ፕሪቶርያ ኣብ ሓደጋ እዩ ዘሎ። ውድብና ሕዚ እውን ውዕሊ ፕሪቶርያ ንክትግበር ተደጋጋሚ ፃውዒት የቕርብ ኣሎ። እዚ ድማ ንሰላም ዘለዎ ምሉእ ድልውነት ዘመላኽት እዩ። ብወገን ውድብና ብሓፈሻ ድማ ብወገን ትግራይ ንሰላማዊ ቃልሲ እምበር ንኲናት ድልውነትን ድልየትን የለን። ሕዚ እውን እንተኾነ እቲ ክምለስ ዝግብኦ ሕቶ ምሕታት ሕጋዊ መሰልን ግቡእን እምበር ንኲናት ምድላው ኣይኮነን።

ከምቲ ኣብ መእተዊ እዚ ፅሑፍ ዝተገለፀ፤ ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ተገዲዱን ተወሪሩን ንምምካት ዝኣተዎ እምበር ፈትዩ ዝኣተዎ ኲናት ኣይነበረን። እዚ ህዝቢ፤ ኣፈላላይ እንትህልው እውን ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ኣቐዲሙ ፃውዒት ሰላም ዘቕርብ ደላይ ሰላም እዩ። እቲ ካብ ኣብራኽ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈጠረ ውድብ ህወሓት እውን እንተኾነ ካብ መፈጠሩ ኣትሒዙ ኣብ ሰላም ዘይልወጥ መትከል ኣለዎ። ኣብ ታሪኽ ጉዕዞኡ ንዘጋጥምዎ ከበድቲ ፈተናታት ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ኩሉ ዝከኣሎ እናገበረ ዝመፀ ህዝቢ እዩ። ይኹን እምበር መንገዲ ሰላም እናተዓፀዎ ከምውድብ ኾነ ከምህዝቢ ተገዲዶም ናብ ኲናት ዝኣተዉዎም ምዕራፋት ምንባሮም ዝዝከር እዩ። ኣብዚ ጉዳይ ናብ ርሑቕ ከይኸድና ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣወጀ ኲናት ፅንተት ንምምካት ዝተኻየደ ቓልስን ዝተኸፈለ መስዋእትነትን ምርኣይ ይከኣል እዩ።

ቅድሚ እቲ ዕላዊ ወተሃደራዊ ወራር ዝእለሙ ዝነበሩ ፀለመታትን ሸርሕታትን ኺይዶም ኺይዶም ናብ ዝኸፍአ ኲናት ከምዘምርሑ ብኣግኡ ዝተረድኡ ህዝቢ ትግራይ፣ ውድብ ህወሓትን መንግስቲ ትግራይን፤ ኣፈላላያት ብሰላማዊ መንገድን ብዘተን ንክፍትሑ፣ ሕግን ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ንክኽበሩ ተደጋጋሚ ፃውዒት ሰላም የቕርቡ ምንባሮም ንድሕሪት ምልስ ኢልካ ምዝካር ይከኣል። እቲ ፃውዒት በዚ ኣየብቀዐን። እቲ ጀኖሳይዳዊ ወራር ምስተኸፈተ ክሳብ ሕዚ ከምህወሓት ብሓፈሻ ድማ ከም መንግስትን ህዝብን ትግራይ ፃውዒት ሰላም ኣየቋረፀን። ብፍላይ እቲ ናብ ምሉእ ሰላም ከሰጋግር ተስፋ ዝተነበረሉ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ንክትግበር ዝከኣሎም ይገብሩ ኣለዉ። ይኹን እምበር እዚ ንክትግበር ድፍኢት ብምግባሮም "ንኲናት ትዳለዉ ኣለኹም" ዝብል ሳጓ ይልጠፍ ኣሎ። እዚ ፈፂሙ መሰረት የብሉን። ሕዚ እውን ሉኣላዊ ግዝኣትና ክኽበር፣ ወረርቲ ጠቕሊሎም ንክወፁ፣ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱ ብሓፈሻ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ናብቲ ንቡር መንግስታዊ ስርዓት ክምለሱ ዝግበር ዘሎ ቃልሲ ተጠናኺሩ ክቕፅል እዩ። እዞም ሕቶታት ምምላስ ድማ ነቲ ውዕሊ ተገዛኢ ብምኧን ዝፍፀም እምበር ናይ ማንም ገፀ በረከት ብምምዕዳው ዝፍፀም ኣይኸውንን። ስለዚ እውን ኲናት ዘትርፍ ሰላማዊ ቓልስና ተጠናኺሩ ከምዝቕፅል ክነረጋግፅ ንደሊ።

ዳሃይ መቐለ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ምምሕዳር ከተማ መቐለን ዝዳሎ መደብ

“ንዝዋደቐላ ትናዲ ክብርቲ መሬት!”

ታሪኽ ትግራይ እንትቕላዕ፤ “ትግራይ ነቲ ዝዋደቐላ እትኾን ክብርቲ መሬት እያ” ዝብል መትከል ሒዞም ዝዓምሙ ወለዲ ከምዝነበሩና የርኢ። ካብዚ መትከል ዝብገስ ሕድሕድ ስድራ ንዓዶም ዝዋደቑ ውላድ ንምፍራይ ካብ ህፃንነቶም ጀሚሩ ጦር ከመይ ከምዝውርወር፣ ፈረስ ከመይ ከምዝጋለብ፣ ዋልታ ከመይ ከምዝተሓዝ፣ ዒላማ ከመይ ከምዝጭመት እናምሃረ እዩ ዘዕቢ ነይሩ። ኣብ ገፀር ከባቢታት ጓሶት ሸኻል ወይ ጫቖላ ኣቕሚጦም በብተራ ዒላማ እናጨመቱ ዝወዳደሩ ካብዚ ሕላገት ተጋሩ ዝተወረሰ እዩ።

እዚ ብሕድሕድ ስድራ ተዓሊሙ ዝዓቢ ወለዶ ፀላኢ እንትመፅእ ብምሉእነት ምኽታት ግቡእ ኣለዎ። ነዚ እውን እዩ ሓረስታይ ዝነበረ ዝኾነ ስልጣና እንተይወሰደ ከመቕፀበት ሰራዊት ኮይኑ ንዓዱ ብጅግንነት እናተዋደቐ ንምኩሕ ወራሪ ሓይሊ ብምስዓር ዓወት ዝድረር። ኣብዚ ሕድሕድ ነባሪ ምስከተተ መራሕን ተመራሕን ኮይኑ ምእንታ ክናበብ ን14 መዓልቲ ተወሳኺ ስልጠና ይወሃቦ ነይሩ። ኣብዚ ካብቲ ፀላኢ ክከላኸል በቢቑሸቱ ዝኸተተ መንእሰይ ዝምልመል እውን ሓደ ስርዓት ነይርዎ። ከምቲ ሕዚ ስድራ ምሉእ እንተተጋደለ ሱቕ ኢልካ ዝረአ ዘይኮነስ፤ ልዕሊ ኣርባዕተ ቆልዑ ካብዘለዎም ስድራ ተረዳዲኦም ሓደ ከጋድሉ ይግበር ነይሩ። ትሕቲ ኣርባዕተ ቆልዑ ዝወለዱ ግን ክሳብ ካልኣይ ሳልሳይ ዙር እናበለ ምልመላ ዝግበር ስድራ ከይበርስ ኣብ ደጀን ኮይኖም ክቃለሱ መደብ ይወሃቦም ነይሩ። ኣብዚ ፃውዒት ክተት ኣኽቢሩ ዘይከተተ፣ ኣብ ግንባር ወፊሩ ዝሃደመ ወይ ዝተሰውአ ብፃዩ ገዲፉ ዝመፀ ካብ መሬት ሕርሻ ይንቀል ነይሩ። ተሓራሲ መሬት ዘይብሉ ድማ ሓረስታይ ርባዕ ኮይኑ ክነብር ይግደድ ከምዝነበረ ሰነዳት ታሪኽ የረድኡ። በዚ ኣሰራርሓ በቢመዋእሉ ዘጋጠሙ ወራራት ብማዕርነት ብምምካት እዚ መሬትን መንነትን ንክዕቀብ ምኽንያት ኮይኑ እዩ።
ነዚ ታሪኽ ከምመእተዊ ዝመዘዝናዮ፤ ጊዜያዊ ምምሕዳር ትግራይ ንስድራ ስውኣት፣ ኣካል ጉድኣትን ሓርበኛታትን ተረባሒቲ ዝገብር ደምቢ 15/2016 ኣውፂኡ ኣብ ስድራ ስውኣት ንመንበሪ ዝውዕል መሬት ምዕዳል ምጅማሩ እዩ። እዚ ድማ እቲ መንነትና ዝዓቀበ ኣሰራርሓ ይድገም ከምዘሎ ንክንርዳእ እዩ። እዚ ውሳነ ትግራይ ንዝዋደቐላ ክብሪ እናሃበት እንተኸይዳ፤ ህልውናኣ ውሑስ ትንሳኤኣ ግሁድ ክኾን ይኽእል እዩ። እዚ ኣሰራርሓ ሕድሕድ ወለዶ “ንዓደይ እንታይ ገይረላ?” እምበር “ዓደይ እንታይ ተጠቒመላ?” ዝብል ኣተሓሳስባ ንከየቖድም ዝሕግዝ እውን እዩ። ነዚ እውን እዩ ምክትል ፕረዚዳንት ጊዜያዊ ምምሕዳር ትግራይን ምክትል ኣቦ መንበር ውድብና ህወሓትን ተጋዳላይ ኣማኑኤል ኣሰፋ፤ ኣብቲ ስነ ስርዓት ምዕዳል ንመንበሪ ኣባይቲ ዝውዕል መሬት ተረኺቡ “ትግራይ ንዝተዋደቑላ ጀጋኑ ብዘለዋ ዓቕሚ ማሕበራዊ ፀገም ኣብ ምቕራፍ ግቡኣ ክትዋፃእ እያ” ክብል ዝገለፀ።

ተጋዳላይ ኣማኑኤል፤ እዚ ረዚን መልእኽቲ ዘሕለፈ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ን5,760 ስድራ ስውኣት 4 ነሓሰ 2017 ዓ/ም ንመንበሪ ዝኾን መሬት ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት እንትዕደል እዩ። ከምቲ ተጋዳላይ ኣማኑኤል ዝገለፆ፤ ስውኣትና መስዋእቲ ዝኸፈሉ ምእንተ ልምዓትን ዴሞክራስን፣ ምእንተ ህላወ ትግራይን ላዕላውነትን፣ ምእንተ ድሕንነት ህዝብን ዘላቒ ልምዓትን እዩ። ኣብዚ ዕላማ ስውኣትን ሓርበኛታትን ምሕላው ማለት ንዝተዋደቑሎምን መስዋእቲ ዝኸፈልሎምን ህዝባዊ ዕላማታት ኣብ ሸቶኡ ምብፃሕ እዩ። እቲ ካልኣይ ዕላማ ድሕሪ መስዋእቲ ጀጋኑና ቤተሰቦም ቁጠባዊ ኩነታቶም ተናጊዑ ኣብ ሓደጋ ከይወደቑ ስርዓት ብዘለዎ

ከይዲ ምውፃእ ዕፃ መንበሪ ኣባይቲ ንስድራ ስውኣት (መቐለ፤ 4 ታሕሳስ 2017 ዓ/ም)

መንገዲ ማሕበረ ቁጠባዊ ህይወቶም ምድግፍ እዩ።
ጊዜያዊ ምምሕዳር ትግራይ ብውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ እንትጣየሽ ንክሰርሑም ካብ ዝተነፀሩ ዕማማት እዞም ቀፂሎም ተፀሪሖም ዘለዉ ስራሕቲ ተጠቀስቲ እዮም። ንኣብነት፤ ሰላምን ድሕንነትን ትግራይ ውሑስ ምግባር፣ ዝዓነወ ማሕበረ ቁጠባ ትግራይ ብዳግመ ህንፀት ምሕዋይ፣ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ብኣግባቡ ምፍፃምን ተሓታትነት ጀኖሳይድ ምርግጋፅን ምጥቃስ ይከኣል። ከምኡ እውን ሰማእታትና ካብ ዝተዋደቕሉ ዕላማ ሓደ ዝኾነ ብህዝቢ ዝተመረፀ መንግስቲ ንክምስረት ነዚ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር ኣብ መንጎ ክሕደትን ጥልመትን ስለዘጋጠመ ኩሉ ስራሕቲ ካብ ባዶ እናተበገስካ እዩ ዝስራሕ ዘሎ። እዚ ቁጠባ ስድራ ስውኣት ንምድጋፍ ዝተጀመረ ዕደላ ንመንበሪ ኣባይቲ ዝውዕል መሬት፤ ኣብ ኩሉ ከባብታት ትግራይ ተጠናኺሩ ከምዝቕፀል ተጋዳላይ ኣማኑኤል ገሊፁ ኣሎ።

ኣብቲ መድረኽ ዝርዝር ሓሳብ ዝሃቡ ከንቲባ መቐለ ዶ/ር ረዳኢ በርሀ፤ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ምስኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ ብምርድዳእ ን5,760 ስድራ ስውኣት ንመንበሪ ኣባይቲ ዝኸውን መሬት ከምዝዓደለ ይገልፁ። ኣብዚ እቲ ምልመላ ስድራ ስውኣት እቲ ዝምልከቶ ኣካል ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ ኣፃርዩ ብዘቕረቦ እዩ። እቲ ዝዕደል መሬት መሰረተ ልምዓት ኣብ ዝተማልአሉ፣ ካብ “ይግበአኒ እዩ” ዝብል ሓራ ዝኾነን ንሓረስታይ ብዘየመዛብልን መንገዲ ይዕደል ከምዘሎ እውን ኣረዲኦም ኣለዉ። እዚ ዝኾነ እውን እቲ ንስድራ ስውኣት መንበሪ ገዛ ዝዕደል ዘሎ መሬት ንነዊሕ እዋን እንተይለምዐ ብውልቀ ሰባት ተሓፂሩ ዝነበረ መሬት እዩ። እዚ ተሓፂሩ ዝተቐመጠ መሬት፤ ፈለማ ናብ ባንኪ መሬት ብምእታው እዩ ንመንበሪ ዝዕደል ዘሎ። እቲ ንሓርበኛታትን ስድራ ስውኣትን ዝዕደል መንገሪ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ዝውዳእ ብምዃኑ ኣብ ዝቕፅል መወዳእታ መስከረም 2018 ዓ/ም ጀሚሩ ሓደ ሓደ ተሓፂሮም ኣብ ዘለዉ ከባቢታት ዝተዘርኡ ዝራእቲ ምስተልዓሉ በቢብርኩ ዘለዉ ሓርበኛታት ንምዕዳል ትልሚ ተታሒዙ ከምዘሎ ዶ/ር ረዳኢ ይገልፁ።
እዚ ብምምሕዳር ከተማ መቐለ ዝካየድ ዘሎ ንመንበሪ ኣባይቲ ዝውዕል መሬት፤ ንካልኦት ከባቢታት ዓብዪ ትምህርቲ ዝህብ ከምዝኾነ ዳይሬክተር ምሃብ ኣፍልጦን መሰል ሓርበኛታትን ትግራይ ተጋዳላይ ገ/ሚካኤል ግሩም የረድእ። እዚ እውን ምምሕዳር ከተማ መቐለ ምስኮሚሽን ሓርበኛታት እናተረዳድአ ብደምቢ 15/2016 ብዝእዝዞ እዩ ሽም ዝርዝር ተጠቀምቲ ካብቲ ኮሚሽን እናወሰደ ዓዲሉ ዘሎ። እቲ ደምቢ ኣብ ዕደላ ምስካሕሳ መሬት ተታሒዙ ሕፅረት ከጋጥም ስለዝኽእል፤ ኣብ ዓንቀፅ 12 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ብዝእዝዞ መሰረት ምምሕዳር ከባቢታት መሬት እንትዕድላ ንስድራ ስውኣት፣ ኣካል ጉድኣትን ሓርበኛታትን ብቐደም ሰዓብ ክህባ ከምዘለወን እዩ ዝድንግግ። ብምዃኑ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ፈለማ ህይወት ዝኸፈለ ጅግና ተጋዳላይ፣ ቀፂሉ ኣካሉ ዝኸፈለን ብሰላም ዝተመለሰን ተጋዳላይ ነፂሩ ዕደላ መንበሪ ኣባይቲ በቲ ህይወት ዝኸፈሉ ምጅማሩ ዝነኣድን ካልኦት ከባቢታት ካብዚ ተመክሮ ክወስዳ ከምዘለወንን ኣተሓሳሲቡ ኣሎ።

ኣብ ካልኦት ከባቢታት ግን በቲ መምርሒ ዝእዝዞ ኣብ ምኻድ ክፍተታት ይረአ እዩ። ሓርበኛታት ዝበሃሉ ኣብ ሰለስቲኡ ምዕራፍ ቃልሲ (17 ዓመት መሪር ብረታዊ ቃልሲ፣ ኲናት ኢትዮ ኤርትራን መኸተ ፅንተታዊ ኲናትን) ስለህዝቦም መስዋእቲ ዝኸፈሉን ዝተቓለሱን ከምዝኾኑ ኣብቲ ደንቢ ተገሊፁ ኣሎ። ስለዚ ነዞም ሓርበኛታትን ስድራ ሓርበኛታትን መንበሪ እንትዕደል ንሰለስቲኡ ምዕራፋት ቃልሲ መሰረት ዝገብር እዩ ክኾን ዘለዎ። ኣብዚ ንኩሉ ብሓደ ጊዜ ንመንበሪ ዝኸውን መሬት ንምዕዳል ዓቕሚ ስለዘይህሉ፤ ህይወት ዝገበረ ካብ ኩሉ ስለዝዓቢ ፈለማ ስድራ ስውኣት ክበፅሑም ክግበር ከምዘለዎ እቲ ደምቢ ብግልፂ ኣቐሚጥዎ እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ገለ ወረዳታት ነዚ ብውነ ዘይምርዳእ ከምዘሎ ተጋዳላይ ገ/ሚካኤል የረድእ።

ምምሕዳር ከተማ መቐለ እቲ ዝጀመሮ ዕደላ መሬት ኣብ ብዙሓት ወገናት ተስፋን ሓጎስን ፈጢሩ እዩ። ከምወይን ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ትግራይ ተረኺብና ተጠቀምቲ እቲ ዕድል ካብ ዝኾኑ ስድራ ስውኣት ኣዘራሪብና ኣለና። እቲ ዝሃብዎ ርኢቶ ክነስዕብ። ኣይተ መሓሪ ስልጣን ነባሪ ክፍለ ከተማ ኲሓ ጣብያ ሸብጣ እዮም። እዞም ወላዲ “ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ ስድራ ስውኣት ብምዃንና ዝዘከረና ኣካል መንግስቲ ኣይነበረን። ሕዚ ኩሉ ጊዜ ስውኣትናን ደቅናን እናዘከርናዮም እንነብር ሓወልቲ ዝኾነ ንመንበሪ ዝኸውን መሬት ስለዝዓደለና ልዑል ሓጐስ ተሰሚዑና ኣሎ። እዚ ኣብዚ ዕለት ዝወሃብ ዘሎ መሬት፤ ሓወልቲ ስውኣት ስለዝኾነ ‘ፀጊሙኒ’ ኢልካ ክሸየጥ ክልወጥ የብሉን። ንዘላኣለም ከም ሓወልቲ እናኸበርናዮ ዝነብር እዩ” ክብሉ ገሊፆም።
ካሊእ ንስድራ ስውኣት ወኪለን ሓሳብ ዝሃባ ነባሪት ክፍለ ከተማ ሓወልቲ ጣብያ ህዳሰ ዝኾና ወ/ሮ ኪዳን ሰለሞን፤ “ደቅና ፀሊእናዮም ኣይኮንናን ኣዕጢቕና ሰዲድናዮም። ላዕላውነቶም ከኽብሩ፣ ህዝብና ከይመዛበልን ኣብ ትሕቲ መቑሕ መግዛእቲ ከይንነብርን እዮም መስዋእቲ ከፊሎም። ደቅና መስዋእቲ ብምኽፋሎም ከምከርሲ ውላድ ዘሕዝነና እንተኾነ፤ ንህዝቢ ትግራይ ካብ ምሉእ ፅንተት ስለዘድሓኑ ግን ክብሪ ይስመዐና እዩ። ስለዚ መራሕትና ህዝቢ ኣዳምፁ፤ በቶም ስውኣት ዝጥወር ዝነበረ መዓት ዝጠመየን ዝተፀገመን ስድራ ስውእ ኣሎ። እዚ ዝወሃብ ዘሎ መሬት ብጣዕሚ ዝነኣድን ዓብዪ ሩፍታ ዝፈጥርን ኮይኑ፤ ገሊኦም ስድራ ስውኣት ግን ይትረፍ ገዛ ክሰርሑስ እትልሓስ ዝሰኣኑ ፅጉማት ስለዘዉ ሰብ ሃፍቲ ኣተሓባቢርካ ዝስረሐሉ ኩነታት እንተዝፍጠር” ዝብል ሓሳብ ኣቕሪበን እየን። ከምቲ ወ/ሮ ኪዳን ዝገለፀኦ ኣብ ፀገም ዝርከቡ ስድራ ስውኣት ብመፅናዕቲ ፈሊኻ እቲ ነባሪ ህዝቢ ኣተሓባቢርካ መንበሪኦም ዝስርሐሉ መንገዲ ምትእትታው ንፅባሕ ዘይበሃል ጉዳይ ክኸውን ኣለዎ።
ብድምሩ እዚ ኣሰራርሓ ትግራይ ዋልታ ዝኾነላ ወለዶ ዘፍጥር እዩ። ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝገለፅናዮ ብምኽንያት ቀይሕ ባሕርን ስነ ምህዳራዊ ኣቀማምጣን መሬት ትግራይ ብጣዕሚ ተደላዪ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ይትረፍ ወርቅን መዓድንን ከርሱን ናሕሱን ዝመልአ መሬት እቲ ምጡን ኩነታት ኣየር ንዓርሱ ብብርኪ ዓለም ብፍሉይ ተብሃጊ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ክሊ ቅናት ምድሪ ብምርካቡ እኹል ፀሓይ ብርሃን ካብ ዝርከብ መሬት ኣፍሪካ እቲ ኣብ ደጉዓን ንምንባር ምችውን ዝኾነ መሬት ዝርከብ ካብ ኤርትራ ክሳብ ታንዛንያ ዝርከብ ክልተ ሚኢታዊ ዝሽፍን ቦታ እዩ። ስለዝኾነ እውን ነዚ ከምዚ ዝበለ ተደላዪ ቦታ ንምውናን ካብ ኣውሮጳ ክሳብ ኣዕራብ ተደጋገምቲ ወራራት ንዘመናት ክካየድ ፀኒሑ እዩ። ወለድና እውን ንዝመፁ ፀላእቲ ከከም ኣመፃፅኣኦም ዝድርዕሙ ዝነበሩ ትግራይ ንዝዋደቐላ ቀዳምነት እትህብ ክትኮን ስለዝተሰርሐ እዩ።

ከምዚ ዘይሰርሓ ሃገራት ባህለንን መንነተንን ኣጥፊአን ብወረርተን ክትካእ ካብ ምግባር ሓሊፉ ክሳብ ካብ ሱረን ዝተነቕላ እውን ኣለዋ። ብብርኪ ዓለም ይኹን ሃገር “ከምዚ ዝበሃሉ ብሄረሰብ ነይሮም” ዝበሃል ብወራር ምኽንያት እዮም ጠፊኦም። ካብቶም ካብ መረበቶም ዝተነቕሉን ብዝገበርዎ ከቢድ ፃዕሪ ናብ ርስተ መረበቶም ተመሊኦም ክብሮም ዝመለሱ ህዝብታት ዓለም እስራኤላውያን ተፀራሕቲ እዮም። እስራኤላውያን ድሕሪ ንጉስ ሰለሞን ኣብ ክልተ ምስተገምዑ ዓቕሞም ተዳኺሙ ፈለማ ብባቢሎን ን50 ዓመት፣ ቀፂሉ ብፐርሽያ (ኢራን) ን200 ዓመት፣ ብግሪክ ን190 ዓመት፣ ብሮማን ኢምፓየር ን400 ዓመት፣ ብባዛንታይን ኢምፓየር ን300 ዓመት፣ ብእስላማዊ ካሊፌት ን460 ዓመት፣ ብመስቀላውያን (ክሩሴድ) ን100 ዓመት፣ ብማምሉክ ሱልጣኔት ን226 ዓመት፣ ብኦቱማን ቱርክ ን400 ዓመት ብእንግሊዝ ን30 ዓመት ብድምሩ ን2400 ዓመት ዝተገዝኡ እዮም። ካብ ርስተ ዓደቦኦም ተነቒሎም ክሳብ ኣብ 1948 ዓ/ም/ፈ ናብ ሃገሮም ዝምለሱ ኣብ ስደት ክርተት ዝበልሉ እዋን እንትግበጥ 1900 ዓመት ከምዝኾነ ሰነዳት ታሪኽ ይሕብሩ።
ብምዃኑ ወለድና እዚ ከምዚ ዝበለ ኣጋጣሚ ንከይፍጠር ሓሲቦም ንትግራይ ዝዋደቐ ወለዶ ንክፍጠር ተመራሚሮም ብዘተኣታተውዎ ስርዓት፤ እዚ መንነት ንክዕቀብ ምኽንያት ኮይኑ እዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን እውን መንግስትና፤ ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ ኣጣይሹ ህይወቶም ንትግራይ ኣወፍዮም ዝተዋደቑ ሓርበኛታትን ስድራ ሓርበኛታትን ብፍሉይ ንምድጋፍ ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቓስ፤ ህልውና ትግራይ ኣረጋጊፁ ብራኸኣ ንክገሃድ ምዕሩይ ኩነታት ዝፈጥር እዩ። ስለዚ ኩሉ መሪሕነትን ማሕበረሰብን ነዚ ብውነ ተረዲኡ እቲ ዝተጀመረ ስራሕ ተጠናኺሩ ንክቕፀል ክረባረብ ይግባእ።

ክብርታት ህወሓት ብናይ ወለዶታት ቅብብል እናተኾለዐ ክነብር እዩ!!

እንግዶት

“ስራሕቲ ምፅራይ ዛዚምና ናብ ተሓታትነት ክንሰግር ኢና።”

ዋና ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ተጋዳላይ ወልደኣብርሃ ገ/ፃድቕ

ኣብ ትግራይ ብዘይካ ዛጊድ ዘይተለለየ ኣልማዝ ኩሎም ዓይነታት መኣድን ከምዘለው ኣጀንሲ መኣድን ኢነርጂን መፅናዕቲ ምሁራት ትግራይን የረድእ። እዞም መኣድናት እዚኣም ሃለቕቲ ሃፍቲ ስለዝኾኑ ብሕግን ብስርዓትን ዕደና መዓድን እንተዘይተመሪሖምን ተገሪሖምን ፍልፍል ጎንፂ፣ ጉሕለትን ምብልላዕን እናኾኑ ካብ ረብሐኦም ሓደግኦም እናዛየደ እዩ ዝኸይድ። ብመንፅር እዚ ብፀጋታት ሃፍቲ መኣድን ብፍላይ ድማ ብመኣድን ወርቂ እትልለ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ እዞም መኣድናት ኣብ ረብሓ ንምውዓል ይስርሑ ኣብ ዘለው ስራሕቲ፣ ዶዘራትን ኬሚካላትን ተጠቒምካ ዝካየድ ዕደና መኣድን ኣብ ሰብን እንስሳን ዘብፀሖ ዘሎ ሓደጋ፣ ነዚ ስርዓት ንምትሓዝ ኣብ ዝተወሰዱ መፍትሕታትን ካልኦት ጉዳያትን ኣመልኪትና ምስ ዋና ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ተጋዳላይ ወልደኣብርሃ ገብረፃድቕ ዘካየድናዮ ቃለ መሕተት ከምዝስዕብ ተዋዲዱ ቐሪቡ ኣሎ። ሰናይ ንባብ።

ወይን፦ ተፈጥሮኣዊ ሃፍትታትን ፀጋታትን ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ እንታይ፣ እንታይ እዮም? ነዚኦም ናብ ረብሓ ንምውዓል ዝሰርሑ ዘለው ስራሕቲ ኸ እንታይ ይመስሉ?

ተጋዳላይ ወልደኣብርሃ፦ ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ዘለው ፀጋታት ማእኸሎም ኣግራባትን ዝተፈላለዩ ተፈጥራዊ መዓድናትን እዮም። ካብቶም ውፅኢት ኣግራብ ዝኾነ እቲ ሓደ ሃፍቲ ዕጣን እዩ። እቲ ዝዓበየን ዛጊድ ብመፅናዕቲ ተረጋጊፁ ናብ ረብሓ ዝወዓለ መዓድን ድማ ወርቂ እዩ። ካልኦት ኣብ መፅናዕቲ ዝርከቡ መዓድናት ከም ብሩር፣ ኩፐርን ካልኦት መኣድናትን ኣለው እዮም። እዞም መኣድናት ምህላዎም ሐዚ ኣይኮነን ተፈሊጦ። ቅድም ክብል እውን መናእሰይ እቲ ኸባቢ ብማሕበር ተወዲቦም ብባህላዊ መንገዲ ወርቂ እናውፅኡ ተረባሕቲ እናኾኑ ፀኒሖም እዮም። ድሕሪ ኣብ ትግራይ ፅንተታዊ ወራር ምፍፃሙ ግን ሕጋዊ ብዘይኮነ መንገዲ ብመሽነሪታትን ኬሚካላትን ዝተደገፈ ዕደና መዓድን ስለዝካየድ ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ሰብን እንስሳን ጉድኣት ይበፅሕ ኣሎ።

ኣብዚ ዕደና መኣድን ዝተዋፈሩ ኣካላት ኩሎም ዘይሕጋውያን እዮም ማለት ኣይኮነን። ፍቓድ ተዋሂቡዎም ብሕጋዊ መንገዲ ማለት እውን ታሕተዋይ ብርኪ፣ ፍሉይ ታሕተዋይ ብርኪን ብኢንቨስትመንትን ኣብ ሰለስተ ብርኪ ተወዲቦም ወርቂ ንኸውፅኡ ዝተመዝገቡ ኣካላት ኣለው እዮም። ኣብ ታሕተዋይ ብርኪ ዝተወደቡ ቐሊል መሳርሒ፣ ብኢዶም መኹዓቲ ተጠቒሞም ወርቂ ዝኣርዩ እዮም። ኣብ ፍሉይ ታሕተዋይ ብርኪ ዝተወደቡ ድማ ቀሊል መሽነሪ ተጠቒሞም ወርቂ ከውፅኡ ዝፍቀዶም ኣካላት ኣለው። እቶም ላዕለዎት ድማ ብኽልልን ፌደራልን ፍቓድ ኢንቨስትመንት ተዋሂቡዎም ክሰርሑ ትፅቢት ዝግበረሎም እዮም። ይኹን እምበር እቶም ብፍሉይ ኣብ ታሕተዋይ ብርኪ ዝተወደቡ ማሕበራት መሽናት ክጥቀሙ ስለዝፈቕድ ነዛ ዕድል እዚኣ ተበሊዖም፣ ኤክስካቫተራት፣ ጠሓንቲ ወርቂ እምኒ ብኬሚካላት ዝተሓገዘ ዕደና መዓድን እናካየዱ ፀኒሖም። ካብዚ ብዝዘለለ ሓፀብቲ ወርቂ መሽናት “ሳይናይድ” ዝብሃል ኬሚካል ሜርኩሪ ክሳብ ምጥቃም እዮም በፂሖም። ይኹን እምበር ብሕጊ እዛ ሃገር ኣብ ሰብን እንስሳን ጉድኣት ዘብፅሕ ኬሚካላት ናብ ውሽጢ ዓዲ ክኣትው ኣይፍቀድን። ስለዚ ድማ መንግስቲ ፌደራል ዝገብሮ ክትትልን ቁፅፅርን ብዘይምህላውን ነቲ ዘሎ ፖለቲካዊ ቕልውላው ብምጥቃምን ኣብቲ ከባቢ ሰፊሕ ብኽለትን ብርሰትን እናበፅሑ ይርከቡ። እቶም ዝጥቀምዎም ዘለው ኬሚካላት ሳዕቤኖም ብቐፃሊ ብሰብሞያ ዝተደገፈ መፅናዕቲ ዝግበር እኳ እንተኾነ ብኣካል ዝረአ ሓደጋ ግን ኣሎ። ምኽንያቱ ብዶዘራት፣ ኤክስካቫተራት እናተሓገዙ ዝገብርዎ ዕደና መኣድን ገፀ መሬት ጎቦታት ኣጥፊኡ ስነ-ምህዳር እቲ ኸባቢ ዘዛብዕ ስራሕ እዮም ዝሰርሑ ዘለው።

ድሕሪ ግዝያዊ ምምሕዳር ምትዕርራይ ምክያዱ ግን ነዚ ዕንወትን ብኽለትን ጠጠው ንምባል ብብርኪ ክልል ብምክትል ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝምራሕ፣ ሸውዓተ ኣባላት ዝርከብዎ ዓብዩ ኮሚቴ ተጣይሹ እዩ። እዚ ዝተጣየሸ ኮሚቴ ምስ ዞባን ወረዳታትን ኣካላት ፀጥታ ሰፊሕ ምርድዳእ ብምግባር ተግባራዊ ምንቅስቓስ ጀሚሩ ኣሎ። ዛጊድ ኣብ ዕድና መኣድን ዝተዋፈራ ዶዘራት፣ ኤክስካቫተራት ጠሓንትን ሓፀብትን ወርቂ ማሽነሪታት ሕጋውነተን ክሳብ ዝረጋገፅ ኣብ መማእኸልቲ ጣብያታት ክእከባ ተገይሩ ኣሎ። ዕብይ ዝበለ ብርሰት ኣግራብ ከስዕባ ዝኽእላ 60 ኤክስካቫተራት ከምዘለዋ ተፀኒዑ ካብዚኦን እተን 57 ሰራሐን ጠጠው ክብላ ተገይሩ። ብተመሳሳሊ ኣስታት 320 ዝኾና ጠሓንቲ እምኒ ወርቂ ከምዘለዋ ድሕሪ ምፅንዑ ሓደገኦን ተራእዩ ንግዚኡ ጠጠው ክብላ ተገይሩ። ካብዚኦን እተን 285 ክረቻራት ኣብ ቁፅፅር ውዒለን እየን። ብተመሳሳሊ 33 ሓፀብቲ መሽናት ከምዘለዋ ተፀኒዑ እተን 23 ኣብ መማእኸልቲ ጣብያታት ጠጠው ክብላ ተገይሩ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ንዕደና መኣድን ወርቂ ተባሂሉ ብቆርቆሮን ብዕንፀይትን ዝተሰርሐ ኣባይቲ ንምልዓል ዘኽእል ስራሕቲ ተጀሚሩ ኣሎ።

ወይን፦ ኣብዚ ዘይሕጋዊ ዕደና መኣድን ዝተዋፈሩ ውልቀ ሰባት ዝጥቀምዎም ኬሚካላት ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ነበርቲ እቲ ኸባቢን እንስሳን ዘብፅሖ ሓደጋ ክንደየናይ እዩ? ነዚ ስርዓት ንምትሓዝ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኸ እንታይ ኣሎ?

ተጋዳላይ ወልደኣብርሃ፦ ምጥቃም ኬሚካላት ክሳብ ዝሃለወ ኩሉ ግዜ ብኽለት ኣሎ። ብኽለት ክሳብ ዝሃለወ ድማ ኣብ ሰብን እንስሳን ጉድኣት ከምዝበፅሕ ዘጠራጥር ኣይኮነን። “ክንደይ ዝኣክል ጉድኣት በፂሑ፣ ደረጃ እቲ ዘብፅሖ ዘሎ ሓደጋ ክንደየናይ እዩ?” ንዝብል ግን ብመፅናዕቲ ዝተደገፈ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ይኹን እምበር ብርሰት ኣግራብ ብዓይንኻ ዝረአ ስለዝኾነ ኣብቲ ወርቂ ዝወፅኡ ከባቢ ጎቦታት ክሳብ ተፈጥሮኣዊ መልክዖም ዝጠፍአ እዩ እቲ ሓደጋ ዝበፅሖ ዘሎ። ኣብዚ ሐዚ ከም ቁልፊ መደብ ተታሒዙ ዘሎ ዕደና መዓድን ወርቂ ጠጠው ኣቢልካ፣ ኣፅሪኻ ናብ ስራሕ ምእታው እዩ። እቶም ሰብ ዋና መሽነሪታት “ምስ ማሕበራት ውዕሊ ኣሲርና ኢና ንሰርሕ፣ ሕጋውያን ኢና” እዮም ዝብሉ። እዚ ኣካይዳ እዚ ዓርሶም እቶም ማሕበራትን ሰብ ሃፍትን ዝገብርዎ ዘለው ውሽጣዊ ስምምዕ እዩ። እዚ ነቶም ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ ምውፃእ ወርቂ ተወዲቦም ተረባሕቲ ንክኾኑ ዝተወደቡ ተጋደልቲ እውን ዝረብሕ ኣይኮነን። ኣብቲ ስምምዖም 70 ብ30 ሚኢታዊ ዝብል እንተኾይኑ እቲ ዝዓበየ ብፅሒት ዝወስዱ እቶም ሰብ ሃፍቲ ወይ ሰብ መሽነሪ እዮም። ስለዚ በቢ ደረጃኡ ዘሎ መሪሕነት ፈሊጥዎ ብመንግስቲ ተመሪሑ ዝስራሕ ዘሎ ስራሕ ኣይኮነን። እዚ ብምዃኑ ድማ ሸፈጥ፣ ባእሲ፣ መውቃዕቲ ኮታስ ክሳብ ህይወት ሰብ ምስኣን ዝኸድ ሓደጋ ይበፅሕ ኣሎ። ብቐፃሊ ኣብዚ ወራር መዓድን ወርቂ ዝተዋፈሩ ኣካላት ኣብ ዝሃለው ይሃልው ናይ ምፅራይ ስራሕ ክስራሕ እዩ። እቶም ምስ ፌደራል መንግስቲ እናተለማመፁ ብቢልዮናት ዝግመት ወርቂ እናውፅኡ ዝዘርፉ ዘለው ኣካላት በዚ ከይዓገቡ ትካላትና ከልምሱን፣ ኣጀንዳ ፀላእቲ ክኾኑን እዮም ዝሰርሑ ዘለው።

ሐዚ እውን እንተኾነ ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ዘሎ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ካብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይን ካብ ካልኦት ከባቢታትን ዝተፈላለየ መተባብዒ ብምግባር ወርቂ እናኣከበ እዩ። ነዚ ጠጠው ንምባል ካብ 20 ሰነ 2017 ዓ/ም ጀሚሩ ክትትልን ቁፅፅርን እናተገበረ እዩ። ነቶም ብባህላዊ መንገዲ ኣብ ምውፃእ ወርቂ ዝነጥፉ ዘለው ኣካላት ኣብ እንታይነትን ሓደጋን ዘይሕጋዊ ዕደና መኣድን ዘተኮረ መጨበጢ ግንዛበ ስልጠና ምሃብ ተጀሚሩ ኣሎ። ይኹን እምበር ብሓደ ግዜ ጠጠው ምባል ስለዘይከኣል ፈለማ ብሜሽነሪን ብኬሚካልን ተጠቒሞም ዝኸፍኣን ዝዓበየን ሓደጋ ዘብፅሑ ዘለው ዕደና ወርቂ ዘካየዱ ኣካላት እዩ እቲ ስጉምቲ ተጀሚሩ ዘሎ።

ወይን፦ ኣብዚ ዘይሕጋዊ ዕደና መዓድን ወርቂ ዝተዋፈሩ ኣካላት ኣብ ሰብን እንስሳን የብፅሕዎ ካብ ዘለው ብኽለትን ዕንወትን ብተወሳኺ ፖለቲካ ትግራይ ኣብ ምንጋዕ ዝህልዎ ግደ እንታይ ይመስል? ብቐፃሊ ኸ ነዚ ንምክትታልን ንምቁፅፃርን እንታይ ክግበር ኣለዎ?

ተጋዳላይ ወልደኣብርሃ፦ ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን እቲ ኣብ ሰብናን እንስሳናን ዝበፅሕ ዘሎ ሓደጋ መንቀሊኡ ብዝግባእ ብዘይምምራሕናን ብሕግን ስርዓትን ዕደና መዓድን ክኸይድ ብዘይምግባርናን ዝመፀ እዩ። እዚ ድማ ሓደ ዓብዩ ኣጀንዳ ፀላእቲ ኮይኑ ንትካላትናን ኣመራርሓናን መውቕዒ ይኸውን ኣሎ። ከምኡ እውን ህዝቢ ኣብ መራሕቱ እምነት ክስእን ዘግብር ዘሎ ኣካይዳ እዩ። ናብዚ ፀገም እዚ ዝኣተወ መሪሕነት እንተሃልዩ ንኽሕተት ወሲኑ እዩ ኣትዩ ዘሎ። ብተግባር እውን ነተን ኣብ ዕደና መኣድን ዝተዋፈራ መሽነሪታት ንምእካብ ፈለማ ከም ዞባ ኣመራርሓ ኮሚቴ ተጣይሹ እዩ። ብመዳይ ግዚያዊ ምምሕዳር ድማ ዓብዩ ኮሚቴ ኣጣይሹ ኣሎ። እዚ ዓብዩ ኮሚቴ እናመርሖ ብብርኪ ዞባ ካብ ፖሊስ፣ ምልሻ፣ ሓይልታት ፀጥታን ኣካላት ሰራዊትን ዝተውፃእፅኡ ኣካላት ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ተወዲቦም ኣለው። ብተመሳሳሊ ኣብ ወረዳታት ድማ ከምታ ኣብ ዞባ ዘላ ኣወዳድባ ኣጣይሾም ኣመሓደርቲ ወረዳ ዝመርሕዎ ክሳብ ታሕቲ ወሪዱ ንኽፃረ ምርድዳእ ተገይሩ እዩ።

ኣብዚ ምፅራይ እዚ ኣመራርሓና ዓርሱ ካብዚ ደብረኽረኽ እዚ ነፃ ኮይኑ ክሰርሕ እዩ ወሲኑ ኣትዩ። ብመሰረት እዚ ወረዳ ሓባር ኮሚቴ፣ ፀጥታ ሓለፍቲ፣ ሓለፍቲ ወረዳ፣ ምልሻ፣ ኣዘዝቲ ፖሊስ፣ ሓለፍቲ መሬትን መዓድንን፣ ኣርሚ ኮማንድ፣ ኣርሚ ኣዘዝቲ ግንባር ኮማንድ ብድምር 250 ዝኸውን ሓይሊ ተወዲቡ ኣሎ። እዚ ሓይሊ ሰብ እዚ ካብ ወረዳ ተሳሒቡ ዘይሕጋዊ ዕደና መኣድን ኣብ ፀጥታ ዘለዎ ሓደጋን ኣብ ካልኦት ጉዳያትን ገምጋምን ምርድዳእን ገይሩ ኣሎ። ካብዚ ወፃኢ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ብደቂ ወፃኢ ዓደንቲ መዓድን ዘዕለቕለቐት፣ ስርቂ፣ ወረ በላ ዝበዝሖ ሰላማን ፀጥታኣን ዝፈረሰ ዞባ ገይርካ ዝንዛሕ ወረ ግን ትክክል ኣይኮነን። ኮነ ኢልካ ነቲ ውድብ ንምልማስን መኸተና ንምሕንኻሽን ዝዓለመ እዩ።

ሐዚ እውን ነዚ ሃፍቲ ተፈጥሮ መዓድን እዚ ዝቆፃፀር ህዝቢ ትግራይ፣ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ውድብ ህወሓትን ኣካል ግዝያዊ ምምሕዳር ዝኾነ ሰራዊት ትግራይን እዮም። ነዚ ዘይሕጋዊ ዕደና መዓድን ቀልጢፍካ ኣፅሪኻ መልክዕ ንምትሓዝ በቢደረጃኡ ዘሎ መሪሕነት ብቑርፀኝነት ኣትይዎ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ማእኸል ገይሮም ዝሰርሑ ኣካላት ግዝያዊ ምምሕዳር ወሲኖም ኣትዮም ኣለው። ነዚ ውሳነ እዚ ሒዝካ በብብርኩ ዘሎ ኣመራርሓ ሓቢሩን ሰሚሩን እንተሰሪሑ እቲ ፀገም ክፍታሕ እዩ ዝብል እምነት እዩ ዘለኒ። ብቐንዱ በዓል ዋና ዝኾነ ህዝቢ ዘይሕጋዊ ዕደና መኣድን ጠጠው ኢሉ እቲ ፀገም ንኽፍታሕ ባህጊ ጥራሕ ዘይኮነ ሓቢሩ ይሰርሕ እዩ ዘሎ። እዚ ሃፍቲ እዚ ንሓድነትና ዝፈታተን፣ ህውከትን ዕግርግርን ዝፈጥር ዘይኮነስ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ዘረጋግፅ፣ ኣብ ህንፀት መሰረተ ልምዓትን ፈጠራ ዕድል ስራሕ እውን ዝለዓለ ብፅሒት ዘለዎን እዩ።

ኩሎም ዓቕምታትና ንምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነትናን ህላወናን!!

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጥዕና ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ክስገር ዝግብኦ ዘይተሰገረ ማሕለኻ

ቢሮ ጥዕና ትግራይ ኣብ ዝሓለፈ በጀት ዓመት 2017 ዓ/ም ዘዳለዎ ትልሚ፣ ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ወራር ፅንተት ዝዓነወ ስርዓት ጥዕና ትግራይ ናብ ንቡር ንምምላስን ህዝቢ መሰረታዊ ግልጋሎት ጥዕና ክረኽበሉን ብዘኽእል መንገዲ ዝተቓነየ እዩ ነይሩ። እቲ ከም ቢሮ ዝተዳለወ ዓመታዊ ትልሚ ናብ ከይዲ ስራሕቲ፣ "ኬዝ ቲማት"ን ታሕተዎት መሓውርን ክወርድ ተገይሩ እዩ። ድሕሪ እዚ መደባት 2017 ዓ/ም ውፅኢታዊ ኮይኖም ንኽፍፀሙ ዘኽእል መድረኽ ምድላው፤ ፈፀምቲ ዓቕምታት ዝበሃሉ ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈት ጥዕና ወረዳ፣ ኣማኸርቲ ዞባ ማሕበራዊ ጉዳይን ኣብ መዳይ ጥዕና ዝሰርሑ መዳርግቲ ኣካላትን፣ ገምጋምን ምይይጥን ተኻይዱ ናብ ተግባራዊ ስራሕቲ ተኣትዩ እዩ።

ብመሰረት እዚ ድማ ኣብቲ ዓመት ኣብ ዘፈር ጥዕና ትግራይ ተተሊምም ዝነበሩ ስራሕትታት ከይዲ ኣፈፃፅምኦም ንምግምጋምን ኣብ 2018 ዓ/ም ክስርሑ ብትልሚ ክትሓዙ ዝግብኦምን መደባት ዘነፅር ዓመታዊ ገምጋማዊ መድረኽ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሓምለ 2017 ዓ/ም ተኻይዱ እዩ። ኣብቲ መድረኽ ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈት ጥዕና ወረዳታት፣ ኣካይድቲ ስራሕ ሆስፒታላት፣ ሓለፍትን ኣማኸርትን ዞባ ማሕበራዊ ጉዳያት፣ ኣብ መዳይ ጥዕና ዝሰርሑ መንግስታውን ዘይመንግስታውን መዳርግቲ ኣካላት ከምኡ እውን ሰብ ዋና ውልቀ ትካላት ጥዕና ተረኺቦም እዮም። ብመሰረት እዚ ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ብፍላይ ድማ ኣብ 2017 ዓ/ም ኣብ ዳግመ ህንፀት ስርዓት ጥዕና ትግራይ ብዝተገበረ ዝተዋደደ ምንቅስቓስ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ከምዝተሰርሑ ሓላፊ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ዶክተር ኣማኑኤል ሃይለ የረድኡ።

ከምቢሮ ጥዕና ትግራይ ንፁር ዓመታዊ ትልሚ ድሕሪ ምድላው ፈፀምቲ ዓቕምታት፣ ግንዛበ ዘዕብዩ ስልጠናታት ከምኡ እውን ስራሕቲ ደገፍን ክትትልን እናተሳለጠ ፀኒሑ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላትን ትካላት ገበርቲ ሰናይን ዝተሳተፍሉ ኣብ ዝተዋደደ ወፍሪ ክታበት ንፍዮ፣ ምምሕያሽ ስርዓት ኣመጋግባ፣ ኣብ ዙርያ ስርዓተ ፆታን ስራሕቲ ጥሙር ጥዕና ኣብ ምስፋሕን ትኹረት ዝገበሩ ስራሕቲ ተሳሊጦም እዮም። ካልእ ኣብ ምእላይ ሓደጋታት ጥዕና ሕብረተሰብ፣ ኣብ ምክልኻል ረኽሲ፣ ሃንደበታዊ ማያዊ ውፅኣት፣ ተምላስን ካልኦትን ማእኸል ዝገበሩ መዕበዩ ግንዛበ ስልጠናታት ንመሰልጠንቲ ኣካላት፣ ሰብ ሞያ ጥዕና፣ ኣመራርሓን ሕብረተሰብን ክወሃብ ተገይሩ። ብዋናነት ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይን ሕብረተሰብ ብምልዕዓልን ዝዓነዋ ትካላት ጥዕና ኣብ ምፅጋንን ናብ ስራሕ ክኣትዋ ኣብ ምግባርን ዝተርአየ ስራሕ ዋላ እኳ ምሉእነት ኣይሃልዎ ውፅኢታዊ ነይሩ ምባል ይከኣል። ብፍላይ ኣብ ገጠራት ዘለዋ ትካላት ጥዕና ናብ ስራሕ ክኣትዋ ዝተገበረ ፃዕሪ ዝሓሸ እዩ። ኣብ ምምላእ ቀረብ ኣምቡላስን ናውቲ ሕክምናን እውን እወንታዊ ኣፈፃፅማ ነይርዎም። ካልእ ኣብ ምጥንኻር ባንኪ ደም ዝምልከት ኣብ ከተማ ማይጨውን ዓዲግራትን ማእኸላት ብምኽፋት ነባራት ማእኸላት ከተማ መቐለን ኣኽሱምን ሓዊስካ ናብ ኣርባዕተ ክብ ክብላ ተገይሩ ኣሎ። ዝለዓለ ዓቕሚ ዘለዎም ሰብ ሞያ ሕክምና እውን ናብ ትካላት ጥዕና ይምደቡ ብምህላዎም ግልጋሎት መጥባሕቲ ክሳብ ጣብያ ጥዕና ተኸፊቱ እዩ።

ብዘይካ እዚ ኣብ ክንክንን ግልጋሎት ሕክምናን ኣዴታትን ህፃናትን ፅቡቕ ኣፈፃፅማ ካብ ዝነበሮም ስራሕቲ ጥዕና ገሊኦም እዮም። ንኣብነት፣ ግልጋሎት ወሊድ ኣዴታት ኣብ ትካል ጥዕና ብዝሰልጠኑ ሰብ ሞያ ክዋለዳ ኣብ ምግባር ናብ 76 ሚኢታዊ ዝበፅሐ እንትኾን ምስቲ ቅድሚ ኲናት 80 ሚኢታዊ ዝነበረ እንትነፃፀር ምቅርራባት ዘለዎ እዩ። ከምኡ እውን ክትትል ድሕረ ወሊድ ካብ 21 ሚኢታዊ ናብ 96 ሚኢታዊ በሪኹ ይርከብ። ኣብዚ ዓመት ብመጥባሕቲ ዝተዋለዳ ኣዴታት 13,953 እንትኾና እዚ ድማ ቅድሚ ኲናት ካብ ዝነበሮ ሰለስተ ሚኢታዊ ናብ ሸውዓተ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚኢታዊ ሓሊፉ ዝኸደሉ ኩነታት ኣሎ። እዚ ድማ ክሳብ ታሕቲ ኣብ ዘለዋ ትካላት ጥዕና ግልጋሎት መጥባሕቲ ምሃብ ስለዝተጀመረ ዝመፀ ውፅኢት ምዃኑ ምርዳእ ይከኣል።

ካብዚ ብተወሳኺ ተበፃሕነት ስሩዕን ዘይስሩዕን ክታበት ክብ ኣብ ምባል ብዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ይመሓደራ ኣብ ዘለዋ ከባቢታት ዘለዉ ኩሎም ህፃናት ክታበት መከላኸሊ ሓሙሽተ ዓይነት ሕማማት (ፔንታቫለንት) ክረኽቡ ተገይሩ እዩ። ካልእ ሽፋን ክታበት ሕማም ንፍዮ 73 ሚኢታዊ፣ ክታበት ሓሙሽተ ዝወሰዱ ህፃናት 90 ሚኢታዊ ከምኡ እውን ሽፋን ክታበት ኣፍደገ ማህፀን 61 ሚኢታዊ ተግባራዊ ከምዝኾነ ኣብቲ መድረኽ ዝቐረበ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ 2017 ዓ/ም ቢሮ ጥዕና ትግራይ የመላኽት።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱን ካልኦት ጥንካረታትን ከምዘለዉ ኮይኖም ዓበይቲ ድኽመታትን ዘይተፈፀሙ መደባትን ድማ ነይሮም እዮም። ንኣብነት፣ ትልሚ ምጣነ ስድራ ናብ 80 ሚኢታዊ ክበፅሕ ትልሚ ተታሒዙ ዝነበረ እንትኸውን ክሳብ ሐዚ ኣብ 32 ሚኢታዊ እዩ ዘሎ። ብኣውርኡ ድማ ኣብ ምንካይ ሞት ኣዴታት ሐዚ እውን ከቢድ ሓደጋ ከምዘሎ ዘመላኽት እዩ። ኣብ 2017 ዓ/ም ጥራሕ ዞባ ማእኸል 51፣ ሰሜን ምዕራብ 37፣ ደቡብ 30፣ ደቡብ ምብራቕ 27፣ ምብራቕ 22 ከምኡ እውን ኣብ ከተማ መቐለ ትሸዓት ብድምር 186 ኣዴታት ምስ ጥንስን ሕርስን ብዝተተሓሓዘ ንሓደጋ ሞት ተቓሊዐን እየን። ከም ወረዳ ድማ ኣብ ሕንጣሎ ትሸዓተ፣ ኣፍላ ሽዱሽተ፣ ነቕሰገ ሓሙሽተ፣ ሰሓርቲ ሓሙሽተ፣ ዓዴት ሓሙሽተ ዝለዓለ ሞት ዝተርኣየለን እየን። መብዛሕቲኡ ሞት ኣዴታት ዘጋጥም ዘሎ ድማ ብሰንኪ መድመይቲ ወሊድ እንትኸውን ሐዚ እውን ዝለዓለ ሓደጋ ከምዘሎን ሞት ኣዴታት ኣብ ምቕናስ ዘይተፈትሑ ማሕለኻታት ከምዘለዉን ምርዳእ የድሊ።

ካልእ ኣብ ምሕደራ መድሓኒት ዘሎ ክፍተት ዝለዓለ ምዃኑ እዩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ዓለም ብዘሎ ሕፀረት ፋይናንስ ብፍላይ ድማ ትካል "ብዩኤስ ኤይድ" ኣቢሉ ዝግበር ዝነበረ ሓገዝ ጠጠው ምባሉ ስዒቡ ኣብ ትግራይ ዝለዓለ ሕፀረት መድሓኒት ከጋጥም ክኢሉ እዩ። ነዚ ንምፍታሕ ሕብረተሰብ ዓርሱ ንዓርሱ ክተሓጋገዝ ዕላማ ዝገበረ መስርሕ ጥዕና ንምትእትታው ዝተገበረ ፃዕሪ እውን ብናይ ኣመራርሓን ሰብ ሞያን ድኽመት ኣይተዓወተን። ስርዓት መድሕን ጥዕና ኣተኣታትዊኻ እቲ ገንዘብ ከፊሉ ክሕከም ዓቕሚ ዘይብሉ ስድራን ዓቕሚ ዘይብለን ኣዴታት ወሱን ዓመታዊ ክፍሊት ክኸፍላ ብምግባር እኹል ግልጋሎት ሕክምና ክረኽባ እንተዘይተገይሩ ትካላት ጥዕና መድሓኒት ብነፃ እናዓደላ ክነብራ ኣይኽእላን። ስርዓት መድሕን ጥዕና ተሓሳቢ ዝገበረ ስራሕ ምስራሕ ድማ የድሊ። ኣብዚ ስርዓት መድሕን ጥዕና ከምመርኣያ ዝውሰዳ ከምኒ ከተማ ሽረ፣ ወረዳታት ራያ ዓዘቦ፣ ጨርጨር፣ ነቕሰገ፣ ኣፅቢ ወንበርታን ኢሮብን ዝሓሸ ርሕቐት ዝኸዳ እየን። ስለዚ ካልኦት ወረዳታትን ከተማተት እውን ብዝግባእ እንተሰሪሐን ናብዚ ዘይኣትዋሉ ምኽንያት የለን። ስለዚ ስርዓት መድሕን ጥዕና ዕውት ዘይኮነሉ ቀንዲ ምኽንያት በቢ ደረጅኡ ዘሎ መሪሕነትን በዓል ሞያ ድኽመት ምዃኑ ምርድዳእ ከምዝተገበረሉን ኣብ ዝቕፅል ዓመት ብትኹረት ከምዝስራሕን ዶክተር ኣማኑኤል የረድኡ።

እቲ ዝተሳለጠ መድረኽ ኣፈፃፅማ መደባት 2017 ዓ/ም ብምግምጋም ትልሚ መደባት ጥዕና 2018 ዓ/ም ዝቐረበሉን ምርድዳእ ዝተገበረሉን እዩ። ብዋናነት ትሽዓተ ዓበይቲ ዕላማታት ዝሓዘ ትልሚ 2018 ዓ/ም ዝተዳለወ እንትኸውን ምምሕያሽ ግልጋሎት ጥዕና ኣዴታት፣ ህፃናት፣ ኣባፅሕን መናእሰይን ቀዳምነት ዝተውሃቦ እዩ። ብካልእ መዳይ ኣብ ምምሕያሽ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ተመሓላለፍቲ ሕማማት፤ ምምሕያሽ ዋንነት ሕብረተሰብን መባእታዊ ክንክን ጥዕናን፤ ምምሕያሽ ፅፈትን ተበፃሕነትን ግልጋሎት ጥዕና እውን ኣካል እቲ ትልሚ እዮም። ከምኡ እውን ኣብ ምምሕያሽ ምእላይ ሓደጋታት ጥዕና ሕብረተሰብ፤ ምምሕያሽ ዓቕሚ ስርዓትን ቁፅፅርን ጥዕና፤ ምምሕያሽ ቀረብ መድሓኒት፣ ናውቲ ሕክምና፣ ህንፀት መሰረተ ልምዓትን ምምሕያሽ ዓቕሚ እቶት ትካላት ጥዕናን ትኹረት ተዋሂብዎም ከምዝስርሑ እቲ ዝተዳለወ ዓመታዊ ትልሚ የመላኽት።

ብመሰረት እዚ ኣብ ምምሕያሽ ግልጋሎት ጥዕና ኣዴታት፣ ህፃናት፣ ኣባፅሕን መናእሰይን ሽፋን ግልጋሎት ትልሚ ምጣነ ስድራ ካብ 32 ናብ 70 ሚኢታዊ፣ ከምኡ እውን ግልጋሎት ትልሚ ስድራ ካብ 27 ናብ 35 ሚኢታዊ ንምብፃሕ ተተሊሙ እዩ። ነዚ ንምትግባር ድማ ምጥንኻር ፅሬቱን ፍትሓውነቱን ዝተረጋገፀ ግልጋሎት ትልሚ ምጣነ ስድራ ብትኹረት ከምዝስራሕ የረድእ። ካልእ ግልጋሎት ጥዕና ኣዴታት ኣብ ምሕላው መበል ራብዓይ ካብኡ ንላዕልን ዝግበር ክትትል ቅድመ ወሊድ ካብ 54 ናብ 66 ሚኢታዊ ምዕባይ፣ ሽፋን ብዝሰልጠነ በዓል ሞያ ግልጋሎት ወሊድ ኣዴታት ካብ 76 ናብ 80 ሚኢታዊ ምዕባይ ይርከቦ። ብተወሳኺ ድማ ሽፋን ድሕረ ወሊድ ክንክን ግልጋሎት ዝረኽባ ኣዴታት ካብ 96 ናብ 98 ሚኢታዊ፣ ብመጥባሕቲ ዝወልዳ ኣዴታት ድማ ካብ ሸውዓተ ነጥቢ ኣርባዕተ ናብ ትሸዓተ ንምዕባይ ክስርሑ እዮም። ነዞም ዝተቐመጡ ሽቶታት ንምስኻዕ ድማ ግልጋሎት ክትትል ቅድመ ጥንሲ ምጅማርን ምጥንኻርን፤ ፀገም ሕማም ፌስቱላን ምልቆ ማህፀንን ምክልኻል፣ ከምኡ እውን ኣወሃህባ ግልጋሎት ሕክምና ምምሕያሽ ቀንዲ ተግባራት ይኾኑ።

ብዘይካ እዚ ምምሕያሽ ግልጋሎት ጥዕና ኣባፅሕን መናእሰይን ምትግባር እንትኾን ክልተ ሽቶታት ኣለውዎ። እቲ ሓደ፣ ሽፋን ድሕንነቱ ዝተሓለወ ግልጋሎት ምንፃል ጥንሲ ካብ 77 ነጥቢ ኣርባዕተ ናብ 90 ሚኢታዊ ምዕባይ እዩ። ካልኣይ ድማ ሽፋን ኣብ ኣባፅሕን መናእሰይን ዘጋጥም ዘይተደለየ ጥንሲ ካብ 16 ናብ 9 ሚኢታዊ ምቕናስ ትልሚ ተታሒዙ ኣሎ። ነዚ ድማ ምቾው ናይ ኣባፅሕን መናእሰይን ግልጋሎት ጥዕና መውሃቢ ትካላት ምጥንኻርን ምስፍሕፋሕን፤ ከምኡ እውን ፍትሓውን ፅርየት ዘለዎን ድሕንነቱ ዝተረጋገፀ ግልጋሎት ምንፃል ጥንሲ ምሃብ ከምዝኾነ የረድእ።

ኣብ ክንክንን ግልጋሎት ሕክምናን ጥዕና ሓናጡን ህፃናትን ዝምልከት እውን ተነፂሩ ዝተቐመጠ ሽቶ ኣሎ። ብዋናነት ተበፃሕነት ፅርየቱ ዝሓለወ ስሩዕ ክታበት ምምሕያሽ፣ ሓደሽቲ ክታበታት ናብ ስሩዕ መደብ ምትእትታውን ብምሉእነት ምትግባርን ትኹረት እቲ ዓመታዊ ትልሚ እዮም። ሽፋን ፀገም ምትንፋስ ዘጋጥሞም ሓናጡ ኣብ ምድሓን ካብ 18 ናብ 75 ሚኢታዊ ምዕባይ፤ ሽፋን ብሕማም ረኽሲ ተታሒዞም ዝሕከሙን ዝድሕኑን ሓናጡ ካብ 31 ናብ 80 ሚኢታዊ ምዕባይ ከምትልሚ ተታሒዙ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ብሕማም ሳምቡእ ዝተጠቕዑ ሓናጡ ኣብ ምሕካምን ምድሓንን ድማ ካብ 61 ናብ 80 ሚኢታዊ ሓፍ ንምባል ተተሊሙ እዩ። ነዚ ድማ ጥዕንኡ ዝሓለወ ግልጋሎት ጥዕና ምሃብ፣ ትሑት ክብደት ዘለዎም ህፃናት ግቡእ ሙቐት ክረኽቡ ምግባርን ካልኦትን ብምስራሕ ሞት ሕንጦታትን ህፃናትን ምቕናስ ከምዝከኣል ኣብቲ ዓመታዊ ትልሚ ተነፂሩ ኣሎ። ብመሰረት እዚ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱን ካልኦትን መደባት 2018 ዓ/ም ብምሓዝ ናብ ተግባር ተኣትዩ ከምዘሎ ካብ መብርሂ ዶክተር ኣማኑኤል ምርዳእ ይከኣል።

ብድምር ቢሮ ጥዕና ትግራይ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዘሎ ሓይሊ ሰብ፣ ትካላት ጥዕናን ናውቲ ሕክምናን ብምውዳድ እንተነኣሰ ህዝብና መሰረታዊ ግልጋሎት ጥዕና ዝረኽበሉ ኩነታት ንምፍጣር ዘኽእሉ ትልሚ ሓንፂፁ እናሰርሐ እዩ። ዝዓነዉ ትካላት ጥዕና ትግራይ ብዝተወሰነ መልክዑ ናብ ስራሕ ንምምላስ ብንብረት፣ መድሓኒት፣ እታወታትን ከምኡ እውን ቀረብ ኣምቡላንስ ኣብ ምምላእ ብዝገበሮ ምንቅስቓስ ዝተባብዑ ውፅኢታት እናተመዝገቡ ይርከቡ። ኣብ ከሊ እዚ ብሕፅረት ፋይናንስን ቀረብ ናውትን ከማላእ ዝግብኦ ቀረብ መድሓኒት ካልኦትን ዓበይቲ ክፍተታት ከምዘለዉ ተነፂሩ እዩ። ብፍላይ ምትእትታው መድሕን ጥዕና ሸለል ዝተብሃለ መደብ ኮይኑ ሓሊፉ እዩ። እዚ ድማ በቢብርኩ ዘሎ ኣመራርሓ ድኽመት ምዃኑ ምርዳእን ምውሳድን ይግባእ። ስለዚ እንዓሞም መደባት ኣብ ምቕናስ ሓደጋ ሞትን ሕማምን ወሰንቲ ምዃኖም ተረዲእና ግንዛበ ኣስተምህሮ ምክልኻል ሕማማት ክህልዎን ከተግብርን፣ ካብዚ ሓሊፉ ድማ እኹል ግልጋሎት ሕክምና ክረክብ ስርዓት ጥዕና ትግራይ ናብ ንቡር ንምምላስ ብዝተዋደደ መንገዲ ክስራሕ ይግባእ።

ዶ/ር ኣማኑኤል ሃይለ
ሓላፊ ቢሮ ጥዕና ትግራይ

ቴምትስ ፈጠራ ዕድል ስራሕ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ስደት- ካሊእ ስግኣት ፅንተት...

ካብ ጠቕላላ በዝሒ ህዝቢ ትግራይ እቲ ልዕሊ 40 ምኢታዊ ዝኸውን ኣብ ክሊ ዕድመ መንእሰይ ዝርከብ ከም ዝኾነ ዝተፈላዩ መረዳእታታት ይሕብሩ። ነዚ ተሓሳቢ ብምግባር ብ 1996 ዓ.ም ከም ሃገር ኮነ ከም ክልል ፖሊሲ መናእሰይ ክቕረፅን መናእሰይ ዝጠልብዎም ፓኬጃትን ቴክኖሎጂታትን ኣብ ትግራይ ክተኣታተውን እናተገበረ መፂኡ እዩ። በዚ እውን ኣብ ትግራይ ብመንግስትን ውድብን እናተመርሐ ንኣስታት 30 ዓመታት ዝኣክል መንእሰይ ዝሳተፈሉን ዝርበሓሉን ዝተፈላለየ ኢኮኖምያዊ ውዳበታትን ዕድላት ስራሕን ብምፍጣር ኣብ ማሕበረ ቁጠባዊ ምንቅስቓሳት ኮነ ስራሕቲ ልምዓት ትግራይ ዕዙዝ ተሳትፎ ብምግባር ስሉጥ ዝኾነ ዕብየትን ለውጥን ከምፅእ ክኢሉ እዩ።

ይኹን እምበር ብሰንኪ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናት ልዕሊ መናእሰይ ዝተፈጠረ ሃሰያ ከቢድ እዩ። እዚ ድማ ኣብ መናእሰይ ተፈጢሩ ዝነበረ ቁጠባዊ ዓቅሚ እናተዳኸመ ብምኻዱ ቁፅሪ ኣብ ስእነት ስራሕ ተበራኺቱ መናእሰይ ንዘይሕጋዊ ስደት ክቃልዑ ተገዲዶም እዮም። ከም ትግራይ ድሕሪ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ክሳብ ሐዚ ልዕሊ 60 ሽሕ ዝኾኑ መናእሰይ ትግራይ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ናብ ሃገራት ስዑድ ዓረብ፣ ሊብያን ካልኦት ሃገራትን ስደት ከም ዝኸዱ። ካብ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን ትግራይ ዝተረኸበ መረዳእታ ይገልፅ። እዚ ካብ ወረዳታት ዞባ ምብራቕ፣ ደቡብ፣ ደቡብ ምብራቕ፣ ማእኸላይን ሰሜን ምዕራብን ዝተረኸበ ፀብፃብ እዩ።እዚ ፀብፃብ እዚ ካብ ዞባ መቐለን ምዕራብ ትግራይን ዝተሰደቱ መናእሰይ ኣይሓውስን። ኣብ ኩለን ዞባታት ዘካተተ ስሩዕ መፅናዕቲ እንተተኻይዱ ድማ እቲ ዘይሕጋዊ ስደት ብሰለስተ ዕፅፊ ክውስኽ ከም ዝኽእልን ኣብ መናእሰይ ብስደት ፅንተት ይበዝሕ ምህላውን ኣየማትእን።

እቲ ኣብ መናእሰይ ዝርአ ዘሎ ዘይሕጋዊ ስደት መበገሲኡ 80 ምኢታዊ ብሰንኪ ከቢድ ስእነት ስራሕን ፖለቲካዊ ቅልውላው ትግራይን ምዃኑ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን ትግራይ ምስ ዩኒቨርስቲ መቐለ ኣብዚ ዓመት ኣብ 77 ወረዳታት ትግራይ ዘካየዶ መፅናዕቲ የመላኽት። ብተወሳኺ ካብ ትግራይ ክሳብ የመን ዝተዘርግሑ ዘይሕጋውያን ደላሎን መኾብለልትን ዝፈጥርዎ ምትላል እውን ዝለዓለ ፅልዋ ኣለዎ። እዚ ንህይወቶም ውሑስና ዘይብሉ ብምዃኑ ኣብ ዝሓሰብዎ እንተይበፅሑ ፈቖዶ በረኻታት ሊብያ፣ የመንን ስዑድ ዓረብን ኣደዳ ሞት፣ ማእሰርቲ፣ ኣካላዊ መጉዳእቲ፣ ፆታዊ ዓመፅን ካልኦት ከበድቲ ስቓያትን እንትኾኑ ይረኣዩ። በዚ ድማ ኣብዚ ክልተ ዓመት ከባቢ ክልተ ሽሕ መናእሰይ ኣብ ባሕርን በረኻታት ሊብያ እንትሞቱ ከባቢ ሸሞንተ ምኢቲ መናእሰይ ድማ ኣካል መጉዳእትን ከቢድ መጥቃዕትን ከም ዝበፀሖም ፀብፃባት ቢሮ ጉዳይ መናእስይን ስፖርትን ትግራይ ይሕብሩ። እዚ ድማ ኣብ መናእሰይ ስደት ዝወለዶ ፅንተት ይበራኸት ምህላዉ ዘመላኽት እዩ።

ነዚ ኣብ መናእሰይ ኣጋጢሙ ዘሎ ከቢድ ስራሕ ስእነትን ዘይሕጋዊ ስደትን ንምክልኻልን ንምቕናስን ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ኣብዚ ክልተ ዓመት ንመናእሰይ ብግዚያውን ቀዋምን ሰፋሕቲ ስራሕ ዕድላት ከመቻቹን ኣማራፅታትን ክፈጥር ፀኒሑ እዩ። ንኣብነት፣ ንመናእሰይ ሞያዊ ስልጠና ምሃብ፣ ገንዘባዊ ልቓሕ ምትእልላሽ፣ መስርሕን መሸጥን ቦታን ካልኦት ሓገዛትን ከመቻችው ክኢሉ እዩ። በዚ መሰረት ኣብዚ ዓመት ን250 ሽሕ መናእሰይ ስራሕ ዕድል ክፈጥር ትልሚ ሒዙ ልዕሊ 50 ምኢታዊ ከም ዝፈፀመ ኣብ ቢሮ ቴክኒክ ሞያ ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ምክትል ሓላፍን መተሓባበሪ ስራሕ ዕድል ፈጠራን ኣይተ ሞላ በርሀ ይገልፁ። እዚ ንምፍፃም ከም ትግራይ ኣብዚ ዓመት ልዕሊ ሰለስተ ቢልየን ብር ልቓሕ ንስራሕ ፈጠራ፣ 108 ሄክታር መሬት ንመስርሕን መሸጥን ዝኸውን ቦታ ንመናእሰይ ተዋሂብዎም እዩ። ይኹን ደኣምበር ብኣንፃር በዝሒ ስራሕ ስኡን ግን ኣብ ኩሎም መደባት ዝተሰርሑ ዘይመጣጠንን ዘየዕግብን እዩ። ስለ ዝኾነ ኣብ ቀፃሊ 2018 ዓ.ም እቲ ቢሮ ንመካየዲ ስራሕ እኹል ባጀት ተመዲብሉ ዝሓሸ ስራሕ ዕድል ክፍጠር፣ ሓደሽቲ ዘርፍታት ስራሕ ክተኣታትው፣ ከም እድርን ዕቁብን ዝበላ ማሕበራዊ ፋይናንስ ከም መሓዙት መሓዙት መንግስታዊ ዕቋርን ልቓሕን ዝተኣታተዋሉን መንገዲ ክስራሕ ከም ዘለዎ ብትኹረት ገምጊሙ እዩ።

ብተወሳኺ እውን ሐዚ ዘሎ በዝሒ ስራሕ ስኡን መንእሰይ ኣብዚ ክልተ ወርሒ ብስሩዕ ክፅናዕ ምግባርን ንዕዕኡ ዘቃልል ሓደሽቲ ማንዋላትን ስራሕ ዕድላትን ክፈጥር ድማ ምስ መላእ መሓውሩ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዓመታዊ ገምጋማትን ምይይጣትን ኣካይዱ እዩ። ኣብ ንግዳዊ ኣወዳድባ ኣብ ስድራቤታት ቤተሰባዊ ኣወዳድባ ክተኣታተዉ፣ ኢመደበኛ ስራሕትን ሓደሽቲ ኢንተርፕራይዝን ክጣየሽን፣ ብዘይ ሕጋዊ ስደት ንዝኸዱ መናእሰይ ብሕጋዊ መንገዲ ክኸዱ ዝተኽኣለ ዝተጠናኸረ ፃዕሪ ክገብር እቲ ቢሮ ከም ትልሚ ኣአንፊቱ ኣሎ። ብተመሳሳሊ ብግዚያዊ ኣብ መዋህለሊ ካፒታል ዝተወደቡ መናእሰይ ናብ ቀዋምን ዘላቕን ክሰጋገሩን ውሑስ ዝኾነ ስራሕ ክህልዎምን ከም ዝግባእ እውን ደምዲሙ እዩ።

ብድምር ኣብ ትግራይ ብዝነበረን ዘሎን ሰፊሕ ስእነት ስራሕ ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ብ 60ታት ኣሽሓት ዝቑፀሩ መናእሰይ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ናብ ወፃእ ሃገራት ዓረብን ኣውሮፓን ተሰዲቶም እዮም።ቅድሚኡ ካብ ዝነበሩ ዓማውቲ ድማ እቲ ዘይሕጋዊ ስደት ብሰለስተ ዕፅፊ ዝወሰኸሉን ኣብ ዘተሓሳስብ ብርኪ በፂሑ ከም ዘሎ ምርዳእ ይከኣል። እዚ ብሰንኪ ስእነት ስራሕን ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናትን ዘስዓቦ ቁጠባውን ማሕበራውን ውድቀትን ፖለቲካዊ ቅልውላውን ኮይኑ ከም ህዝቢ ድማ ንትግራይ ቀፃሊ ስግኣት ብርሰት ወለዶ ኮይኑ ይቕፅል ኣሎ። እዚ ብምርዳእ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ህሉው ኩነታት ትግራይ ናብ ንቡር ንምምላስ ብቆራፅነት ክሰርሕ፣ ብዘይሕጋዊ ጉዕዞ ስደት ህይወቶም ዝስእኑን ዝፀንቱን ዘለዉ መናእሰይ ክድሕኑን ኣብ ዓዶም ሰሪሖም ክነብሩን ከልምዑን ዝኽእል ኩነታት ክፍጠር ይግባእ ንብል።

ኣብ ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ምክትል ሓላፍን መተሓባበሪ ስራሕ ዕድል ፈጠራን ኣይተ ሞላ በርሀ

ህወሓት...ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ካብቲ ሐዚ ገጢሙ ዘሎ ፈተና ንምውፃእ ንሰከንድ እውን ትኽስ ከይበለ ጠለባት ህዝቡ ክፈትሕ ብውነ ክሰርሕን ከምዘለዎ፤ ነዚ ድማ ህዝባውነቱ ብዝለዓለ መንገዲ ክጠናኸር ከምዝግባእ ኣስሚርሉ።

ፀጋታት ዘየስፍሕ፣ ድኽመታት ዘይቐትል ዝተሸኸለ ኣመራርሓ እንተልዩ ግን ከይወዓለ ከይሓደረ ብቐልጡፍ ክእለ ከምዘለዎ ዘተሓሳሰበ ተጋዳላይ ስብሓት እቲ መድረኽ ህልውና ናይ ምርግጋፅ ጉዳይ ስለዝኾነ ዝኸኣለ ዝጎይየሉ፣ ዘይከኣለ ዝሳለየሉ፣ ዝተሸኸለ ድማ ዝእለየሉ መስርሕ ውድብ ክትግበር ተላብዩ። ካብቲ ዝኣተናዮ ውድቀት ንምውፃእ ዝተኸፈለ ዋጋ ረዚን ስለዝኾነ ካብዚ ንምውፃእ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ዋላ ሓደ ሰብ ትኽስ ክብል ከምዘይብሉን ትግራይ በቲ ሐዚ ዘላትሉ ቁመና እንትዕቀን ግን እቲ ዝተኸፈለ ዋጋን እቲ ዘለናዮ ቦታን ኣፈላላዩ ሰማይን መሬትን ስለዝኾነ ቀልጢፍካ ምትዕፅፃፍ ከምዘድሊ ምዒዱ።

ተጋዳላይ ስብሓት ኣብ መብርሂኡ፤ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ኣብ ከምዚ ዝበለ ፀገም ንኽወድቕ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት እንተሃለውዎ እውን ገለ ኣብ መሪሕነት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ውድብ ህወሓትን ዝነበሩ ከም በዓል ጌታቸው ረዳን ፃድቃን ገብረትንሳኤን ዝመስሉ ክራይ ኣከብቲ ውድብ ህወሓት ናብ ብልፅግና ንምቕያር፣ ብህዝቢ ዝተመረፀ ቤት ምኽሪ "ኣማኻሪ ካውንስል" ብዝብል ብምትካእ፣ ህወሓት ብምፍራስ ምስለነ መንግስቲ ንምጥያሽ ዕማም ተዋሂቡዎም እናሰርሑ ከምዝፀንሑን እዚ ሽርሒ ድማ ብቓልሲ ኣባልን ህዝብን ምብርዓኑ ትፅቢት ዝግበር ምዃኑ ሓቢሩ።

"ኣከብቲ ክራይ ኩሉ ግዜ ድኽመታት ውድቦም፣ መንግስቶም ይጥቀሙ፤ ጥፍኣት ሓለቓኦም ድማ ከም ፀጋ ይሪእዎ" ዝብለ ተጋዳላይ ስብሓት፤ ነዚ ድማ "ዝዓነወ ገዛ ጎይታኻ ሰንከልከል እንተድኣ ኢሉ ተጠቐመሉ" ዝብል "ዲስፖቲዝም" ዝብሃል ፍልስፍና ተጠቒሞም ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ኣብ ሓደጋ ንምእታው ምስ ፀላእቲ ኮይኖም ይሰርሑ ከምዘለው እዚ ድማ "ባህርያዊ እዩ" ብምባል ኣረዲኡ። ኣስዒቡ እውን እዞም ሰባት እዚኦም ንንእሽተይን ግዝያዊ ረብሓን ክብሉ ዝተዓሰቡ ህልም ዝበሉ ክራይ ኣከብቲ ከምዝኾኑን ንዓርሶም ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ውሽጢ ውድብ ኮነ መንግስቲ ዘይተበተኸ ገመድ ክህልዎም ስለዝኽእል ቀልጢፍካ ገመዶም ብቓልሲ ክብተኽ ምግባርን ነዚ ዝሕግዝ ውሽጣዊ ፅሬት ምክያድን ኣድላይ እዩ ኢሉ።

ካብ መሰረትቲ ውድብ ህወሓት ሓደ ዝኾነ ተጋዳላይ ስብሓት ነጋ ካብቶም ንብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝመርሑ፣ ሐዚ እውን ብሙሉእ ዕድመ ኣባልነት፤ ወዲ 90 ዓመት በዓል ፀጋ ዕድመ ኮይኑ ዕድመን ጥዕናዊ ፀገማትን ዘይገደቦ ቓልሲ ብምክያድ ልኡኽ ህዝቡን ውድቡን ኣብ ምፍፃም ዝርከብ በሊሕን ካብ መትከሉ ሽተት ዘይብል ገዲም ተጋዳላይ እዩ።

ሰላምን ፀጥታን ...ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ብፍላይ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2017 ዓ/ም ዝተፈፀሙ ገበናት ቅትለትን መጭወይትን ንህዝቢ ናብ ዓብይ ስግኣት ዘእተው ብምዃኖም ብኣጋጣሚ ዘይኮነስ ነዚ ዝመርሕ ዝተወደበ ሓይሊ ስለዘሎ እዩ ዝብል ርእይቶታት ህዝቢ ኣለው ኢልና ዘቕረብናሎም ሕቶ እንትምልሱ፤ ኣብ ዘካየድዎ መፅናዕትን ዳህሳስን ዝተወደበ ሓይሊ ኣሎ ንምባል ዋላእኳ እንተዘይተኽኣለ መጋደድቲ ገበናት ዝኾኑ፣ ቅድም ክብል ብገበን ቕትለት ተጠርጢሮም፣ ዝተኣሰሩን ፍርዲ ዝረኸቡን ኣካላት ብሰንኪ ዝተፈጠረ ፅንተታዊ ኲናት ወፂኦም ዝነበሩ ካብ ማእኸል ሃገር ከይተረፈ ኣብ ከተማ መቐለ ከምዘለው ተረጋጊፁ መፅናዕትን ክትትልን ብምግባር ኣብ ቑፅፅር ሕጊ ክውዕሉ ከምዝተገበረ እቶም ሓላፊ ኣረዲኦም፡፡

ገበን ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን እንተተፈፂሙ ድማ ናይ ምፅራይ ቴክኒካል ስራሕቲ ኣብ ምስራሕ ግደ ህዝባዊ ፖሊስ ዝዓዘዘ እኳ እንተኾነ ብቑንዱ ግን እቶም ዝፍፀሙ ገበናት ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ስለዝኾኑ ህዝቢ ገበነኛታት ፈልፊልካ ኣብ ምውፃእ፣ ሰላምን ፀጥታን ከባቢኡ ትኩር ኮይኑ ኣብ ምሕላውን ንባዕሉ እውን ዓርሰ ጥንቃቐ ኣብ ምውሳድ ካብ ማንም እዋን ንላዕሊ ኣበርቲዑ ኣብ ጎድኒ ሓይልታት ፀጥታ ክሰለፍ ይግባእ ኢሎም፡፡

ንኮማንደር ሓድሽ፤ ኣብ ከተማ መቐለ ተፈጢሩ ዘሎ ምፍፃም ከበድቲ ገበናት፣ ኣብ ህዝቢ ዘሎ ስግኣትን ጥርጣረን እቲ ኩነታት ካብ ቁፅፅር ሓይልታት ፀጥታ እዛ ከተማ ወፃኢ እዩ ምባል ይካኣል ዶ? ዝብል ሕቶ ኣቕሪብናሎም እንትምልሱ ድማ፤ ኣብ ከተማ መቐለ ቅድም ክብል ይፍፀሙ ካብ ዝነበሩ ገበናት ብዓይነቶምን ብትሕዝትኦምን ፍልይ ዝበሉ ከም ሰብ ጨዊኻ ገንዘብ ምሕታት፣ ምኹብላል ሰብን ካልኦትን ሓደሽቲ ገበናት ይፍጠሩ ብምህላዎምን ኣብ ሓይሊ ፀጥታ እውን ኣብ ምክልኻል ገበናት ዘሎ ናይ ሓለዋ ብልሓት ምጉዳልን ዝወለዶ እንተዘይኮይኑ ካብ ቁፅፅር ሓይልታት ፀጥታ ከተማና ክኸውን ኣይኽእልን ክብሉ ኣገንዚቦም፡፡

ኣብ ከተማ መቐለ 33 ጣብያ፣ 178 ቀጠና፣ 847 ብሎክ ከምዘሎን ኣብዚኦን ውዳበታት ፈጢርካ ማሕበረሰብ ዘሳተፈ ሓለዋ ሰላምን ፀጥታን ብምክያድ፤ ምስ መናእሰይ፣ ደቂ ኣንስትዮን ዓበይቲ ዓድን ዝተጀመሩ መድረኻት እውን ኣጠናኺርካ ብምቕፃል፣ ዝረአ ዘሎ ፀገም ፀጥታን ስግኣት ድሕንነትን ብምፍታሕ ውሑስ ሰላምን ፀጥታን ንኽህሉ ይስራሕ ምህላው ኮማንደር ሓዱሽ ሓቢሮም፡፡

እቶም ዝፍፀሙ ዘለው ገበናት ተሽከርከርቲ ባጃጅ፣ መኪናን ዝሳተፍሉ መሳርሒ ገበን ዝኾኑ ሽጉጥ፣ ገጀራን ካራን ተጠቒሞም ዝፍፀሙ ዘለው ከምዝኾኑ ዝሓበሩ እቶም ሓላፊ ብዝተገበረ ክትትልን ፈተሻን ዛጊድ ሓሙሽተ ተሽከርከርቲ ኣብ ቁፅፅር ሕጊ ከምዝወዓላ ኮማንደር ሓዱሽ ኣፍሊጦም፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ስምሪትን ታርጋ ቑፅርን ዘይብለን ተሽከርከርቲ ከይንቀሳቐሳን፤ ብቐፃሊ ድማ ሰለስተ እግረን ተሽከርከርቲ ባጃጅ ፃዕቒ ምንቅስቓስ ትራፊክ ብስፍሓት ኣብ ዝረኣየሉ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ወፂአን ኣብ ወሰና ወሰን መስመር እቲ ከተማ ክሰርሓ መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ ኣገንዚቦም፡፡

ፀገም ፀጥታ እንተሃለወ እውን ኣብ ሕብረተሰብ ራዕዲ ስግኣትን ጥርጣረን ንምፍጣር ኮነ ኢልካ ዝንዛሕ ናይ ሓሶት ወረታት ከምዘለው ዝገለፁ እቶም ሓላፊ ዛጊድ ፖሊስ ብዝገበሮ ምፅራይ ኣብ ፌደራል ሆስፒታል ዓይደር ዝሰርሕ ተጨውዩ ዝተብሃለ ሓደ ዶክተር ኣዲስ ኣበባ ምስ ስድርኡ ከምዘሎ፤ ካብ ኲሓ ድማ ወዲ 16 ዓመት ምኽንያቱ ብዘይተፈለጠ ምኽንያት "ካብ ገዛ ወፂኡ ጠፊኡ" ዝተብሃለ ቆልዓ እውን ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ማይ ፀብሪ ተረኺቡ ናብ ስድርኡ ከምዝተመለሰን ካልእ ሳልሳይ ሰብ እውን ብተመሳሳሊ ብሰላም ከምዘለው ፖሊስ ብዝገበሮ ምፅራይ ከምዘረጋገፀ ገሊፂ ገይሮም፡፡

ሰላም መትከላዊ እምነት ህዝቢ ትግራይ እዩ!

ዓውደ ሕርሻ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

መሓንቕ ዕብየት ሕርሻ ከተማ...

ዘፈር ልምዓት ሕርሻ መሰረት ዘመናዊ ምዕባለ ኢንዳስትሪን ቁጠባን ሓንቲ ዓዲ ምዃኑ ስትራተጂክ ፖሊሲ ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ትፈጥሮን ትግራይ ብንፁር የረድእ። ካብዚ ስትራተጂክ ፖሊሲ ዝብገስ ልምዓት ሕርሻ ከተማን ገጠርን ተቐሪፁ ኣብ ተግባር ብምእታዉ ኣብ ዝሓለፉ 27 ናይ ሰላምን ልምዓትን ዓመታት ርኡይ ለውጢ ካብ ዝተመዝገበሎም ዘርፍታት ቁጠባ ብቀዳምነት ይስራዕ። ኣብዚ ስእነት ስራሕ ከተማታት ኣብ ምቕናስን ተጠቃምነት መናእሰይ ኣብ ምብራኽን ልምዓት ከተማ ሕርሻ ተጠቃሲ እዩ። ሐዚ እውንዘፈር ልምዓት ከተማ ሕርሻ እናሰፍሐን ውፅኢት እናረጋገፀን ኣብ ከተማታት ትግራይ መቐይሮ ነጥቢ ቑጠባዊ ዓቕሚ እናኾነ ይኸይድ ምህላዉ ብተግባር እናተርአየ ይርከብ። ካብዚ ብምብጋስ ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ኣብ ልምዓት ከተማ ሕርሻ ብፍላይ ድማ ኣብ ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳ ዝስርሑ ዘለዉ ስራሕትን ተጠቃምነት መናእሰይ እንታይ ከምዝመስልን ከምዝዕብ ዳህሲስና ኣዋዲድናዮ ኣለና።

ስራሕቲ ልምዓት ከተማ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ኩለመዳይ እንትኸውን ብፍላይ ኣብ ምርባሕን ምህጣርን ከፍቲን ጤለበጊዕን፣ ፀባን ውፅኢት ፀባን፣ ምርባሕ ደርሁ ከምኡ እውን ምርባሕ ንህቢ ብትኹረት ካብ ዝስርሐሎም ዘለዉ ቀንዲ ስራሕቲ እዮም። ብመሰረት እዚ ኣብታ ከተማ ካብ ዘለዋ ሓሙሽተ ጣብያታትኣብተን ኣርባዕተ ክላስተር ምርባሕከፍትን ምስሳን ፀባን ኣለወን። ከምኡ እውን ክላስተር ምህጣር ጤለ በጊዕ፣ ደርሁን ንህብን ብንፁር ተፈልዩ ኣብ ስራሕቲ ከተማ ሕርሻ ዝነጥፉ መናእሰይ ተጠቀምቲ እናተገበረ ከምዝርከብ መተሓባበሪት ከይዲ ስራሕ ከተማ ሕርሻ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ወ/ሮ ክብራ ብርሃነ የረድኣ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ዝለዓለ ምህርቲ ፀባ ዝህባ ልዕሊ 3,500 (ኤች ኤፍ ዝበሃላ) ዝተዳቐላ ዓሌየት ክፍቲዘለዋ እንትኾና ዘሎ ጠለብ እውን ሰፊሕ እዩ። ንኣብነት፣ንከባቢ 853 ዝኾኑ ኣብ ምርባሕ እንስሳን ውፅኢት ፀባን ከዋፈሩ ዝደልዩ መናእሰይ መስርሒ ቦታ ክወሃቦም ኣብ ምሕታት ይርከቡ። ነዚ ንምፍታሕ ድማ ቤት ማዘጋጃ እታ ከተማን ምምሕዳር ወረዳ ታሕታይ ቆራሮን ብምርድዳእ መስርሒ ቦታ ንምሃብ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ምርባሕ ደርሆ፣ ምህጣር ከፍትን ጤለ በጊዕን ከምኡ እውን ኣብ ምርባሕ ንህቢ 195 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 540 ተጠቀምቲ ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ ተዋፊሮም ኣለዉ። እዚኦም ኣብታ ከተማ ዘሎ ሕፅረት ቀረብ ፀባን ውፅኢት ፀባን ከምኡ እውን ስጋ ኣብ ምምላእ እዉን ዝለዓለ ግደ ኣለዎም። ስለዚ ከም ከተማ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ ዝለዓለ ረብሓ ከምዘለዎ፣ ሰፊሕ ዕድል ስራሕዝፈጥር ምዃኑን ብምርዳእ ቆላእታ ተወሂብዎ ኣብ ምሰራሕ ከምዝርከብ ምርዳእ ይከኣል።

ይኹን እምበር ነዚ ዘፈር ልምዓት ዝድግፍን ክትትል ዝገብርን በዓል ሞያ ኣብ ምምዳብ ፀገም ከምዘሎ ይገልፃ። እቲ ፀገም ካብ ኣወዳድባ ከተማ ሕርሻ ዝነቅል እንትኸውን ከምከይዲ ስራሕ ተፀዋዕነቱ ናብ መን ከምዝኾነ ብንፁር ኣየቐምጥን። ኣብታ ከተማ ኣብ ልምዓት ሕርሻ ዝስራሕ ስራሕ እኳ እንተሃለወ ስሩዕ መሓውር ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ግና የብሉን።ካብዚ ብተወሳኺ ሕፅረት ሓይሊ ሰብ ኣሎ።ኣብዚ ሐዚ እዋን መተሓባበሪትን ክኢላ እንስሳንብድምር ክልተ ሰብ ሞያ ጥራሕ እዮም ዘለዉ። ሓኪም እንስሳን ኪኢላ መስኖን የለን። እንስሳት ብዘመናዊ መንገዲ ክዳቐላ ይግባእ። ይኹን እምበር ሰኣን መዳቐሊ በዓል ሞያን ዝሐሸ ጨገረት ዘለዎ ዘርእን ካብ ባህላዊ ሜላ ምርባሕ ከምዘይወፁ እተን መተሓባበሪት ይገልፃ።

መፍረይነት ደርሁ ኣብ ከተማ ይከኣል!

ካልእ ሕፅረት መስርሒ ቦታ ብምህላዉ ልዕሊ 30፣ 40 ፀባ ላሕሚ እንስሳ ዝሓዙ ተጠቀምቲ ናብ ብርኪ ኢንቨስተር ክሰጋገሩ እናተገበኦምን ድልየት እናሃለዎምን ክተኣናገዱ ኣይከኣሉን። ነዚ ናይ ስግግር ስርዓት ንምትእትታው ዘኽእል መስርሕእውን የለን። ንኣብነት፣ ኣብ ካልኦት ዘፈር ደቀቕትን ኣናእሽተይን ትካላት ዝተዋፈሩ ኣካላት ብውዳበታት ኣቢሎም ናይ ባዕሎም መሬት ብሊዝ ክወስዱን ክሰጋገሩን ዝፈቅድ መምርሒ ኣሎ። ኣብ ሃፍቲ እንስሳ ግና ነዚ ዝሓቁፍን ሕቶ ተጠቀምቲ ዝምልስን መምርሕን ኣሰራርሓን የለን። እዚ ድማ ብሰንኪ ፅበት መንበሪ ቦታ ዝለዓለ ጥቕሚ ዝህበኦም ፀባ ኣላሕም ክሸጥወን ይግደዱ ምህላወን እየን ወ/ሮ ክብራ ዝሕብራ።

ኣብ መዳይ ቀረብን ጠለብን ዘሎ ምትእስሳር እንትርእ ፀባን ውፅኢት ፀባን መብዛሕቲኡ ግዜ ስእነት ዕዳጋ ዘጋጥም ኣብ እዋን ፆም ጥራሕ እዩ። ካብዚ ወፃኢ ሕፅረት ቀረብ ፀባ እምበር ሕፅረት ዕዳጋ የለን። ኣብታ ከተማ ፀባን ውፅኢት ፀባን ዝሸጡ መብዛሕቲኦም ናይ ባዕሎም ፀባ ከፍቲ ዘለዎኦም እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ብውልቆም ካብ ዕዳጋ ዝተረፈ ፀባ ተወሰኽቲ ፃዕርታት ብምግባር ናብ "ቺዝን" ካልኦት ውፅኢት ፀባን እናቐየሩ ናብ ዕዳጋ ዘቕርቡ ኣለዉ። ኣብዚ ከምከተማ ተወዲቦም ዘመናዊ ማሽን ክዕድጉን ፀባ "ፕሮሰስ" ገይሮም ከቕርቡን እናተሰርሐ እዩ። ብመሰረት እዚ ድማ እቶም ኣብ ምርባሕ እንስሳ፣ ምስሳን ፀባን ውፅኢት ፀባን ዝተዋፈሩ ተጠቀምቲ ሓደ "ዩንየን" ብምፍጣር ዘመናዊ ማሽን ዘተኣታትውሉ ከይዲ ጀሚሮም ከምዘለዉየረድኣ።

መንእሰይ ሓበን ኪዱ ኣብ ምርባሕ ደርሁን ዝተዋፈረ ነባሪ ከተማ ሽረ እንዳስላሴን እዩ። መንእሰይ ሓበን ብደረጃ ካልኣይ ዲግሪ (ማስተር) ዝተመረቐ እንትኸውንዕድል ስራሕመንግስቲ እንተይተፀበየ ኣብ 2008 ዓ/ም ካብ ማይክሮ ፋይናንስ ኣደዳይ ብዝረኸበን 10,000 ብር ልቓሕ ምርባሕ ደርሁ ጀሚሩ። ብሰንኪ እቲ ኲናት ስራሕቱ ተቛሪፁ ዝነበረ እንትኾን ኣብ መጀመርታ 2017 ዓ/ም ዳግማይ ናብ ስራሕ ተመሊሱ እዩ። ስለዝኾነ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ናይ ስጋን እንቋቑሖን ከምኡ እውን ኣብ ምዕባይን ምክፋፋልን ጨቓዊት ይነጥፍ ኣሎ።ብመሰረት እዚ ልዕሊ ክልተ ሽሕ መውደቕቲ፣ ልዕሊ 10 ሽሕ ጫቕሳት ከምኡ እውን ናብ ክልተ ሽሕ ዝኾና ናይ ስጋ ደርሁ ኣለዋኦ። ኣብ ምትእስሳር ዕዳጋ እዚ ዝበሃል ፀገም ከምዘየለ ዝገልፅ መንእሰይ ሓበን ናብ ከባቢ ሰለስተ ሚልዮን ዝኸውን ሃፍቲ ወኒኑ ይርከብ። ልዕሊ 10 ወገናት ብቀዋሚነቢ መዓልቱ ድማ ክሳብ 10 ዝኾኑ ወገናት ግዝያዊ ስራሕ ዕድል ከምዝፈጠረ የረድእ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ቀረብ ልቓሕ ፀገም ከምዘሎ፤ ብዘይካ ከምኒ ደደቢትን ኣደዳይንትካላት ፋይናንስ ካልኦት ባንክታት ልቓሕ ክህባ ስለዘይከኣላ ዓቕሞም ኣዕብዮም ተወሰኽቲ ምህርቲ ንከየፍርዩ ዕንቅፋት ይኾኖም ከምዘሎ ይገልፅ። ካብዚ ሓሊፉ ግና ኣብ መስርሒ ቦታ ዝነበረ ፀገም ምምሕዳር እታ ከተማ እወንታዊ ምላሽ ከምዝሃቦም፣ ንምስፍሕፋሑ ዘዐንቅፎ ነገር ከምዘየለን ሰብ ሞያ ሕርሻ ከተማ ሽረ እውን ዘድሊ ደገፍ ከምዝገብርሉን የገንዝብ። "መናእሰይ ትግራይ ናብ ስደት ኣብ ክንዲ ምኻድ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ሃፍትን ዕድል ስራሕን ክፍትሹ ኣለዎም።ዋላ እኳ ብዙሕ ዓንቀፍቀፋት እንተሃለዉ ንዝምልከቶም ኣካላት ብዝግባእ ብምሕታትን ብምርድዳእን ኣብ ዓዶም ኮይኖም ናብርኦም ዝመርሕሉ ኩነታት ምፍጣር ይከኣል እዩ" ድማ ይብል። ኣካላት መንግስቲ እውን ንመናእሰይ ዕድል ስራሕ ኣብ ምፍጣር ትኹረት ክገብሩ፣ ዘጋጠምዎም ፀገማት ኣብ ምፍታሕ ይኹን ኣብ ምልዕዓል ብዕቱብ ክሰርሑ ከምዝግባእ መልእኽቱ የመሓላልፍ።

ካልእ ኣብ ምርባሕ ላሕሚ፣ ፀባን ውፅኢት ፀባን ተዋፊራ ዝረኸብናያ ወ/ሮ ኣበባ ዳምጤ እያ። ኣብ 2017 ዓ/ም ብክልተ ከፍቲ ምርባሕ ፀባን ውፅኢት ፀባን ጀሚራ። ምርባሕ ከፍቲ ዝለዓለ ጥቕሚ ከምዘለዎን ካብዚ ብእተረኸቦ ኣታዊ ናብርኣ ትመርሕን ክልተ ደቃ ተምህርን ከምዘላን ትገልፅ። ይኹን እምበር ኣብዚ ሐዚ እዋን ዓብዪ ሕፅረት ምግቢ ከፍቲ ከምዘሎ፣ ኣብ እዋን ፆም እውን ዘፍረየቶ ፀባ ዕዳጋ ስለዘይርከብ ዝበላሸወሉ ኩነታት ሰፊሕ ምዃኑ ተብርህ። "ፀባ እንተዘይተሸይጡ ድማ ቀለብ ከፍቲ ንምዕዳግ ኣፀጋሚ እዩ። ነዚ ንምፍታሕ ብማሕበር ተወዲቦም ዘመናዊት ማሽን ንምዕዳግ እኳ ምንቅስቓስ እንተሃለዉ ክሳብ ሐዚ ግና ኣብ ተግባር ኣይወዓለን። ፀባ ከፍቲ ከምዝምገብካየን እየን ፀባ ዝህባኻ ግን ድማ ፀባ ሸይጥና ቀለብ እንተዘይተገዚኡለን ዝተማልአ መጠን ፀባ ናይ ምሃብ ዕድለን ትሑት እዩ። ስለዚ እታ ማሽን ቀልጢፋ እትመፀሉን ናብ ተግባር እንሰጋገረሉን ኩነታት እንተዝፍጠር" ትብል።

ተጋዳላይ ዮሴፍ ሚላው፣ብመንግስቲ ኣብ ዝተዳለወሉ መስርሒ ቦታን ብልቓሕ ብዝረኸቦ ገንዘብን ተጠቒሙሓንቲ ላሕሚ ብምዕዳግ ኣብ 2009 ዓ/ም ኣብ ምርባሕ ከፍቲ ተዋፊሩ ፀኒሑ። ኣብ ትግራይ ብዝተፈፀመ ኲናት ዕንተት ስርሑ ገዲፉ ናብ መኸተ ዝወፈረ እንትኸውን ድሕሪ ውዕሊ ፕሪቶርያ ናብ ስራሕቲ ምርባሕ እንስሳ፣ ምስሳን ፀባን ውፅኢት ፀባን ከምዝተመለሰ ድማ የዘኻኽር። ኣብዚ ሐዚ እዋን ሰለስተ ከፍቲ ዋላ እኳ እንተሃለዋኦ ብሰንኪ ሕፅረት ቀለብ ግና ሓንቲ ላሕሚ ክሸይጥ ተገዲዱ እዩ። ብሓፈሻ ግና ኣብ ከተማታት ዝትግበር ምርባሕ ከፍቲ ብጣዕሚ መዋፃኢይን ኣብ ዝሓፀረ እዋን ውፅኢት ዝርከበሉ ምዃኑ ግና ይገልፅ።

ይኹን እምበር ኣብታ ከተማ ብዙሓት ሃፍቲ እንስሳ ዋላ እኳ እንተሃለዋ ብመንግስቲ ዝወሃቦ ጠመተ ብጣዕሚ ትሑት ምዃኑ የገንዝብ። ንኣብነት፣ ኣብ ምድቓል ይኹን ሕክምና በዓል ሞያ የለን። ካብዚ ዝብገስ ሰኣን ሓኪም ከፍቲ ይሞትኦም ከምዘለዋ፤ ዘለዎኦም ከፍቲ ብዘመናዊ መንገዲ ንምድቓልን ዘርኢ ንምሃብን ከምዝፅገሙንብብዕራይ ከስርሩ ከምዝግደዱን የረድእ። ብዘይካ እዚ ሕፅረት ቀለብን ኣብ እዋን ፆም ድማ ስእነት ዕዳጋ ፀባን የጋጥሞም እዩ። እዚ ድማ ኣብ ምርባሕ ከፍቲ ዝተዋፈሩ ኣካላት ብማሕበር ተወዲብካ ዘይምንቅስቓስ ዝፈጠሮ እንትኾን ኣብዚ ሐዚ እዋንዘመናዊ ማሽን ንምትእትታው ብዩንየን ዝተጀመረ ስራሕ ከምዘሎን ተስፋ ከምዘለዎምን ይገልፅ።

ብድምር ኣብ ከተማ ሽረ ዘሎ ምንቅስቓስ ከተማ ሕርሻ ዝሐሸን ተጠቃምነት መናእሰይዘረጋግፅ ዘሎን ዘፈር ልምዓት እዩ። ኣብ ገጠር ዘይርከብ ምርባሕ እንስሳ፣ ምስሳን ውፅኢት ፀባን ኣብ ከተማታት ኣሎ። ይኹን እምበር ነዚ ዝድግፍ ዘስርሕ ኣወዳድባንመሓውርን የብሉን። ከተማ ሕርሻ ተፀዋዕነቱ ናብ መን ምዃኑ ብንፁር ዝተቐመጠ ብዘይምዃኑ ኣብ ክትትሉን ድጋፉን ብጣዕሚ ይፅገሙ ኣለዉ እዮም። ሓይሊ ሰብ ኣብ ምምላእ እውን ዝለዓለ ክፍተት ከምዘሎ ምርዳእ ይከኣል። ስለዚ ኣብ ከተማ ሕርሻ ዘሎ ፀገማት ብምርዳእ ዝምልከቶ ኣካል ምትዕርራይ ዝግበረሉ ኩነታት ክፍጠር ይግባእ።

ኩሎም ኣማራፅታት ማይ ብምጥቃም ድርቅን ጥምየትን ንከላኸል!

ዝክረ መለሰ

ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ፣ ንልምዓት ብምርምርን ንፁር ስትራቴጂን ዝመርሐ ህዝባዊ መራሒ!!

መበል 13 ዓመት ዝኽሪ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ፤ ፕረዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ፣ ብርክት ዝበሉ ላዕለዎት ኣመራርሓ ዉድብ ህወሓት፣ ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ፣ መቓልስቱ፣ ምሁራትን ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተብን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ከተማ መቐለ ብዝለዓለ ድምቀት ተዘኪሩ።

ብኣዳላዉነት ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊ፣ "ዝኽሪ መለስ ንሰላምን ሓድነትን" ብዝብል መሪሕ ቃል ኣብ ዝተኻየደ መድረኽ ዝኽሪ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ብብፆቱን መቓልስቱን መዋእል ታሪኽ ቃልሲ ጅግንነትን መስዋእትነትን መለስ፥ ህዝባዊ ፍቕሩን ሓልዮቱን፥ ኣብ ሰላምን ሓድነትን ህዝብታት፥ ኣብ ልምዓትን ተጠቃምነትን ህዝቢ፣ ኣብ ዲፕሎማስን ምሕዝነትን ዝነበሮ መሪሕ ግደ ዘንፀባርቑ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ቀሪቦም።

ኣብቲ መድረኽ ዝኽሪ ተረኺቦም መደረ ዘስምዑ ፕረዚንነት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሌ/ጀነራል ታደሰ ወረደ፣ ተጋዳላይ መለስ ኣብ እዋን ፀበባ፣ ንኹነታት ብብስለት ብምትንታን መዋፅኣታትን ስትራተጅታትን ብምሕንፃፅ ኩሎም ዓቕምታት ኣኪቡ መፍትሒ ናይ ምቕማጥ ጥበብ ዝወነነ መራሒ ምንባሩ ገሊፆም።

"መለስ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝነበረና ሽግራት ብምፍታሕ ነቲ ኣማዕዲና እንሪኦ ዝነበርና ዓወት ኣብ ምብፃሕ ዓብይ ግደ ነይርዎ" ዝበሉ ፕረዚደንት ታደሰ፤ ኣብ 1993 ዓ/ም ኣጋጢሙ ዝነበረ ፀገም ኣብ ምፍታሕን ነታ ውድብ ሒዙ ኣብ ምቕፃልን ዝነበሮ ብልሓትን ብቕዓትን ኣዝዩ ልዑል ነይሩ፤" ኢሎም።

ፕረዚዳንት ታደሰ ብተወሳኺ፤ "ነቲ ሐዚ ኣጋጢሙና ዘሎ ፀገም እውን ካብ ናይ መለስ ተመክሮ ብምውሳድ፤ መለስ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ብህይወት እንትዝህሉ ነቲ ኣጋጢሙና ዘሎ ፀገም ዓቕምታት ትግራይ ኣኪቡ ከመይ ምፈትሖ ነይሩ? ኢልካ ምርኣይ የድሊ" ኢሎም፡፡ ነዚ ሌጋሲ ብምውሳድ ፀገማትና ንምፍታሕ ተወዲብካ ምስራሕ ከምዘድሊ እውን ሓቢሮም።

ኣብቲ ዕለት ዝኽሪ፤ ኣብ መዋእል ቃልስን ብልሒ መሪሕነትን ኣመልኪቱ መበገሲ ፅሑፍ ዘቕረበ ሜጀር ጀነራል ክንፈ ዳኘው ብወገኑ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ልምዓት ብምርምርን ንፁር ስትራቴጂን ዝመርሐን ኣብ ባይታ ዝካየዱ ስራሕቲ ብቐረባ ዝከታተተልን መራሒ ምንባሩ ኣረዲኡ። ተጋዳላይ መለስ ከምተመራማራይን ስትራቴጂስትን ነብሲ ወከፍ ስራሕ ብዓብይ ትኹረት ዝከታተል፣ ብዝዓበየ ኣብ ዕንቅፋታት ብምትኳር ነቶም ዕንቅፋታት ድማ ብምርምር መፍትሒ ዘቐምጥን ብሉፅ መራሒ ምንባሩ ዝገለፀ ጀነራል ክንፈ ፣ ንኽርዳእ ዝሰምዕ፣ ዘንበቦን ዝሰምዖን ኣዋሂዱ ዝሰርሕን ፀገማት ብምልላይ፣ እናተንተነ መፍትሕታት ዘቐምጥ መራሒ ብምዃኑ "ኣመራርሓ ትግራይ ካብዞም ብልጫታት መለስ ክንመሃረሉ ይግባእ" ኢሉ።

ካብዚ ብተወሳኺ ዲሞክራስያውነትን ልምዓታውነትን ክወሃሃዱ ዝገብር ስነ ሓሳባዊ ምዕባለ ዘምፀአ፣ ከምስርዓት ድማ ልምዓታዊ ስርዓት ክህነፅ፥ ልምዓታውነት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝስረሐሉ እዋን እውን ንዓለም ነቶም ኣብ ዕንይንይ ዝነበሩን ፅልግልግ ዘበሎምን ሃገራትን ዓለምለኸ ትካላትን ማእኸል ዓውደ መፅናዕትን ሰልፍን ክትከውን ከም ዝገበራ ኣብ መፅናዕታዊ ፅሑፉ ኣረዲኡ።

ጀነራል ክንፈ ኣብ መዛዘሚ ሓሳቡ፣ ተጋዳላይ መለስ" ነዚ ብልጫ ክሕዝ ዝገበሮ ህዝባውነቱ፣ ተጋዳላይነቱ፣ ምእንተ ህዝቢ ኩሉ ዋጋ ክኽፍል ድልው ስለዝኾነን እዩ" ምስ በለ ከምመለስ ንምዃን ተጋዳላይ ምዃን፣ ህዝቢ ሒዝካ ኩሉ ከምዝስራሕ ኣሚንካ ፀገማት ህዝቢ ንምፍታሕ ምቅላስ ከምዘድሊ ምዒዱ።

"ሐዚ ኣብ ፀገም ኣለና፣ ኮይኑ ግና ፀገምና ሓቢእና ንሰግሮ ፀገም ስለዘየለ ዓበይቲ ሕሉፋት ሌጋሲታት ተጋዳላይ መለስ ብምጥቃም ዘለና ዓቕሚ ወዲብና ፊት ንፊት ንፀገማትና ንግጠም" ዝበለ ጀነራል ክንፈ ነዞም ፀገማት ኣለሊና መዋፅኣታትና ብዝግባእ ድሕሪ ምርዳእ ኩሎም ዓቕምታትና እንተወዲብና ክንዕወተሉ ኢና" ክብል ገሊፁ።

ኣብቲ መድረኽ ዝኽሪ ኣብ ምግዳልን መንግስታዊ ስራሕትን ተጋዳላይ መለስ ዝነበሩ ክብርታት፣ መትከላትን ተመኩሮታትን ኣመልኪቱ መበገሲ ፅሑፍ ዘቕረበ ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴ ውድብ ህወሓት ዶ/ር ተኽላይ ተስፋይ፣ ተጋዳላይ መለስ ርሑቕ ኣሚቱ ዝመርሖን ስትራተጂካዊ ምዕባለ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነስ ብብርኪ ኣፍሪካ ክህሉ ዝግብኦ ኩለመዳያዊ ልምዓት ዝኣመተ መራሒ ምንባሩ ኣብሪሁ። መለስ፣ ክሳብ ሕልፈተ ህይወቱ ንውልቃዊ ናብራኡ ከይተገደሰ መዋእሉ ንህዝባዊ ስራሕ ዘወፈየ፤ ኩለ መዳይ ብቕዓትን ክእለትን ዝወነነን ሰባት ናይ ምእማን ዓቕሚ ዝነበሮን መራሒ ምንባሩ ዝመስከረ ዶክተር ተኽላይ በቢዓመቱ እንዝክሮ ስራሕቱ፣ ክብርታቱ፣ መትከላቱን ተመኩሮታቱን ብዝግባእ ተረዲእና ከም እታወት መፍትሒ ህልዊ ፀገማትና ክንጥቀመሉ ከምዝግባእ ሓቢሩ፡፡

ተሳተፍቲ ፓነል መበል 13 ዓመት ዝኽሪ መስዋእቲ ተጋዳላይ መለሰ ዜናዊ(ከተማ መቐለ)

ዶክተር ተኽላይ ኣብ መዛዘሚ ፅሑፉ ካብቲ ገጢሙና ሓደጋ ንምውፃእ ድማ እስትራተጂካዊ ትልሚ ብምሕንፃፅ ተጎዲኡ ዘሎ ሓድነትና ንምምላስ ኣብ ሓድነትና ትኹረት ገይርና ኣብ ብሄራዊ ረብሓ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ሓቢርና ብምዕሳል ዘሎ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ብሰላማውን ፖለቲካውን ቃልሲ ብምግባር ክንፈትሖ ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቡ፡፡

ባሕቲ ግንቦት 1947 ዓም ካብ ወላዲቱ ወ/ሮ ኣለማሽ ገብረ ልዑልን ወላዲ ኣቦኡ ኣይተ ዜናዊ ኣስረስን ኣብ ከተማ ዓድዋ ዝተወለደ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ ሃገረ ቤልጅየም ከተማ ብራስልስ ሕክምና ክከታተል ድሕሪ ምፅንሑ 14 ነሓሰ 2004 ዓ/ም ምስውኡ ይዝከር፡፡

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ፈተናታት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር!

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ መምህር ገ/መድህን ወ/ጅወርግስ

ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ካብ ፀላእቲ ዝተረፈን ስብርባር ናውቲ ትምህርቲ ፀጋጊነን ናብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንክምለሳ ብዙሕ ፃዕሪ ከምዝተገበረ ይፍለጥ። ብመሰረት እዚ ካብ ወርሒ ሚያዝያ 2015 ዓ/ም ጀሚረን ብውሱን ዓቕመንን ብዙሕ ክፍተታተንን ናብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣትየን እየን። ድሕሪኡ እውን ተምሃሮ ኣብ ዓመት ክልተ ደረጃ ክፍሊ ዝሓልፍሉ ዝተሳለጠ መርሃ ግብሪ ትምህርቲ ተዳልዩ እናተሰርሐሉ መፂኡ እዩ። ስለዝኾነ እውን ተምሃሮ ትግራይ ብሰንኪ ኲናት ዝባኸነ ግዜኦም ብምክሕሓስ ንዕድሚኦም ዝምጥን ደረጃ ትምህርቲ ንክበፅሑ ዓብዪ እጃም ነይርዎ። ካብዚ ብምብጋስ ናይ ሎሚ መደብና ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ኣብ ዘበነ ትምህርቲ 2017 ዓ/ም ዝነበረ ኣፈፃፅማ ከይዲ ትምህርቲ፣ ዝነበሩ ጥንኩርን ድኹምን ጎኒ ከምኡ እውን ንቐፃሊ ዓመት (2018 ዓ/ም) ዝተትሓዙ ኣንፈታትን ዝግበር ዘሎ ምድላዉን ዝምልከት ከምዝስዕብ ዳህሲስና ኣዋዲድናዮ ኣለና።

ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ካብ ሞት ንፁሃን ወገናት ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ መሰረተ ልምዓት ዝበፅሖ ዕንወትን ጉሕለትን ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ኣብ ከተማ ሽረ 13 መንግስታውን ሽዱሽተ ውልቀን ብድምር 19 ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። እዘን መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ካብቲ ህንፀአን ወፃኢ ዝነበረን ሃፍትን ንብረትን ምሉእ ብምሉእ ዓንዩን ተጓሒሉን እዩ። ከምዝፍለጥ ቅድሚ ኲናት ዝተማልአ ቤተ ንባብ፣ ቤተ-ፈተነ (ላብራቶሪ)፣ ወንበር ኮታስ ንሓደ ቤት ትምህርቲ ዘድልዩ ናውቲ ዘማልአ እየን ነይረን። ይኹን እምበር ብሰንኪ እቲ ኲናት እቶም ተማሊኦም ዝነበሩ መሰረተ ልምዓታት ዓንዮምን ተጓሒሎምን እዮም። ማዕዶ፣ መሰኮት፣ ወንበርን ሰሌዳን ኩሉ ተሰባቢሩ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ኮይኑ ፀኒሑ።

ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ኣብያተ ትምህርቲ ዳግም ናብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክምለሳ ምስተወሰነ እውን እተን ኣብያተ ትምህርቲ ብዘይካ ሓንቲ (ኣብ ቤት ህንፀት ዘላ) እተን ዝተረፋ 12 ኣብያተ ትምህርቲ ብተመዛበልቲ ስለዝተትሓዛ ኣብ 2015 ዓ/ም ተምሃሮ ተቐቢለን ከምህራ ኣይከኣላን። ይኹን እምበር ተምሃሮ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ወፃኢ ኮይኖም ክተርፉ ስለዘይግባእ ኣብ 2016 ዓ/ም ብበጀት ምምሕዳር ከተማ ሽረ፣ ተሳትፎ ሕብረተሰብን ገበርቲ ሰናይን 373 ግዝያዊ መምሃሪ ክፍልታት ቆርቆሮ ብቖርቆሮ ተሰሪሖም እዮም። በዚ ድማ ልዕሊ 42 ሽሕ ተምሃሮ ብዝተሳለጠ መርሃ ግብሪ ትምህርቲ ኣብ ዓመት ክልተ ደረጃ ክፍሊ ተማሂሮም ክሓልፉ ከምዝተገበረ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ መምህር ገ/መድህን ወ/ጅወርግስ ይገልፁ። እቶም ኣብ 2016 ዓ/ም ዝተሰርሑ ግዝያዊ መምሃሪ ክፍልታት ግና ምስቲ ዘሎ በዝሒ ተምሃራይ እንትነፃፀሩ እኹላት ኣይነበሩን። ስለዝኾነ ድማ ኣብ 2017 ዓ/ም 87 ብምምሕዳር ከተማ ሽረ ከምኡ እውን 35 ብገበርቲ ሰናይ ብድምር 132 ግዝያዊ መምሃሪ ክፍልታት ተሰሪሖም እዮም። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ሕዚ እውን ዘይተማልኡ መሰረተ ልምዓታት ትምህርቲ ኣለዉ እዮም። ንኣብነት፣ ከምቤተ ፈተነ፣ ማእኸል ኮምፒተር፣ ቤተ ንባብ፣ ጨንፈር ማእኸል ዝኣመሰሉ የለዉን። ብተወሳኺ ድማ ምችውነት መምሃሪ ክፍሊ ዘይምህላው፣ እቲ ኲናት ምስዘስዓቦ ስነ-ልቦናዊ ሃሰያ ተዛሚዱ ዝመፀ ፀገም ስነ-ምግባር ተምሃሮ፣ ውዝፍ መሃያ መምህራን ምስዘይምኽፋሉ ተተሓሒዞም ኣብ ፅሬት ትምህርቲ ዓብዪ ፅልዋ ኣሕዲሮም እዮም።

ከምከተማ ኣብ ዓውደ ትምህርቲ ዘሎ ኲነታት እንትንርኢ ካብቲ ዘሎ ጠቕላላ በዝሒ ተምሃራይ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ብማእኸላይ እቶም 27 ነጥቢ ሸውዓተ ምኢታዊ ተመዛበልቲ እዮም። ብፍላይ ኣብ ሓደ ሓደ ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ክሳብ 47 ምኢታዊ ይበፅሕ እዩ። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ብድምር ኣብታ ከተማ ኣብ 2017 ዓ/ም ከባቢ 43 ሽሕን 500 ተምሃሮ ንምምዝጋብ ትልሚ ዝተትሓዘ እንተኾነ 42 ሽሕን 200 (97 ምኢታዊ) ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ተሳቲፎም እዮም። ብመንፅር ኣፈፃፅማ እውን ኣብ ከይዲ ምዝገባ ተምሃሮ ዝሓሸ ስራሕ ተሰሪሑ ምባል ይከኣል። ጥምረት መምህርን ተምሃሮን እንተወሲድና ድማ ሓደ መምህር ን50 ተምሃሮ ክኸውን ተተሊሙ ሓደ ን47 ተፈፂሙ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኣስታት 568 መምህራን ተመዛበልቲ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብታ ከተማ ንዘሎ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክሕግዙን ክሳተፉን ስለዝተገበረ እዩ። እዚኦም እንተዘይሳተፉ ግና እቲ ሽቶ ክሳኻዕ ዘይኽእለሉ ዕድል ከምዝነበረ መምህር ገ/መድህን የረድኡ።

ብመሰረት "እስታንዳርድ" ኣብ ሓደ ክፍሊ ክህሉ ዝግባእ በዝሒ ተምሃራይ 40 እዩ። ከምከተማ ግና ኣብ ሓደ ክፍሊ 60 ተምሃሮ ንምሓዝ እዩ ትልሚ ተታሒዙ ነይሩ። ናይዚ ኣፈፃፅማ ድማ ብማእኸላይ 62 ተምሃሮ ኣብ ሓደ ክፍሊ ክመሃሩ ተገይሩ ኣሎ። እዚ ኮይኑ ግና ኣብ ሓደ ሓደ ክፍልታት ካብ 70 ክሳብ 80 ዝበፅሕ ተምሃራይ ከምዘሎ ይገልፁ። ብዘይካ እዚ ተበፃሕነት መፅሓፍ ተምሃራይ ሓደ መፅሓፍ ንሓደ ተምሃራይ ክበፅሕ ይግብኦ። እንተኾነ ግና ምስቲ ናይ ክልልና ማሕበረ ቁጠባዊ ኲነታት ተኣሳሲሩ ብስታንዳርድ ንምኻድ ኣፀጋሚ እዩ። ስለዝኾነ ከምከተማ ሓደ መፅሓፍ ንሓሙሽተ ተምሃሮ ንምብፃሕ ትልሚ ተታሒዙ ነይሩ። ብመንፅር እዚ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ብዙሓት መፅሓፍቲ ብፌደራል ተሓቲሞም ብምምፅኦም ሓደ መፅሓፍ ንሓደ ተምሃራይ ተበፂሒ ኮይኑ እዩ። ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ግና ሓደ መፅሓፍ ን 10 ተምሃሮ እውን ኣይበፅሕን። ብፍላይ ኣብ ሓደሓደ ዓይነታት ትምህርቲ ንመምህር እምበር ናብ ተምሃሮ ዝበፅሕ መፅሓፍ ከምዘየለ የረድኡ። ምኽንያቱ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ መፅሓፍ ተምሃራይ ብናይ ክልል በጀት እዩ ዝሕተም። ስለዝኾነ ተምሃሮ ብዘይመፅሓፍ ክመሃሩ ዝተገደድሉ ኲነታት ኣሎ። እዚ ከምዓብዪ ክፍተት ዝውሰድ እዩ። ንክልቲኡ ደሚርካ ግን ብመሰረት እቲ ትልሚ ብማእኸላይ ሓደ መፅሓፍ ንሓሙሽተ ተምሃራይ ተበፂሒ ኮይኑ እዩ።

ብዘይካ እዚ ወንበር (ዴስክ) ተምሃሮ ብክልተ ፈረቓ ሓደ ዴስክ ንሽዱሽተ ተምሃሮ ከምዘገልግል ብምሕሳብ ካብ ጠቕላላ በዝሒ ተምሃራይ ነቲ 80 ምኢታዊ ንምምላእ ዝተቐመጠ ትልሚ ነይሩ። እዚ ግን 68 ምኢታዊ ጥራሕ እዩ ተፈፂሙ። ናብዚ ደረጃ ዝበፅሐ እውን ኣብ 2017 ዓ/ም ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ብርክት ዝበለ ዴስክ ብሓገዝ ስለዝተረኸበ እዩ። ብፍላይ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ሰፊሕ ሕፀረት ዴስክ ኣሎ። ካሊእ ድማ ናይ ማይ፣ ዓይነ-ምድሪ፣ ናውቲ ኣካል ጉዱኣት ዝኣመሰሉ እታዎታት ዝተማለአሉ ቤት ትምህርቲ ዳርጋ የለን። እንተሃልዩ እውን ንደቂ ኣንስትዮ፣ ንተባዕትዮ ከምኡ እውን ናይ መምህራን ተባሂሉ ነንበይኑ ዝተዳለወ ኣይኮነን።

ብኻሊእ መዳይ ምስማሕበር ልምዓት ትግራይ ብምትሕብባር ኣብ 2016 ዓ/ም ብክፋል ተጀሚሩ ኣብ 2017 ዓ/ም ብሰፊሑ ዝተሳለጠ ምገባ ተምሃሮ ኣሎ። ብመሰረት እዚ ኣብ 2017 ዓ/ም ካብ ቅድመ ቀዳማይ ክሳብ ካልኣይ ክፍሊ ከባቢ 9,400 ተምሃሮ ተጠቀምቲ ንምግባር ተተሊሙ 9,218 ተምሃሮ ተጠቀምቲ ኮይኖም እዮም። እዚ ድማ ህፃውንቲ ተምሃሮ ብሰንኪ ሕፀረት ምግቢ ትምህርቶም ከየቋርፁን ኣብ ክፍሊ ብዝግባእ ትምህርቶም ንኽከታተሉን ዓብዪ ኣበርክቶ ነይርዎ። ብመንፅር እዚ ኣብ ምገባ ተምሃሮ ውፅኢታዊ ስራሕ ዝተሰርሐሉ ዓመት ነይሩ ምባል ይከኣል።

ስለዚ ኣብ 2017 ዓ/ም ከምከተማ ኣብ ዘፈር ትምህርቲ ዝነበረ ኣፈፃፅማ እንተወሲድካ ናብ "እስታንዳርድ" ንምእታው ፈታኒ ዝኾነሉ ኲነታት እዩ ነይሩ። ኣብቲ ከተማ ካብ ዝነብርን ዝተመዛበለን ብተወሳኺ ብናይ ባዕሉ ምኽንያት ካብ መዋስንቲ ወረዳታት "እናሰራሕኹ ክመሃር" ብዝብል ብዝውውር ዝመፅእ እውን ቁፅሩ ቀሊል ኣይኮነን። ነዚ እውን እናተቐበልካ ክተኣናገድ እዩ ተገይሩ። ካብቲ ምብዛሕ ተምሃራይ ብተወሳኺ ጉድለት ስነ-ምግባር እውን እናተርኣየ መፂኡ እዩ። ንኣብነት፣ በላሕቲ ነገራት ሒዝካ ምምፃእ፣ ተጎጂልካ ምርባሽ፣ ኣብ መንገዲ ፀኒሕካ ገንዘብን ንብረትን ምምንጣል ዝኣመሰሉ ካብ ስነ ምግባር ዝወፁ ተግባራት ነይሮም። እዚኦም ምስዝምልከቶም ኣካላት ፀጥታ እታ ከተማ ብምውዳድ ብዝተሰርሐ ስራሕ ኣብ 2017 ዓ/ም ዝሓሸ ኲነታት ተፈጢሩ እዩ። ካሊእ ኣብ ስራሕቲ ደገፍን ክትትልን ዝተሰርሐ ስራሕ እውን ዝሓሸ እዩ። ካብ ምድላው ትልሚ ጀሚሩ በቢእዋኑ ዘሎ ከይዲ ኣብ ምክትታል፣ ምቁፅፃርን ምግምጋምን ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ከምዝነበረ እቶም ሓላፊ የገንዝቡ።

ከምከተማ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዘለዉ ፀገማት ንምፍታሕ ብዙሕ ፃዕሪ ተገይ እዩ። ንኣብነት፣ ሕፀረት ወንበር(ዴስክ) ንምፍታሕ ምስ "ሴቭ ዘችልድረን" ብምርድዳእ 750 ወንበር፣ ካብ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ 208፣ ካብ "ዩኒሴፍ"410 ወንበር ንምርካብ ተኻኢሉ እዩ። ብዘይካ እዚ፣ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ንሕድ ሕድ ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ሓደ ሓደ ኮምፒተርን ፕሪንተርን፤ ንካልኣይ ብርኪ ድማ ካብ 10 ክሳብ 15 ኮምፒተራትን ሓደ ፕሪንተርን ሓገዝ ኣበርኪቱ እዩ። ምስ "ዋሽ" ዝተብሃለ ትካል ገባሪ ሰናይ ብምርድዳእ ኣብቶም ግዝያዊ መምሃሪ ክፍልታት ግዝያዊ ዓይኒ ምድሪ ክስራሕ ተገይሩ ኣሎ። ስለዚ ዋላ እኹል ኣይኹን ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዘለዉ ፀገማት ንምፍታሕ ዝተገበረ ፃዕሪ ቀሊል ኣይኮነን።

ኣብ ዘበነ ትምህርቲ 2018 ዓ/ም ናብ ከባቢ 44 ሽሕ ተምሃራይ ንምምዝጋብ ትልሚ ተታሒዙ ስራሕቲ ቅድመ ምድላው ይውገን ኣሎ። ነዚኦም ዘድሊ መምህራ ክፍሊ፣ ተወሰኽቲ መምህራን ብምደባን ብዝውውርን ምድላው ዝኣመሰሉ ስራሕቲ ይስርሑ ኣለዉ። ብተወሳኺ እውን ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝመሃሩ ተምሃሮ 60 ከይሓልፉ ብምግባርን ንምምጥጣን ተተሊሙ ኣሎ። ነዚ እውን ምስዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይን ኣካላት ምምሕዳርን ብምርድዳእ ተወሰኽቲ መምህሪ ክፍልታት ክስርሑ እዮም። ዛጊድ ድማ 15 ክፍልታት ዘለዉዎ በዓል ሓደ ደብሪ ህንፃ ተዛዚሙ ድሉው ኮይኑ ይርከብ። ብተመሳሳሊ ምስዝተፈላለዩ ሓገዝቲ ኣካላት ብምርድዳእ ወንበር ተምሃሮ 100 ምኢታዊ ንምምላእ ትልሚ ተታሒዙ እዩ። ካብዚ ኣስታት 220 ዝኾኑ ወንበራት ካብ ትካል ውሕስና ምግቢ ተረኺቡ ኣሎ። እቶም ዝተረፉ እውን ምስማሕበር ልምዓት ትግራይን ካልኦት ገበርቲ ሰናይ ትካላት ብምትሕብባር ንምምላእ ፃዕሪ እናተገበረ ይርከብ።

ምስመፅሓፍ ተምሃራይ ቀዳማይ ብርኪ ዝምልከት ድማ፣ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ሓዱሽ ስርዓተ ትምህርቲ ቀሪፁ መፅሓፍቲ ብምድላው ኣብ ምሕታም ይርከብ። እቲ ዝነበረ መፅሓፍ ብሓዱሽ ብምትካእ እቲ ሕፀረት እውን ምስኡ ክፍታሕ እዩ። ካሊእ ምስናውቲ ፅሬት ተኣሳሲሩ ብ"ዩኒሴፍ" ዛጊድ ሓደ ነጥቢ ሸውዓተ ሚልዮን ቅርሺ ተመዲቡ ናብ ተግባር ኣትዩ ኣሎ። በዚ ድማ ኣብ ሓሙሽተ ኣብያተ ትምህርቲ ኳዕቲ ማይ፣ ዓይኒ ምድሪ ምስራሕ፣ ዕድጊት ሮቶን ፅገና መስመራት ማይን ስራሕቲ ተጀሚሩ እዩ። ብሓፈሻ ግን እቶም ኣብ 2017 ዓ/ም ዝነበሩ ዓበይቲ ፀገማት ንምቕራፍ ዘኽእል ትልሚ ተዳልዩ ናብ ስራሕ ተኣትዩ ከምዘሎ እዮም መምህር ገ/መድህን ዘረድኡ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፣ ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ዘሎ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምስቲ ዘሎ በዝሒ ህዝቢ፣ ብሰንኪ ሓይልታት ፅንተት ዝተፈጠረ ምምዝባልን ዕንወትን ትካላት ትምህርትን ተደሚሩ ኣዝዩ ፈታኒ ብዝኾነ ኲነታት ተኸቢቡ ዝካየድ ዘሎ እዩ። ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ መዕቖቢ ተመዛበልቲ ኮይነን እየን። እቶም ዝነበሩ መሰረተ ልምዓትን ናውቲ ትምህርትን እውን ብፀላእቲ ተዘሪፎምን ዓንዮምን ካብ ባዶ ክጅምራ ዝተገደዳሉ ኲነታት እዩ ተፈጢሩ። ስለዚ ልዕሊ ዓቕን ተምሃሮ ሒዝካ ግን ድማ ወለዶ ብትምህርቲ ካብ ምህናፅ ከይተብኩር ብምሕሳብ ዝተገበረ ምንቅስቓስን ፃዕርን ክነኣድ ይግብኦ። ብመንፅር ፅሬት ትምህርቲ እንትምዘን ግና ኣብ ሕቶ ዝኣቱ እዩ። ስለዝኾነ ነቶም ፀገማት ንምቅላልን ግቡእ ስርዓተ ምምሃር ምስትምሃር ንምትግባርን ወፂኡ ዘሎ ትልሚ 2018 ብምሉእነት ተግባራዊ ንክኸውን ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ክረባረብ ይግባእ ንብል።

ተጋድሎ

ስርሒት መኸተ ብኣንደበት ሰብ ቅያ

2ይ ክፋል

ኣብዝሓለፈ ቀዳማይ ሕታም ዓምዲ ተጋድሎ፣ መስዋእቲ ከፊሎም ህዝቢ ትግራይ ካብ ፅንተት ንምድሓን ዝወሰኑ 596 ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ኣብ ሓንቲ ቦጦሎኒ ከምዝተወደቡ፣ ካብዚኦም ኣዘዝቲ እዛ ቦጦሎኒ ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ተመኩሮ ብዘለዎም ኣርባዕተ ነባራት ተጋደልትን ወየንትን ክትምራሕ ከምዝተገበረን ሓይሊ፣ ጋንታን መስርዕን እውን ብተመሳሳሊ ነናይባዕለን ኣመራርሓ ምስተመደበለን ኩሉ ኣባል ምልሻ ንሓደ ዓብዪ ተልእኾ ድልው ከምዝኾነ ሓቢርና ነይርና።

ከምኡ ድማ፣ ኣባላት ሚልሻ ወረዳ ሓውዜን 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ፀላኢ ናብ ዝነበሮ ከባቢ ዓዲግራት ተፀጊዖም ከምዝሓደሩ። ኣማስዮም ኣብቲ ከባቢ ንዝነበረ ሓይሊ ፀላኢ ምስ ካልኦት ኣባላት ምልሻን ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ብምዃን ብዘይክሳራ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሮም ከምዘእተውዎ ኣቕሪብና ነይርና።

ብድምር ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ኣብ ከባቢ ዓዲግራትን ቤተሓርያን ንዝነበረ ፀላኢ ብቑሊሉ ስዒሮም ብዘይክሳራ ብዓወት ዛዚሞም ንወተደራዊ ተልእኾ 4 ሕዳር 2013 ዓ/ም ናብ ግንባር ሶበያ ከምዝተጓዓዙ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ምቕራብና ይዝከር። ካልኣይ ክፋል ጅግንነታዊ ተጋድሎ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ብኣንደበት እቶም ሰብ ቅያ ይቕፅል ኣሎ።

ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ኣብ ግንባር ሶበያ ምስ ሸሾ ሰራዊት ብልፅግናን ዕሱብ ሰራዊት ሻዕብያን ገጠሙ። ካብ 5 ክሳብ 11 ሕዳር 2013 ዓ/ም ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን እናተኳሸሑ ፀላኢ ንድፍያም ሰይሩ ከይሓልፍ ብፅንዓት እናተኸላኸሉን እናጥቅዑን ክቡር መስዋእቲ እናኸፈሉ ተረባረቡ።

ግጥም ግምባር ሶበያ ምስ ሰራዊት ሻዕብያን ብልፅግናን ዝተገበረ ኮይኑ ኣብዚ ቦታ ዝነበረ ኩነታት ውግእ ፈታኒ ብምንባሩ ከቢድ ምክልኻል ተገይሩ። ብመንፅር እቲ ንሓደ ሰሙን ዝኣክል ዝተገበረ ምክልኻል እንትርእ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ኣብ ልዕሊ ልፍንታውያን ወረርቲ ዘብፅሕዎ ክሳራ ዕውት ነይሩ። ልዕሊ 900 ዝኾኑ ፀላእቲ ድፋዕ ጀጋኑ ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ንምስባር ለይትን ቀትርን ተሃንዲዶም እንትመፁ ግዳይ ሞትን ምጉዳል ኣካልን ካብ ምዃን ወፃኢ ድፋዕ ጀጋኑ ብቑሊሉ ምስባር ከምዘይከኣል ተረድኡ። እኳ ድእስ ኣደዳ ሞትን መጉዳእትን ደኣ ኮኑ። ብሂወት ዝተረፉ ድማ ብሓያል ውቅዒት ምልሻታትና ተፀፊዖም ናብ ዝመፅዎ ተመለሱ።

ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ኣብ ግምባር ሶበያ ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን እናተዋግኡ ረዚን ዋጋ ከፊሎም እዮም። ፀላእቲ ፊትንፊት ተዋጊኦም ድፋዕ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ምስባር ምስኣበዮም ኣብ ርሕቐት ኮይኖም ብመድፍዕ፣ ታንክን ሞርታርን ገይሮም ድፋዕ ጀጋኑ ክሰብሩ ፈተኑ፤ ፃላእቲ በቲ ደብዳብ ዝገበርዎ ፈተነ ዋላ እኳ ውሱን ሰብኣዊ ክሳራ ኣብ ልዕሊ ወገን እንተብፅሑ ባህግታቶም ግን ፈፂሙ ክሳኽዐሎም ኣይከኣለን። ኣብዚ ውግእ 11 ኣባላት ብመስዋእቲ፣ 15 ብመቑሰልቲ ምእንተ ህላወ ህዝቢ ትግራይ ክብሉ መስተንክራዊ ስርሒት ፈፂሞም ክቡር ዋጋ ከፊሎም እዮም። ኣብ ብልሕትን ኳል ብልሕትን ከባቢ ብልሕትን ብዝዓረዱ ልፍንታውያን ወረርቲ ብኸቢድ ብረትን ምርታርን እናተደብደቡን ክቡር ህይወት እናኸፈሉ እውን ካብ ድፌዖም ፈተኽ ኣይበሉን። ጥምየትን ፃምእን ተፃዊሮም፣ ቁርን ፀሓይን ክኢሎም ቃልሶም ቀፀሉ። ፀላእቲ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሓያል መኸተ እናሃለዉ ፀላእቲ ነቲ ፊትንፊት ዝገጥሞም ዝነበረ ሓይሊ ገዲፎም ናብ ደጀን ምድብዳብ ቀፀሉ። ብምኽንያት እዚ ደብዳብ ንፁሃን ስቪላትን ንብረትን የዕኑ ነይሩ። ድሕሪ እዚ ከተማ እናደብደቡ ህዝብና ካብ ዘፅንትዎ መኸተና ብድብያ ክኸውን ኣለዎ ዝብል ስልቲ ውግእ ኣንፈት ስለዝተቐመጠ ናብ ድብያ ተቐየረ። ብመሰረት እዚ ኣብ ዱፋዕ ነኺሶም ዝሓዙ ጀጋኑ ካብልዕሊኦም ዝነበሩ ኣካላት ከንሳሕቡ ከምዘለዎም ተነገሮም። 12 ሕዳር 2013 ዓ/ም ካብ ዝሓዝዎ ቦታ ለቒቖም ናብ ዝጥዕሞም ከባቢ ዓራዕሮ ኣበሉ። ካብኡ ቀፂሎም ለይትን ቀትርን ብበረኻ ተጓዒዞም 15 ሕዳር 2013 ዓ/ም ከባቢ ሰዓት 6፡30 ለይቲ ውቕሮ ኣተዉ።

እቲ ኩነታት እናበርተዐ ከደ። ውሑድ ሓይሊ ሰብ ሒዝካ ምስ ሸሻ ሰራዊት ፊት-ንፊት ካብ ምግጣም ብደባይ ውግእ እናዳኸምካ ምስዓር የሓይሽ ብዝብል ኣንፈት እቲ ህዝባዊ መኸተ ቀፀለ። ፀላኢ ኣብ ሕድሕድ ግምባራት ከም ቆፀሊ እናረገፈ እናሃለወ ነቲ ዝተገበረ ምንስሓብ ከም ዕድል ተጠቒሙ ንኸተማ ዓዲ ግራት፣ ዕዳጋ ሓሙስ፣ ከምኡ እናበለ ብከበድቲ ኣፅዋራት ከተማታት እናደብደበ ንፁሃን እናጨፍጨፈ ቦታታት እናሰፍሐ መቐለ ንምእታው እንትህንደድ ውግእ ኣየቋረፀን። ጀጋኑ ምልሻታትናን ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ብወገኖም ፀላኢ ከምቲ ዝሓሰቦ ንመቐለ ተሃንዲዱ ንኸይኣቱ በቢ ከባቢኡ ብዝተወደበን ዘይተወደበን መንገዲ ዝገበርዎ ርብርብን ዝኸፈልዎ መስዋእትን ብቓላት ክትገልፆ ኣይትኽእልን። ህዝብና ብኸቢድ ደብዳብ ከይጠፍእ ተባሂሉ ቦታ እንትለቕሉ ነዚ ዕድል ተጠቒሙ ከተማታት ይሕዝ ነይሩ። ፀላኢ ንሕድ ሕድ ዝሓዘን ቦታታት ድማ ማእለያ ዘይብሉ ህይወት እናኸፈለ'ዩ ዝሓልፍ ነይሩ።

ኣብ ኸምዚ ዝበለ ፈታኒ ኩነታት ኮይኖም ብውልቀን ብውዳበን ታሪኽ ሰሪሖም ዝሓለፉ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻን ፍሉይ ሓይልን ድማ ብዙሓት እዮም። መርኣያ ፅንዓትን ጅግንነትን ካብ ዝኾኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ጅግና ስውእ ገብረመድህን ገብረስላሴ / ገብረመድህን ጠላ/፤ ሓደ እዩ። ገብረመድህን ጠላ ቅድሚ ኲናት ፅንተት ምጅማሩ ሓላፊ ፀጥታ ወረዳ ሓውዜን እዩ ነይሩ። ልፍንታውያን ወረርቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዕላዊ ኲናት ምስጀመሩ ድማ ኣባላት ምልሻ እቲ ወረዳ ብብርኪ ሓደን ብርኪ ክልተን ክውደቡ ኣብ ምግባር ዝለዓለ ኣበርክቶ ነይርዎ። ኩሎም ኣባላት ምልሻ እቲ ወረዳ ክውድቡ፣ ፀላኢ ንምምካት ዘኽእሎም ወታደራውን ፖለቲካውን ስልጠና ክረኽቡ ይገብር ነይሩ። ከምኡ እውን በብመዓልቱ ስንቅን ዕጥቅን፣ ዝጎደለ ሓይሊ ሰብ ኣብ ምውሳኽ፣ ዝቖሰለን ዝተሰወአን ወገን ኣብ ምግላስ፣ ዝተማረኸ ፀላእን ዕጥቅን ናብ ዝምልከቶ የብፅሕ፤ ናብ ድፋዕ ኣትዩ ንምልሻታቱ ሓቦ፣ ፅንዓትን ጅግንነትን ዘስንቕ ዝነበረ ጅግና ምዃኑ ምስኡ ዝዋዓሉ ጀጋኑ ይምስክሩ።

ገብረመድህን ጠላ በዚ መንገዲ እዚ እናተቓለሰን እናቃለሰን እናሃለወ ሓደ መዓልቲ ከምልማዱ ኣብ ግምባር ሶበያ ንዝነበሩ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ዕጥቅን ስንቅን ከብፅሕ ብመኪና ጉዕዞ ጀመረ። ፀላኢ ንኸተማ ዓዲግራት፣ ዕዳጋ ሓሙስን ካልኦት ከባብታትን ተቖፃፂሩ ምስ ካልኦት ኣሃዱታት ይዋጋእ ነበረ። ገብረመድህን ጠላ ምስ ብፆቱ ብሬድዮ ሓበሬታ ከይለዋወጥ ሬድዮ የብሉን። ስልኪ እውን ኣይሰርሕን። ኣብዚ እዋን እዚ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ካብ ግምባር ሶበያ ለቒቖም ናብ ከባቢኦም ጉዕዞ ጀሚሮም እዮም። ገብረመድህን ጠላ ድማ ተልእኹኡ ክፍፅም ስለዘለዎ ውሑስ ከባቢ እዩ ኢሉ ብዝኣምነሉ ኣንፈት ንምኻድ ጉዕዝኡ ኣየቋረፀን። እናተጉዓዘ ኣብ ከባቢ ቤተሓርያት በፅሐ። ሃንደበት ምስ ፀላኢ ፊትንፊት ተራኸቡ። ምስኡ ዝነበረ ገናሒ መኪና ብቑሊሉ ኣብ ኢድ ፀላእቲ ወዲቑ ተትሓዘ። ጅግና ገብረመድህን ጠላ ግና ብቐሊሉ ኢዱ ክህብን ብፀላኢ ክማረኽን ሕሊንኡን ታሪኹን ኣይፈቐደሉን። ካብዚ ዝብገስ ኣንፃር ወረርትን ሓይልታት ፅንተትን በይኑ ምስዕስለ ፀላእቲ ገጠመ። ንምእማኑ ዘፀግም ትብዓትን ፅንዓትን ሰኒቑ ብጅግንነት ተዋጊኡ ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራ ኣሰዒቡ 12 ሕዳር 2013 ዓ/ም ክቡር መስዋእቲ ኸፊሉ ብኽብሪ ዝሓለፈ ጅግና ምዃኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን

ወታደራዊ መሪሕነትን ድልውነትን

ይምስክሩ።

እወ ኣብ ሓቀኛ ዕላማ ተሰሊፍካ ምእንተ ህዝብኻን ዓድኻን ምስዋእ ክብሪ እዩ። እዚ ድማ ንኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ይኹን ኣብ መላእ ትግራይ ንዝርከቡ ጀጋኑ ወየንትን ምልሻታትን ከም መርኣያ ዝተሓበረ'ምበር ነቶም ጀጋኑ ምልሻታትና ሓዱሽ ኣይኮነን። ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ክወርዎን ከንበርክኽዎን ዝመፁ ፀላእቲ ብዝተወደበን ዘይተወደበን እንትምክት በብምዕራፉ ብዙሓት ጀጋኑ ንወለዶ ዝሓልፉ ታሪኽን ጅግንነትን ሰሪሖም ሓሊፎም እዮም። መስተንክራዊ ስርሒትን ጅግንነትን ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን እውን ዝነበረን ዘሎን ምኳኑ እቶም ሰብ ታሪኽ የዘንትው። ከም ኣገላልፃ እቶም ጀጋኑ ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ 17 ዓመትን ብ1990 ዓ/ም ምስ ወራሪ ሰራዊት ሻዕብያ ኣብ ዝተገበረ ግጥምን ፍሉይ ታሪኽ ሰሪሖም ዝተሰውኡ ወየንትን ምልሻን ወረዳ ሓውዜን መርኣያ ፅንዓትን ጅግንነትን ናይዚ ወለዶ ምዃኖም ኣዋጊዖምና። ንድሕሪት ምልስ ኢልና ቅያ ወየንቲ ወረዳ ሓውዜን መርኣያ ካብዝኾኑ ጀጋኑ ናይ ሓደ ክነዘኻኽር። ካብቶም መርኣያ ፅንዓትን ጅግንነትን ዝኾኑ ሰብ ታሪኽ ወየንቲ ትግራይ ሓደ "ኣብርሃ ቀይሕ" ይብሃል። ኣብርሃ ቀይሕ ውድብ ህወሓት ገና ብዕሽላ ኣብ በረኻ ደደቢት ቃልሲ ክትጅምር እንተላ ብረቱ ኣልዒሉ ዝወየነ ጅግና ነይሩ። ብፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝበፅሕ ዝነበረ ግፍዒ ከይኣክል ንኸብዶም ብዝሓደሩ ዕሱባት ባንዳታት ዝፍፀም ዝነበረ በደል ከቢድ ነይሩ። ካብቶም ብዙሕ ግፍዕን ስቓይን ዝፍፅሙ ዝነበሩ ባንዳታት ኣብርሃ ቀይሕ ንገሊኦም ብቕረባ እዩ ዝፈልጦም። ፀላእቲ እውን ትብዓቱን ጅግንነቱን ኣፀቢቖም ሰለዝፈልጥዎ ኣብ ቅድሚኡ ኣይፀንሑን ነይሮም። ኣብርሃ ቀይሕ ብዘይዕረፍቲ ለይትን ቀትርን ምስ ከምኡ ዝበሉ ጀጋኑ ወየንቲ ወፊሩ ዘውደቖም ባንዳታትን ወታደራት ደርግን ብዙሓት እዮም። ኣብርሃ ቀይሕ ኣብ ወርሒ ለካቲት 1971 ዓ/ም፤ ኣብ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ጣብያ ደብረ ኣባይ ቑሸት ጎቦ ዴጓት ምስ ከምኡ ዝበሉ ጀጋኑ ወየንቲ ብምዃን ተልእኾ ስርዓት ደርጊ ምስዝሓዙ ባንዳታት ትውግእ ወዓለ። ዝሓዞ ጥይት ወዲኡ ሓንቲ ምስተረፈቶ ብየማን ፀጋም ተኸቢቡ ኣብ ኢድ ፀላኢ ኣተወ። ዕሱባት ባንዳታት ንኣብርሃ ቀይሕ ማሪኾም ብኢዱ ክሕዝዎ ዝነበሮም ድሌት ልዑል ነይሩ። ጅግና ኣብርሃ ቀይሕ ኣብ ከምዚ ዝበለ ንምሕሳብ ግዜ ዘይህብ ኩነታት ኮይኑ ሓደ ነገር ወሰነ። ኣብ መወዳእታ በታ ዝተረፈቶ ሓንቲ ጥይት ገይሩ ነቲ ዘተሓባብር ዝነበረ ግርጉር ባንዳ ግምባሩ ወቒዑ ከውድቖ ወሲኑ ብምንባሩ ከምቲ ዝሓሰቦ ገይሩ ተዓወተ። ብድሕሪ እዚ ኣብርሃ ቀይሕ ኣብ ወረዳ ሓውዜን ጣብያ ደብረ ቢዘን ቑሸት ዓረና ፍሉይ ቦታ ፍንሕንሕ ናብ ዝበሃል ከባቢ እታ ዝሓዛ ብረት ፀላኢ ከይጥቀመሉ ሰይሩ ንገዛ ህይወቱ ናብቲ ሓያል ገደል ኣንከራርዩ (ፀዲፉ) ብጅግንነት ከምዝተሰወአ ተሰኒዱ ዝረኸብናዮ ታሪኽ የዘንቱ። ንታሪኻዊ ስርሒትን ጅግንነትን ኣብርሃ ቀይሕ መሰረት ብምግባር ኣብ ወረዳ ሓውዜን ካብ ዝርከባ ጣብያታት እታ ሓንቲ ጣብያ "ንመዘከርታነቱ ጣብያ ኣብርሃ ቀይሕ" ተባሂላ ከምእትፅዋዕ ምርዳእ ይከኣል።

መስተንክራዊ ስርሒትን ጅግንነትን ስውእ ወያናይ ገብረመድህን ጠላ ይኹን ናይ ካልኦት ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን እውን ካብዚ ናይ ኣብርሃ ቀይሕን ካልኦት ሰማእታትን ታሪኽ እዩ ዝብገስ። ሕድሪ ስውኣት ጀጋኑ ዘየዕብሩ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ካብ ግምባር ሶበያ ተመሊሶም ውቕሮ ምስኣተው መስዋእቲ ጅግና ገብረመድህን ጠላ ሰሚዖም ሓረኑ። ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ካብ ግምባር ሶበያ ለይትን ቀትርን ተጓዒዞም ውቕሮ ምስኣተው 16 ሕዳር 2013 ዓ/ም ናብ ከባቢ ድጉም ኣምርሑ። ፀላኢ ብዕዳጋ ዓርቢ- ነበለት ገይሩ 14 ሕዳር 2013 ዓ/ም ሓውዜን ከምዝኣተወ ኣረጋገፁ። ካብ ከተማ ሓውዜን ውፅእ ኢሉ እንዳነይ ሓጎሳ (ፈራስ) ኣብ ዝበሃል ከባቢ ከምዝበፅሐ ሓበሬታ ረኸቡ። ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ነቲ ኩነታት ተረዲኦም ኣብ ደጉም ምስዝነበሩ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ተሓወሱ። ምስ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ብምውዳድ ነቲ ተሃንዲዱ ዝመፅእ ዝነበረ ሓይሊ ፀላኢ ክከላኸሉ ጀመሩ። ፀላኢ ብዝሓዞ በዝሒ ኣፅዋርን ሓይሊ ሰብን ፅዕንቶ ምስፈጠረ ከንሳሕቡ ተገይሩ። 17 ሕዳር 2013 ዓ/ም ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ናብ ከባቢ ኣልዓሳ ከዱ። ምልሻታት ሓውዜን ድማ ንመጋብ ገፅ ተንቀሳቐሱ። ኣብ ከይዲ ጉዕዞ እናሃለዉ ምስ ሓደ ቦጦሎኒ ዕሱብ ሰራዊት ሻዕብያ ሃንደበት ፊትንፊት ተራኸቡ። ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ተዋግኡ። ፀላኢ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራ ተጎልቢቡ እግረይ ኣውፅእኒ ኢሉ ንውቕሮ ሃደመ። ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን በዚ መንገዲ እዚ ክሳብ 19 ሕዳር 2013 ዓ/ም ምስዝተፈላለዩ ልፍንታውያን ወረርቲ እንትዋግኡ ኩነታት እቲ ውግእ ብኹሉ ኣንፈት ዕረፍቲ ዝኸልእ ብምዃኑ እናኸበደ ከደ። በብመዓልቱ ዝካየዱ ዝነበሩ ውግኣት ምስቲ ዝነበረ ጥምየት፣ ፃምእ ማይ፣ ድኻምን ሕፅረት ተተኳስን ተደሚሩ ዝገጥምዎም ዝነበሩ ፈተናታት ከመይ ሓሊፎምዎም ይኾኑ? ብድሕሪኡ ኸ? እዞም ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ናበይ ኣበሉ? ክቕፅል እዩ።

ፍልፍል ሓበሬታ፡- ቃለ መሕተት ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን፣ ተጋዳላይ ሳህለ ኣርኣያ፣ ኮሎኔል ገብረመድህን በየነ፣ ተጋዳላይ ገ/ሄር ሓጎስ፣ ተጋዳላይ ገ/ጅወርግስ ወ/ገሪማን ተጋዳላይ መብራህቱ ኣባይን።

ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽን

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

እንታይነት ዝተመሓየሸ ታሪፍ ቤት ማዘጋጃ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

> "... ኣብ ኣዋሃህባ ግልጋሎት ከይዲ ስራሕ ማዘጋጃቤታዊ እቶት ዘይዓገበ ኣካል ጥርዓኑ ብፅሑፍ ከቕርብ፣ ቅሬታ ዝቐረበሉ ጥርዓን ሰማዒ ኮሚቴ ዝቐረበሉ ጥርዓን መርሚሩ ውሳነ ብፅሑፍ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ስራሕ መልሲ ይህብ። በዚ ከይዲ ዕግበት ዘይረኸበ በዓል ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ምቕራብ ከምዝኽእል ኣብ ዓንቀፅ 39 ተገሊፁ ይርከብ።..."

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ሕታም፣ ጭብጢ ሓሳባት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ እንታይነት ዝተመሓየሸ ታሪፍ ብዝምልከት 19 ጥቅምቲ 2017 ዓ/ም ብቑፅሪ 18/8/84 ዘፅደቖ መማሓየሺ ደንቢ ቁፅሪ 19 ካብ ዓንቀፅ ሓደ ክሳብ ዓንቀፅ 22 ምቕራብና ይዝከር። ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል ታሪፍ ቤት ማዘጋጃ ድማ ካብ ዓንቀፅ 23 ክሳብ 51 ኣብ ዘለዉ ጠቐምትን ወሰንትን ሓሳባት እቲ ደንቢ ብምኽታት ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

ዝኾነ ኮሚቴ ሓደ ቤት ማዘጋጃ ደንቢ ታሪፍ ዓመታዊ ግልጋሎት ክፍሊት ዘፅንዕ፣ ካብ ጉጅለ ምድላው ትልሚ ምእካብን ምውዳብን መረዳእታ ኣቢሉ ጉጅለ መፅናዕቲ ከም ዝጣየሻ ኣብ ዓንቀፅ 23 እዚ ደንቢ ተደንጊጉ ይርከብ። እዚ ደንቢ መሓውር ዘይብለን ኣብያተ ማዘጋጃ ካብ በብብርኩ ዘለዉ ዝሓሸ ብቕዓትን ነቲ ሞያ ቅርበት ዘለዎምን ሰብ ሞያ ዝሓዘ ጉጅለ ብምሕራይ ክጣየሽ ከምዘለዎ እውን ብግልፂ ኣቐሚጥዎ ኣሎ። እቲ ጉጅለ እንተነኣሰ ኣብ ዓመት ክልተ ግዘ መፅናዕቲ ብምክያድ ታሪፍ መዲቡ ውሳንኡ ንኸፋላይ ግብሪ ከበፅሖ ይገብር። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ሓደ ቤት ማዘጋጃ ክፍሊት ግልጋሎት ንምውሳን ረቛሒ ብርኪ ስራሕ ንግዲ እንተቕምጥ እንተወሓደ ዓመታዊ ምንቅስቓስ ስራሕ ንግዲ፣ ቀረብን ፅርየትን መሰረተ ልምዓት፣ ብርኪ እቲ መስርሒ ቦታ ወዘተ ብቤት ማዘጋጃን ዝምልከቶ ካሊእ ቤት ዕዮ መንግስትን ቐረብ ግልጋሎትን ብምርኣይ ከምዝውሰን ኣብ ዓንቀፅ 24 ተደንጊጉ ይርከብ።

መደብ ዕዳጋ ንምውሳን ዝህሉ ረቛሒ ከዓ ሓደ ቤት ማዘጋጃ እንተወሓደ ምንቅስቓስ ንግድን ዓይነት ሸቐጥን መሰረት ዝገበረ እንትኸውን ከፋሊ ግብሪ ክፍሊት ዝፍፅም እውን ምስቲ ቤት ማዘጋጃ ብመሰረት ዝኣተዎ ውዕሊ ከምዝኾነ ኣብ ዓንቀፅ 25 ተቐሚጡ ኣሎ። እቲ ደንቢ ወሲኹ ክፍሊት ዕዳጋ እንስሳት ዝውሰን፤ ሸያጢ እንስሳት ሒዙ ናብ ዝተዳለወሉ መሸጢ ቦታ እንትኣትውን ዓዳጊ እንስሳ ካብ ዕዳጋ ሒዙ ኣብ ዝወፅሉን እዋን ጥራሕ ክፍሊት እንስሳ ከምዝኽፍሉ ዓንቀፅ 26 ገሊፁዎ ኣሎ። ክፍሊት ግልጋሎት መናሃርያ ኣመልኪቱ ድማ ሓደ ኣሽከርካሪ ተሽከርካሪኡ ኣብ መናሃርያ ኣብ ዘሕድረሉን ኣትዩ ኣብ ዝወፅሉን እዋን ጥራሕ ክፍሊት መናሃርያ ከምዝፍፅም ዓንቀፅ 27 ይሕብር። ብመሰረት እቲ ደንቢ ሓደ ከፋሊ ግብሪ ወይ ክፍሊት ግልጋሎት ዝፍፅም ኣካል ኣብ ግዚኡ ክኸፍል ከምዘለዎ ይእመን። ከፋሊ ግብሪ ወይ ክፍሊት ግልጋሎት ዓቕሚ ምስዘይህልዎ ግና ዓቕሚ ከምዘይብሉ ብመረዳእታ ኣደጊፉ መናውሒ ኣከፋፍላ ክፍቀደሉ ከም ዝኽእል ኣብ ዓንቀፅ 28 ተሓቢሩ እዩ። ብመሰረት ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተቐመጠ ብርኪ ከፈልቲ ግብሪ እዋን መኽፈሊኦም ኣብ ዓንቀፅ 29 ዝተቐመጠ ኮይኑ ብርኪ 'ሀ' ካብ ሓደ ሓምለ ክሳብ 30 ጥቅምቲ እንትኸውን፣ ብርኪ 'ለ' ድማ ካብ ሓደ ሓምለ ክሳብ 5/6 ጳጉሜን፣ ብርኪ 'ሐ' ከዓ ካብ ሓደ ሓምለ ክሳብ 30 ሓምለ ምዃኑ ተገሊፁ እዩ። ኣብዚ ደንቢ ምጣነ ታሪፍ ዓበይትን ማእኸለዎትን ትካላት ንግዲ መትረፍቲ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት እውን መኽፈሊ ግዚኦም ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ 'ሀ' ዝተቐመጠ እዋን ምዃኑ ይሕብር።

ንግድን ምሃብ ግልጋሎትን እንትህሉ ግብሪ ምኽፋል ዘይተርፍ ግቡእ እዩ። ከም መጠን ግቡእ እውን ግብኡ ንዘይተዋፀአ ከፋሊ ግብሪ ንዝዘንግዖ ግብሪ ወይ ክፍሊት ግልጋሎት ክኽፈል ካብ ዝነበሮ ዕለት ጀሚሩ ተኸፊሉ ክሳብ ዝውዳእ ዘሎ እዋን ዘይተኸፈለ መጠን ንዝዘንገዐሉ ግዘ ክፍሊት ወለድ ከምዝኽፈሎ ኣብ ዓንቀፅ 30 ተደንጊጉ ኣሎ። ንዝዘንገዐ ክፍሊት ዝኽፈል ወለድ ድማ በብዕለቱ ብነፀላ ወለድ ዝስላሕ ኮይኑ ቅድሚ ምጅማሩ ኣብ ዘሎ ርብዒ ዓመት ዝለዓለ ወለድ ልቓሕ 15 ምኢታዊ ተወሲኽዎ ከምዝኽፈል ይሕብር። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፤ እቲ ዝውሰን ጠቕላላ መጠን ወለድ ካብ ዓይኒ ዋና ግቡእ ከፋሊ ግብሪ ዝበልፅ ግብሪ ክኸውን ከምዘይብሉ እዩ።

እቲ ካልእ ኣተገባብራ ክፍሊት ግብሪ ቅሬታን ይግበአንን ዝምልከት ኾይኑ፤ ኣብ ዝኾነ ቤት ማዘጋጃ ኮሚቴ መዳቢ ታሪፍ ውሳነ ቅሬታ ዘለዎ ተገልጋሊ እንትቐርበሉ ቅሬትኡ ሰሚዑ ዝውስን ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን ከምዝህልው ኣብ ዓንቀፅ 31 ተቐሚጡ ኣሎ። እቲ ናብ ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን ክቐርብ ዝኽእል ውሳነ መፍለጢ ክፍሊት ካብ ዝበፅሖ እዋን ጀሚሩ ንጥርዓኑ መበገሲ ቅሬታ ዝርዝር ምኽንያት ብፅሑፍ ከቕርብ ኣለዎ። ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን እቲ ጥርዓን ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልቲ ስራሕ ውሳነ ክህብ ኣለዎ። ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ጥርዓን ዘየቕረበ ሰብ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ዘጋጠሞ ፀገም ብመረዳእታ ዝተደገፈ ብቑዕ ምኽንያት ካብ ሕጋዊ ትካል መረዳእታ ሕክምና እንተቕርብ፣ ብገበን ተጠርጢሩ ተኸሲሱ ኣብ መዕረፊ ቦታ ወይ ቤት ህንፀት እንተነይሩ፣ ብስጋን መውስቦን ክሳብ ካልኣይ ብርኪ ዝበፅሖ ኣባል ስድራ ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልዩ ኣብ ሓዘን እንተነይሩ፣ ካብ ኢትዮጵያ ወፃኢ እንተፀኒሑን ወኪል እንተዘይነይርዎን ኣብ ፍታብሄር ሕጊ ዓንቀፅ 1792፣ 1793 ኢትዮጵያ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ተባሂሉ ዝተጠቐሱን ካልኦትን መረዳእታ ብምቕራብ ካብ ዝተኣመነሉ ዕለት ዝቑፀር ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ጥርዓኑ ክስማዕ ይኽእል እዩ።

ምጥያሽ ጉባኤ ሰማዒ ይግበአኒን ዝቐርበሉ ኣገባብን ኣመልኪቱ ኣብ ዓንቀፅ 34/1ን2 ቐሪቡ ይርከብ። 1/ ምጥያሽ ጉባኤ ሰማዒ ይግበአኒ ኣብ ግብሪ ማዘጋጃቤታዊ እቶት ወይ ክፍሊት ግልጋሎት ኣወሃህባ ኣመልኪቱ ጥርዓን ሰማዒ ኮሚቴ ይጣየሽ። እቲ ኮሚቴ ኣብ ዝሃቦ ውሳነ ብጥርዓን መቕረቢ ኣካል ዝቐርብ ይግበአኒ ተቐቢሉ ውሳነ ዝህብ ጉባኤ ሰማዒ ይግበአኒ እዩ። እቲ ጉባኤ ሰማዒ ሓሙሽተ ኣባላት ዝሓዘ ኮሚቴ እዩ። ኣብዚ ኮሚቴ ዝሕረዩ ሰባት ብከንቲባ ከተማ ወይ ኣማሓዳሪ ክፍለ ከተማ ወይ ወረዳ ዝውከል ሓደ ሰብ ኣካቢ፣ ካብ ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ዝውከል ፀሓፊ፣ ካብ ቤት ማዘጋጃ ብዘይ ድምፂ ዝሳተፍ ኣባል፣ ካብ ቤት ፅሕፈት ንግዲ ኣባል፣ ካብ ቤት ፅሕፈት ምክሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን ኣባል፣ ካብ ኣባላት ጉባኤ ሰማዒ ይግበአኒ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ክኾና ይግባእ ይብል። 2/ ይግበአኒ ዝቐርበሉ ኣገባብ ከዓ ዝተወሰነሉ ክፍሊት ግልጋሎት ማዘጋጃቤታዊ እቶትን ካልኦት ግልጋሎን ጥርዓን ሰማዒ ኮሚቴ ኣብ ዝሃቦ ውሳነ ዘይዓገበ ኣካል ዘለዎ ጥርዓን ብመረዳእታ ኣደጊፉ ውሳነ ካብ ዝተውሃቦ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስራሕ ጥርዓኑ ብፅሑፍ ናብ ጉባኤ ሰማዒ ይግበአኒ የቕርብ። ይግበአኒ በሃሊ ጥርዓኑ ዘቕርበሉ ዋኒን ምስ ግብሪ ውሳነን ግልጋሎት ክፍሊትን ዝተዛመደ እንተኾይኑ ዝኣመነሉ ክፍሊት ወይ ውሳነ እንተሃለዩ ምሉእ ብምሉእ ከፊሉ ናይ ዘይኣመነሉ መጠን ክፍሊት 50 ምኢታዊ ከፊሉ ይግበአኒ የቕርብ። ኣብ ንኡስ ሓደ እዚ ዓንቀፅ ዝተቐመጠ እንተሃለወ እውን ውሳነ ግብሪ ወይ ግልጋሎት ክፍልት ዝበፅሖ ከፋሊ ቅፅዓት ንኽልዓል ካብ ዝቐርብ ሕቶ ወፃኢ ኣብ ዝተውሃቦ ውሳነ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ክልተ ዝተቀመጠ ግቡእ ብምውፃእ ውሳነ ካብ ዝበፅሖ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቀጥታ ይግበአኒ ክብል ይኽእል።

ውሳነ ጉባኤ ሰማዒ ይግበአኒ ብመሰረት ዓንቀፅ34/1 እዚ ደምቢ ዝተጣየሸ ጉባኤ ሰማዒ ይግበአኒ ዝቐርበሉ ጥርዓን ብመንፅር ሕግን መረዳእታን ድሕሪ ምምርማር ከፅንዖ ወይ ክቕንሶ ኢሉ እውን ይግበአኒ ዝቐረበሉ ውሳነ ግብሪ ወይ ክፍሊት ግልጋሎት ክውስኽ ይግባእ ዝብል እምነት እንተሃሊዩዎ ድማ ባዕሉ ብምስትክካል ወይ ድማ ቤት ማዘጋጃ ክስተኻኽሎ ዝገልፅ ውሳነ ይግበአኒ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ዝቑፀር ኣብ 30 መዓልቲ ስራሕ ንተኸራኸርቲ ወገናት ውሳነ ብፅሑፍ ክህብ ይግባእ። ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይግበአኒ ዘየቕረበ ሰብ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ፀገም እንተኮይኑ ብመረዳእታ ዝተደገፈ ብቑዕ ምኽንያት ብምቕራብ እቲ ዘጋጠመ ፀገም ካብ ዝተወገደሉ ግዘ ንምምልካት ብቑዕ ግዘ ተባሂሉ ካብ ዝወሰደሉ ዕለት ዝቑፀር ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ጥርዓኑ ክስምዕ ይኽእል። ካብ ዓቅሚ ንላዕሊ ዝባሃሉ ምኽንያታት መቕረቢ ጥርዓን ኣብ ዓንቀፅ 31 ምስዝተዘርዘሩ ማዕረ እዮም።

እዚ ከምዘሎ ኾይኑ፤ ኣብ ኣዋሃህባ ግልጋሎት ከይዲ ስራሕ ማዘጋጃቤታዊ እቶት ዘይዓገበ ኣካል ጥርዓኑ ብፅሑፍ ከቕርብ፣ ቅሬታ ዝቐረበሉ ጥርዓን ሰማዒ ኮሚቴ ዝቐረበሉ ጥርዓን መርሚሩ ውሳነ ብፅሑፍ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ስራሕ መልሲ ይህብ። በዚ ከይዲ ዕግበት ዘይረኸበ በዓል ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ምቕራብ ከምዝኽእል ኣብ ዓንቀፅ 39 ተገሊፁ ይርከብ። ብመሰረት ዓንቀፅ 35 እዚ ደንቢ ውሳነ ዝተውሃቦ ተኸራኻሪ ወገን ኣብ ዝተውሃቦ ውሳነ ዘይዓገበ እንተኾይኑ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ተፈፂሙ ኢሉ እንትኣምን ጥራሕ ይግበአኒ ይብል። ይግበአኒ ዝጅምረሉ ድማ ካብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ጀሚሩ በብብርኩ ናብ ዝርከብ ሰማዒ ውሳነ ይኸውን። እቲ ይግብአኒ በሃሊ ውሳነ ካብ ዝሃበሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ከቕርብ ይኽእል እዩ። ኣብዚ ክስመረሉ ዝግባእ ወሳኒ ነጥቢ፤ እቲ ይግበአኒ ዘቕርብ ዘሎ ወገን ከፋሊ ግብሪ ወይ ክፍሊት ግልጋሎት እንተኾይኑ ዘቕርቦ ይግበአኒ ቅቡል ክግበር ዝኽእል ካብቲ ከይተኸፈለ ዝተረፈ 75 ምኢታዊ እንተኸፊሉ ጥራሕ ይኸውን።

ማዘጋጃቤታዊ እቶት ስልጣን ምውሳን፣ ምእካብን ምምሕዳርን ግቡእን ሓላፍነትን ፈፀምቲ ኣካላት ቤት ማዘጋጃ ግቡእን ሓላፍነትን ከምዝኾነ ኣብ ዓንቀፅ 40 ተገሊፁ ይርከብ። ቤት ፅሕፈት ፋይናንስ ውክልና ዝሃቦም ትካላት እቶት ናይ ሳልሳይ ወገን እቶት ኣብ ኣካላትን ኣብያተ ፅሕፈት ዘፈር ልምዓትን ከተማን ኣብ ላዕሊ ምስዝተገለፁ ስራሕቲ ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም። ስራሕን ሓላፍነትን ቤት ማዘጋጃ ንምውሳንን ንምእካብን ዝሕግዙ ኣሰራርሓታት ይምስርት፣ እቶት ቤት ማዘጋጃ ዝእክባ ትካላት ይፈሊ፣ ውክልና ይህብ፣ ምስ ቤት ፅሕፈት ፋይናንስ ብምውዳድ እቶት ቤት ማዘጋጃ ይእከብ፣ ቅጥዕታት ቅብሊት ይሕትም። ከምኡ እውን ብውክልና ትካላት ዝእከብ እቶት ምሕደራኡ ይከታተልን ብዛዕባ ከፈልቲ እቶት ቤት ማዘጋጃ ሓበሬታ ይእከብን ካብዚ ብተወሳኺ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ እቶት ይህብን ዝተኣከበ እቶት የማሓድርን እቶት ንምዕባይ መፅናዕቲ የካይድን ንከፈልቲ እቶት ትምህርቲ መጨበጢ ግንዛበ ዝወሃበሉ መስርሕ ይዝርግሕን።

እቶም ልዕል ክብል ዝተገለፁ ከምዘለዉ ኾይኖም፤ ሓላፍነት ትካላት ፋይናንስ ኣብ ቤት ማዘጋጃ ብዘትሓዞም ቅብሊታት ማዘጋጃቤታዊ እቶት ይዝርግሕን ኣጠቓቕምኦም ይቆፃፀርን ከምኡ እውን ማዘጋጃቤታዊ ኣታዊ ዝምዝገበሎም ኣርእስትታት ሒሳብ ትኽክለኛነቶም ይከታተልን ዝተኣከበ ማዘጋጃቤታዊ እቶት ዝመሓደረሉ ካብ ቤት ማዘጋጃ ብዝቐረበሉ ሕቶ ቁፅሪ ባንኪ ሒሳብ ክኸፈትን ክዕፆን ይገብር። ብመሰረት ስርዓት መንግስታዊ ፋይናንስ ኣጠቓቕማ ማዘጋጃቤታዊ እቶት በጀት ይከታተልን ይቆፃፀርን ዝብል ኣብ ዓንቀፅ 40 ተኻቲቱ ይርከብ።

ሓደ ከፋሊ ግብሪ ወይ ግልጋሎት ክፍሊት ክኸፈሎ ዝግባእ ኣብ ዝግበኦ ግዘ ከይከፈለ እንተተርፍ ብግዝያውነት ክዕሸግ ከምዝኽእል ኣብ ዓንቀፅ 43 ተሓቢሩ ይርከብ። ኣብ ውሽጢ ሸውዓተ መዓልቲ ካብኡ ዝድለ ዘይኸፍል እንተኾይኑ ንተወሰኽቲ 14 መዓልትታት ዝዕሸግ ምዃኑ መጠንቀቕታ ፅሑፍ ከበፅሖ ይግበር። ክልቲኦም መጠንቀቕታታት እንተዘይኣተግቢሩ ግና ቤት ማዘጋጃ ካብ 14 መዓልትታት ዘይበልፅ ብክፋል ወይ ምሉእ ብምሉእ ከዕሽግ ዘግብር መጠንቀቕታ ፅሑፍ ይወሃቦ።

እዚ ኣታዊ ቤት ማዘጋጃ ኣርእስትን ትርፍን ምምሕያሽ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ከምዝፍፀም ኣብ ዓንቀፅ 46 ተገሊፁ ይርከብ። በዚ ደንቢ ዝእከብ ዝኾነ ይኹን እቶት ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ ክልልና ክኸውን ከምዘለዎ ድማ ኣብ ዓንቀፅ 47 ተጠቒሱ እዩ። እዚ ደንቢ ተግባራዊ ንምግባር ግደ ውልቀ ሰባት፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ግቡእ ምትሕብባር ከምዘለዎም ዓንቀፅ 48 ይሕብር። በዚ ደንቢ መሰረት ሓደ ከተማ መጠን ተመን ታሪፍ ምቕያር ወይ ምምሕያሽ ከምዘይከኣል ዓንቀፅ 50 የመልክት። እዚ ደንቢ ቕድሚ ምፅዳቑ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዘይተፈፀመ ውዙፍ ክፍሊት ቤት ማዘጋጃቤታዊ እቶት ክሳብ እዚ ደንቢ ዝወፀሉ ዕለት ዘሎ ግዘ በቲ ነባር ደንቢ ቁፅሪ 104/2011 ተፈፃሚ ንክኸውን ድንጋገ ዓንቀፅ 51 ይሕብር።
ብድምር እዚ ዝተማሓየሸ ታሪፍ ቤት ማዘጋጃ መተሓዳደሪ ኣብያተ ማዘጋጃ ክልል ትግራይ ኮይኑ ከገልግልን ካብ ዝተወሰነሉ ግዘ ጀሚሩ ዝፍፀሙ ስራሕቲ ብኡ ከምዝትግበሩ ሕብረተሰብ ብውነ ብምርዳእ ካብኡ ዝግባእ ግቡእ ንኽዋፃእን ነቲ ደንቢ ዝፈቐዶ ኣሰራርሓ ተኸቲሉ ብኣግኡ ንኽዋፃእን የረድእ። ሕብረተሰብ ዝኸፍሎ ግብሪ እውን ኣብ ልምዓት ከባቢኡ ብቐጥታን ተዘዋዋርን ዝውዕል ምዃኑ ክግንዘብ ይግባእ።

ማይን ኢነርጅን

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ዝዳሎ መደብ

መዘዛት ዕንወት ትካላት ማይ

ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ቅድሚ ልፍንታዊ ወራር ሓይልታት ፅንተት መደባት ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ክልተ ንምፍፃም ትልሚ ሒዙ እንትሰርሕ፤ ጠለባት ፅሩይ መስተ ማይ ሕብረተሰብ ብዝለዓለ ዓቕሚ ምምላእ እዩ ነይሩ። ነዚ መሰረት ብምግባር ድማ ሽፋን ፅሩይ መስተ ማይ ንምምላእ ዓበይቲ ስራሕቲ ብምውጋን ዝሓሸ ለውጢ መፂኡ ነይሩ። ይኹን እምበር ኣብ ገፀርን ከተማን ትግራይ ኣብ ገፅ ምድሪ ዝርከብ ማይ ንምውፃእ ርብርብ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ኣብ ትካላት መስተ ማይ ከቢድ ዕንወት ኣጋጢሙ እዩ። እቲ ዕንወት ኣብ 2013 ዓ/ም ትግራይ ንምውራር ብልፍንቲ ዝዘመቱ ወረርቲ ሓይልታት ህዝቢ ንምፅናት ዓሊሞም ትግራይ ኣብ ዝወረርሉ እዋን ብኣካል ዝረኸብዎ ብጥይት ቀቲሎም እንተፅንትዎ እቲ ብኣካል ዘይረኸብዎ ድማ ብብዙሕ በጀት ዝተሰርሓ ትካላት መስተ ማይ ትግራይ ብምዕናው ህዝቢ ብፅምኢ ማይ ክረግፍ ገይረምዎ እዮም። እዚ ድማ ከም ሓደ ኣካል ጆኖሳይድ ሓሲቦም ኣብ ማእኸላት ትካላት መስተ ማይ ከቢድ ዕንወት ከምዘብፅሑ ብመፅናዕቲ ተረጋጊፁ እዩ።

እዞም ሓይልታት ጥፍኣት ብመዳይ ፅሩይ መስተ ማይ ካበይ ናበይ ንድሕሪት ከምዝመለሱና ብኣሃዛዊ መረዳእታ ኣደጊፍና ክንርእይ። ስታንዳርድ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ክልተ መዐቀኒኡ ኣብ ገፀር ኣብ ሓደ ኪሎ ሜትሮ ርሕቐት 25 ሊትሮ ንሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ክረክብ ከምዘለዎ የቕምጥ። ኣብ ከተማ ድማ ትሕቲ 20 ሽሕ ህዝቢ ዘለወን 40 ሊትሮ፣ ካብ 20 ሽሕ ክሳብ 50 ሽሕ ህዝቢ ዘለወን ድማ 50 ሊትሮ፣ ካብ 50 ሽሕ ክሳብ 100 ሽሕ ህዝቢ ዘለወን 60 ሊትሮ፣ ካብ 100 ሽሕ ክሳብ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ዘለወን 80 ሊትሮ፣ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ዘለወን ድማ 100 ሊትሮ ንሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ክረክብ ከምዘለዎ እቲ ትልሚ ብንፁር ኣቐሚጥዎ እዩ። ነዚ ተሓሳቢ ብምግባር ድማ ናብ ተግባር ከምዝኣተወ ምክትል ቢሮ ሓላፍን ዳይሬክተር ቀረብ መስተ ማይን ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ኣይተ ታጠረ ሓዲስ ይገልፁ። ነዚ መዐቀኒ ንምምላእ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ቃልሲ ድማ ትግራይ ኣብ መወዳእታ 2012 ዓ/ም በፂሓቶ ዝነበረት ብርኪ ተበፃሕነት ፅሩይ መስተ ማይ ኣብ ገፀር 60 ምኢታዊ፣ ኣብ ከተማ ድማ 56 ምኢታዊ ድምር ከምትግራይ 58 ምኢታዊ ከምዝነበረት ኣይተ ታጠረ የዘኻኽሩ።

ብመሰረቱ ኲናት እንተሃልዩ ከቢድ ጉድኣትን ዕንወትን ከጋጥም ግድን እዩ። እቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመን ዝፍፀም ዘሎን ጆኖሳይዳዊ ኲናት ግና ህዝቢ ንምፅናት ዝዓለመ ስለዝኾነ ምዕናው ትካላት መስተ ማይ እውን ኣካል እቲ ፅንተት ገይርኻ ብምውሳድ ኮነ ተባሂሉ ከዓንዋ ከምዝተገበረ ኣይተ ታጠረ ብዝስዕብ ኣብነት ኣደጊፎም ይገልፅዎ። ንኣብነት ኣብ ዓዲ ኣውዓላ ዝነበራ ትካላት መስተ ማይ ወረርቲ ሓይልታት እናተጠቐሙለን ድሕሪ ምፅናሕ ካብቲ ከባቢ እንትወፁ ሕብረተሰብ ከይጥቀመለን ዓሊሞም ኣዕንዮምወን እዮም። ብሓፈሻ ግና፣ መፅናዕቲ ካብ ዝተገበረለን 18 ሽሕን 223 ትካላት መስተ ማይ ትግራይ እተን 12 ሽሕን 943 ዝዓነዋ ኮይነን እቲ ዝበፅሐ ዕንወት ብምኢታዊ እንትስላሕ ድማ 71 ምኢታዊ እዩ። ካብዚ ኣሃዛዊ መረዳእታ ከምእንርድኦ፤ ካብ 18 ሽሕን 223 ትካላት ማይ እተን 5280 ትካላት ማይ ካብቲ ሓደጋ ዕንወት ከምዝተረፋ እዩ ዘመላኽት። ኣብተን ዝዓነዋ ትካላት መስተ ማይ ዝበፅሐ ክሳራ ኣብቲ እዋን ብዝነበረ ዋጋ ሸርፊ ዶላር ብብር እንትስላሕ ክልተ ነጥቢ ኣርባዕተ ቢልዮን

ምክትል ቢሮ ሓላፍን ዳይሬክተር ቀረብ መስተ ማይን ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ኣይተ ታጠረ ሓዲስ

ብር እዩ። በቲ ናይ ሕዚ ዘሎ ዋጋ እንትሸረፍ ድማ ኣዝዩ ከምዝውስኽ ምርዳእ የድሊ። ኣብ ሞተራት፣ ኣብ ህንፃ፣ ተሸከርከርቲ፣ ኣብ ኣብያተ ፅሕፈት ገፀርን ከተማን ዝበፅሐ ዕንወትን ጉሕለት ንብረትን እንትድመር ድማ 31 ነጥቢ ሓሙሽተ ቢልዮን ብር ከምዝኾነ መብርሂ ኣይተ ታጠረ የመላኽት። ቢሮ ማይን ኢነርጅን ኣብ ዝዓሞም ስራሕቲ መስኖን ካልኦትን ብጠቕላላ ሴክተር ማይ ዝበሃሉ ትካላት ዝበፅሐ ዕንወት እንትድመር እውን 126 ቢልዮን ብር ከምዝኾነን እዚ ድምር ዕንወት ናብ ኮሚሽን ጀኖሳይድ ትግራይ ኣታዊ ከምዝተገበረን መረዳእታ እቲ ቤት ዕዮ የረድእ። እቲ ዝተገበረ ፅንዓት ዕንወት ብምትሕብባር ዓለምለኸ ትካል ገበርቲ ሰናይ "ዩ ኤን" ኤጀንሲን ገበርቲ ሰናይ ውሽጢ ዓዲን ዝተፀንዐ ብምኻኑ ምሉእ ተኣማንነት ከምዘለዎ እቶም ምክትል ቢሮ ሓላፍን ዳይሬክተር ቀረብ መስተ ማይን ይሕብሩ።

ደረት ፅንዓት ሴክተር ማይ እቲ ዝበፅሐ ዕንወት ፅንዓት መላእ ትግራይ ዘይኮነስ ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝመሓደራ ጥራሕ ከምዝኾነ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ፅንዓት ናይ ትግራይ ምሉእ ኣካቲቱ እንትካየድ ድማ ካብዚ ክዛይድ ከምዝኽእል ምርዳእ ይከኣል። ምሉእ ፅንዓት ክኸውን እውን ምልእቲ ትግራይ ናብ ዋናታታ ተመሊሳ ዘላትሉ ጭቡጥ ኩነታት እንትፅናዕ ምኻኑ ኣይተ ታጠረ ይገልፁ። እቲ ኣብ ኢድ ወረርቲ ዘሎ ህዝብናን መሬትናን ናፃ እንትኸውን ትካላት ማይ እውን ፅንዓት ብምግባር ምሉእ ዕንወት እቲ ቢሮ ዕላዊ ከምዝግበር ድማ የመላኽቱ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ኣብ መወዳእታ ኣብ መላእ ትግራይ ከም ክልል 2012 ዓ/ም ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ክልተ 58 ምኢታዊ ሕብረተሰብ ፅሩይ መስተ ማይ ረኺቡ፤ ዝተረፈ 42 ምኢታዊ ሕብረተሰብ ፅሩይ መስተ ማይ ንምብፃሕ እዩ ምርብራብ ዝግበር ዝነበረ። ኣብ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ሰለስተ ድማ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ዝተማልአ ሽፋን ክህብ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ዝነበረ እዋን ወራር ስለዝተፈፀመ ብምኽንያት እቲ ዕንወት 58 ምኢታዊ በፂሑ ዝነበረ ሽፋን 71 ምኢታዊ ክዓኑ ብምግባር ሽፋን ፅሩይ መስተ ማይ ትግራይ ናብ ትሕቲ 20 ምኢታዊ ክወርድ ክኢሉ እዩ። እዚ ድማ ልዕሊ ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ሕብረተሰብና ዝለመዶ ፅሩይ መስተ ማይ ስኢኑ ብማይ ወለድ ሕማማት ክጥቃዕ፣ ኣዴታት ናብ ሩባ ከይደን ንምምላስ ብድምር ሸሞንተ ሰዓት ተጓዒዘን ማይ ከምፅኣ ተገዲደን እየን። እዚ ዕንወት ዝፈጠሮ መዘዝ ድማ ኣብ መነባብሮ ሕብረተሰብ ከቢድ ማሕበራዊ ፀገም እናስዐበ ይርከብ። ንኣብነት፣ ተምሃሮ ካብ ትምህርቲ ምትራፍ፣ ሓረስታይ ካብ ሕርሻኡ ምትእጉጓል ኮታስ ብምኽንያት ሕፀረት ማይ ስሩዕ ስርሑ ዘይምስራሕ ይፍጠር ከምዘሎ ድማ ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተር ምሕደራን ቁፅፅርን ቢሮ ማይን ኢነርጅን ክልል ትግራይ ኣይተ መብራህቶም ታፈረ ይገልፁ።

ኣይተ መብራህቶም ብወገኖም እቲ ብሓይልታት ፅንተት ዝበፅሐ 71 ምኢታዊ ዕንወት ኣብ 2016 ዓ/ም ብዝተገበረ ርብርብ ናብ 48 ነጥቢ 8 ምኢታዊ ከምዝወረደ፤ ኣብ 2017 ዓ/ም እውን 10 ምኢታዊ ብምንካይ ዕንወት ትካላት መስተ ማይ ናብ ትሕቲ 40 ምኢታዊ ከምዝወረደ እዮም ዝሕብሩ። ነዚ መበገሲ ብምግባር ኣብ 2018 ዓ/ም ናብ 20 ምኢታዊ ንምውራድ ትልሚ ተታሒዙ ርብርብ ይግበር ከምዘሎ እውን ወሲኾም ይገልፁ። ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ከም ቢሮ ካብ 2013 ዓ/ም ሓምለን ነሓሰን ኢሉ እውን ካብ 2014 ዓ/ም ጀሚሩ ዝሓዞ ትልሚ ኣብ ምፍፃም ነይሩ፡፡ ብትልሙ መሰረት ዝፀገኖም ብካልኣይ ወራር እውን ዓንዮም እዮም፡፡ እቲ ኣብ 2013 ዓ/ም ዝተትሓዘ ሽፋን መስተ ማይ ትግራይ ልዕሊ 58 ምኢታዊ ምብፃሕ ዘይኮነስ መጀመሪያ ናብቲ ተበፂሑ ዝነበረ ሽፋን ንምምላስ እዩ። ዛጊድ ድማ ካብተን 12ሽሕን 947 ዝዓነዋ ትካላት ማይ እተን 5190 ትካላት ማይ ፅገና ተገይሩለን እዩ። እዚ ማለት 71 ምኢታዊ ዕንወት ባዶ ምስበፅሐ ናብቲ ኣብ መወዳእታ 2012 ዓ/ም ዝነበረ ትልሚ ልዕሊ 60 ምኢታዊ ኣብ ገፀር፣ 56 ምኢታዊ ኣብ ከተማ ብድምር 58 ምኢታዊ ከምትግራይ ንምብፃሕ ኣብ ምርብራብ ከምዝርከቡ ኣይተ መብራህቶም የረድኡ።

ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ኣብ ምምላእ ፅሩይ መስተ ማይ ካብ ሕብረተሰብ ዝፅበዮ ተግባር ኣሎ፡፡ ቅድሚኡ ግን እቲ ካብ ቢሮ ክሳብ ቑሸት ትካል ማይ ኣብ ስራሕ ዝነበረ መሓውር መንግስቲ ናብ ስራሕ ምምላስ ዕማም መንግስቲ ክቕድም ኣለዎ። እቲ ቢሮ ግን ዛጊድ ካብዘይሰርሖም ስራሕቲ እቲ ሓደ እዚ እዩ፡፡ ኮይኑ ግና እቲ መሓውር ትካላት ማይ ብኣግባቡ ንክስራሕ ጓል ኣንስተይቲ እትመርሖም ሸውዓተ ኣባላት ዝሓዘ ውዳበ ማሕበረሰብ ዋሽኮ(ማይን ስነ ፅሬትን) ዝዓሞም ዝነበረ ስራሕቲ ክሰርሑ ይግባእ። እቶም ስራሕቲ ኣብ ሓለዋ፣ ፅገና ትካላት ማይ፣ ስርዓት ኣጠቓቕማ ማይ፣ ንትካላት ማይ ዘድሊ ቅርሺ ምውፃእ ንፅገና ዝተወደቡ መናእሰይ ምጥንኻርን ምህላዎም ምርግጋፅ የድሊ። ሕዚ ሕብረተሰብ ክገብሮም ካብ ዘለዎም ቀንዲ ከዓ መሐከሚ ማይ ተጠቒሙ ኣብ ፅሬት ዝሰትዮ ማይ ትኹረት ክገብር ይግባእ። እቲ ምሕካም ማይ ኣብቲ ትካል ማይ (ዒላ)፣ ኣብ ጀሪካን እውን ምሕካም ይከኣል እዩ። እቲ ቢሮ ኣብዚ ሕዚ እዋን ምስዘይመንግስታዊ ትካላት ኮይኑ ብፍሉይ ትኹረት ድርቂ ኣብ ዝበፅሐን ከባቢታት ብደረጃ ስድራ ማይ ዝሕክማ መሳርሒታት ሓገዝ ይገብር ከምዘሎ ኣይተ መብራህቶም ይገልፁ።

መሐከሚ መድሓኒት ዝርከበሎም መንገድታት ኣመልኪቶም ኣይተ መብራህቱ፣ ብቐንዱ ዝርከብ ካብ ቢሮ ጥዕና እንትኾን፤ ቢሮ ማይን ኢነርጅን እውን ካብ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ብዝረኸቦ መሐከሚ ማይ መድሓኒት ምርካብ ከምዝከኣል እዮም ዘረድኡ። ካብዚ ወፃኢ ክወሃብ ከምዘይፍቀድ ክፍሊት ዝብሃል ከምዘይብሉን ብናፃ ዝዕደል ምኻኑ እውን ይገልፁ። እዚ ወቕቲ፤ እዋን ክረምቲ ከምምኻኑ መጠን ማይ ወለድ ሕማማት ዝረኣይሉ ኩነታት ኣሎ። እዚ ንሕማማት ዝቃልዕ ብምኻኑ ዘይተሓከመ ማይ ምጥቃም ፍፁም ክተርፍ ከምዘለዎ መልእኽቲ ኣይተ መብራህቶም የረድእ።

ብሓፈሻ ብልፍንታዊ ወረርቲ ኮነ ተባሂሉ ዝዓነወ መሰረተ ልምዓት ትግራይ ብፍላይ መሰረተ ልምዓት መስተ ማይ ናብ ንቡር ንምምላስ ብዕቱብ ክሰርሐሉ ኣለዎ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ብተግባር ዝስርሑ ስራሕቲ እውን ኣለው። ኮይኑ ግና መጠን እቲ ዕንወት ኣዝዩ ከቢድ ስለዝኾነ ብውሱን ሓይልታትን ዓቕምን ጥራሕ ዝከኣል ስራሕ ኣይኮነን። ብፍላይ ዓለምለኻውን ኣብ ውሽጢ ናይ ዝርከቡን ትካላት ገበርቲ ሰናይ ዝጀመርዎ ስራሕ እኹል ስለዘይኮነ ካሊእ ተወሰኽቲ ደገፋት ብምውዳድ ብዝተጠናኸረ መንገዲ ክቕፅልሉ ኣለዎም። ፌደራል መንግስቲ እውን እቲ ዕንወት ባዕሉን ንሱ ብዝመርሖም ወረርትን ዝበፅሐ ጉድኣት ስለዝኾነ፤ እቲ ጉድኣት ብቐሊሉ ስለዘይሕከም ብፍሉይ ተወሳኺ በጀት ብምምላእ ሓላፍነቱ ክዋፃእ ትፅቢት ይግበር። እቲ ፀገም በዚ ተዋዲድካ እንተተሰሪሑ ብውሱን መልክዑ እውን ክቃለል ስለዝኽእል ብፍላይ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዘድሊ በጀት ብምምዳብን ካብ ደገፍ ዝርከብ ገንዘብ ኣብ መዓልኡ ክውዕል ብምግባርን ብወረርቲ ዝዓነዋ ትካላት መስተ ማይ ክፅገናን ሓደሽቲ ክህነፃን ብምግባር ሕብረተሰብ ቀረብ ፅሩይ መስተ ማይ ዝረኽበሉ ኩነታት ክፈጥር ይግባእ።

መጋብኢያ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሰላምን ፀጥታን መንግስቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ጨራታት ዝተዋደደ ዕማም!

ኣብ ትግራይ ብምኽንያት ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ዝፈጠሮም ሰፋሕቲ ፀገማት ፀጥታ እናጋጠሙ ብምምፅኦም ሕብረተሰብ ኣብ መንግስቲ፣ ኣካላት ፀጥታን ፍትሕን እምነት ክስእን ምኽንያት ኮይኖም ይኸውን ኣሎ። ሕብረተሰብ ብሰላም ወፊሩ ንምእታው ክፀገምን ስግኣት ክሓድሮን ብምኽኣሉ ብዝተፈላለየ መንገዲ መረረቱ ይገልፅ እዩ። ኣብ ከተማ ኣኽሱም እውን ድሕሪ ኲናት ፅንተት ብርክት ዝበሉ ፀገማት ፀጥታ እናተርኣዩ መፂኦም እዮም። መንቀሊ እዞም ፀገማት ፀጥታ ብሰንኪ እቲ ወራር ዝነበረ መሓውር ፀጥታ ፈሪሱ ብምፅንሑ እዩ።
ከተማ ኣኽሱም ክልተ ግዜ ብፀላእቲ ተታሒዛ እያ። ብሰንኪ እዚ ዝተፈላለየ ከቢድን ቀሊልን ገበን ፈፂሞም ተፈሪድዎም ኣብ ቤት ህንፀት ዝፀንሑ ተሃነፅቲ ተፈቲሖም ዝተሰደድሉ ኩነታት ነይሩ። ካብዚ ዝብገስ ድሕሪ እቲ ኲናት ጠጠው ምባሉ እውን ስርቂ፣ ሃንጊ፣ ምንጠላ፣ ገዛ ፎጊርካ ምዝራፍ፣ መውቃዕትን ካልኦትን ገበናት እናተስፋሕፍሑ መፂኦም እዮም። ነዚ ንምግታእ ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ መሓውር ፖሊስ ናብ ስርሑ ምስተመለሰ እተን ዝነበራ 26 ኮሚኒቲ ፖሊስ ቀልጢፈን ክውደባ እዩ ገይሩ። ቀፂሉ ድማ ምልሻ፣ ተመለስቲ ተጋደልትን ነባራት ዓቕምን ተወዲቦም። እዚ ምስናይ ሕብረተሰብ ናይ ምልዕዓል ስራሕ ተዓጂቡ መድረኻት ብምድላው ቀንዲ ስግኣታት ፀጥታ ነፂርካ ናብ ስራሕ ከምዝተኣተወ ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ ኣኽሱም ተጋዳላይ ቴድሮስ በየነ ይገልፅ።

ኣብቲ እዋን ኣካላት ፍትሕን ቤት ፍርድን ናብ ስራሕ ከይኣተዉ ስለዝፀንሑ ግና ሕብረተሰብ ገበነኛታት ሒዙ ናብ ፖሊስ ዋላ እንተረከበ ሒዝካ ምስዳድ ይርአ ነይሩ እዩ። እዚ ድማ “ገበነኛታት ብነፃ ይስደዱ ኣለዉ” ብዝብል ኣብ ሕብረተሰብ ዓብዪ ቅርታ ክፍጠር ምኽንያት ኮይኑ ፀኒሑ። ብሰንኪ እዚ ሕብረተሰብ ኣብ ሕጊ እምነት እናሰኣነ ክኸይድ ገይሩዎ። ዳሓር ትካላት ፍትሒ፣ ቤት ፍርድን ቤት ህንፀትን ናብ ስራሕ ክኣትዋ ምስተገበረ ግና ምስቲ ሕረተሰብ ተቓራሪብካ ንምስራሕ ዝተኽኣለሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ብፍላይ ፖሊስ፣ ምልሻ፣ ተመለስቲ ተጋደልቲ ከምኡ እውን ኣብቲ ከተማ ምስዘለዉ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ተዋዲድካ ንምስራሕ ተፈቲኑ እዩ። ናብ ስራሕ ምስተኣተወ እውን በቢከባቢኡ መፅናዕቲ እናተኻየደ “መን ብስርቂ፣ ሃንጊ ይጥርጠር፣ ቅድሚ ሕዚ ገበን ፈፂሙ ፍርደኛ ዝነበረ ኸ መንዩ” ዝብልን ካሊእን ካብ ሕብረተሰብ ሓበሬታ ብምእካብ ገበንን ስግኣት ገበንን ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ዘኽእል ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። ንኣብነት፣ ቅድሚ ኲናት ከቢድ ገበን ፈፂሞም ተፈሪዱዎም ወይ ገበን ብምፍፃም ተጠርጢሮም ኣብ ቁፅፅር ሕጊ ውዒሎም ዝነበሩ ብሰንኪ ኲናት ተሰዲዶም ዝነበሩ ልዕሊ 81 ተደለይቲ ኣብ ቁፅፅር ውዒሎም እዮም።

ከምከተማ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ኣሎ። ብብርኪ ጣብያን ቀጠናን እውን ከምኡ። ብብርኪ ከተማ ከንቲባ ዝመርሖ ኮይኑ በቢወርሑ ጉዳይ ፀጥታ ዝግምገመሉ እዩ። ብብርኪ ጣብያን ቀጠናን ድማ ብኣመሓደርቲ እናተመርሐ በቢክልተ ሰሙንን በቢሰሙንን እናተገምገመ እዩ ዝስራሕ። ሓይልታት ፀጥታ እውን ኣካል እቲ በቢደረጅኡ ዘሎ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ክኾኑ እዩ ተገይሩ። ምኽንያቱ ሰላም እንተዘይሃልዩ ሕብረተሰብ ወፊሩ ክኣቱን ንግዳዊ ኮነ ካልእ ዕለታዊ ስራሕቱ ከሳልጥን ኣይኽእልን። ስለዝኾነ ከምከተማ ንስራሕቲ ፀጥታ ቀዳምነት ተዋሂቡ እናተሰርሐ እዩ መፂኡ። ካብዚ ዝብገስ እቶም ዝነበሩ ዓበይቲ ፀገማት ቀልጢፍካ

ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ ኣኽሱም ተጋዳላይ ቴድሮስ በየነ

ንምፍታሕ ምስቲ በቢደረጅኡ ዘሎ ቤት ምኽሪ ፀጥታ እናተናበብካ ንምስራሕ ዝተገበረ ምንቅስቓስ ዝሓሸ ነይሩ። ብፍላይ ምምሕዳር ፀጥታ፣ ፖሊስ፣ ምልሻ ምስኣካላት ፍትሕን ቤት ፍርድን ተናቢብካ ቅልጡፍ ምፅራይ ገይርካ ፍትሒ ንምርግጋፅ ዝግበር ፃዕሪ ኣሎ። ንኣብነት፣ ኢድ ብኢድ ንዝተትሓዘ ገበነኛ ከይወዓለ ከይሓደረ ክሲ መስሪትካ ቅልጡፍ ምፅራይ መረዳእታ ገይርካ ግቡእ ፍርዲ ክረክብ ኣብ ምግባር ብብርኪ ትግራይ ከተማ ኣኽሱም ኣብ ቅድሚት ተሰሪዓ እያ። በዚ መዳይ ኣብ 2017 ዓ/ም ጥራሕ ኣብ 37 መዝገብ 151 ኢድ ብኢድ ዝተትሓዙ ገበነኛታት ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ግቡእ ፍርዲ ክወሃቦም ተገይሩ እዩ። እዚ ነቲ ብስሩዕ ክሲ ዝተሓዝ ከይወሰኽካ እዩ።
ካሊእ ሓባር ኮሚቴ ኣካላት ፍትሒ ዝብሃል ኣሎ። ቅድሚ ኲናት ግና ቤት ፅሕፈት ፀጥታ፣ ምልሻ፣ ፍትሒ፣ ፖሊስን ቤት ፍርድን ዘካተተ እዩ ነይሩ። ሕዚ ግን ቤት ፅሕፈት ፍትሒ፣ ፖሊስን ቤት ፍርድን ጥራሕ ዝሓቖፈ ክኸውን ተገይሩ ኣሎ። እዚ ኮሚቴ ፀገማት ፀጥታ ቀልጢፍካ ንምፍታሕን ፍትሒ ኣብ ምርግጋፅን ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ሓደ ጣብያ ወይ ቀጠና ዘሎ ብሉፅ ተሞክሮ ናብ ካልኦት ጣብያን ቀጠናን ክሰፍሕ ይግበር። ኣብ ኣወዳድባ ምልሻ፣ ተመለስቲ ተጋደልቲ፣ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ከምኡ እውን ብሎክ መሰረት ዝገበረ ሓለዋ ብዕምቆት ይግምገም። እዚ ድማ ብፍላይ ከም በዓል ንግሲ ሕዳር ፅዮን፣ ጥምቀት፣ ሆሳእና፣ ዓይኒዋሪ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ በዓላት ከተማ ኣኽሱም ብሰላም ንክሓልፉ ወሳንነት ኣለዎ። ብኻሊእ መዳይ ብማሕበር ፅዮን ማርያምን ማሕበር ደገፍቲ እግሪ ኩዕሶ እታ ከተማን ዝተወደቡ መናእሰይ እውን ኣለዉ። እዚኦም ፀጥታ ከባቢኦም ኣብ ምሕላው ብፍላይ ድማ ኣብቶም ዓበይቲ በዓላት ምስኣካላት ፀጥታ ተዋዲዶም ብምስራሕ ርኡይ ኣስተዋፅኦ ዝነበሩ እዮም።

ከምከተማ ኣብ ስራሕቲ ፀጥታ ሓጋዚ ዝኾነ ብርክት ዝበለ ተመላሲ ተጋዳላይ (ሓርበኛ) ኣሎ። ካብ ሰራዊት ብክብሪ ክሰናበት እንከሎ ዝተኣተወሉ ቃል ብምልኡነት ክማለኣሉ ብዘይምኽኣሉ ብውሱን መልክዑ ቅርታታት የልዕል እዩ። ይኹን እምበር ምርግጋፅ ሰላምን ድሕንነትን ህዝቡ መስዋእቲ ንምኽፋል ዝወፀሉ ጉዳይ ስለዝኾነ ብዝኽኣሎ መጠን እናሓገዘ ይርከብ። እቲ ምልሻ እውን ሕፀረት ዕጥቂ ኣለዎ። “ብረት ዘይብለይ” ኢሉ ግና ፀጥታ ከባቢኡ ካብ ምሕላዉ ከምዘይበኾረ ተጋዳላይ ቴድሮስ የረድእ።
ብዘይካ እዚ፣ ኣብ ቤት እምነታት፣ ሕብረተሰብ ኣብ ዝእከበሎም ህዝባውን መንግስታውን በዓላት ዝወሃብ ኣስተምህሮ ምክልኻል ገበን ኣሎ። ገበን እንተተፈፂሙ ድማ ገበነኛ ሒዝካ ናብ ሕጊ ክቐርብ ኣብ ምግባር ሕብረተሰብ ሓጋዚ ክኸውን ምግባር ኣካል እቲ ኣስተምህሮ እዩ። ነዞም ተግባራት ካብ ምትላም ክሳብ ምውፋርን በቢግዚኡ ዘሎ ኣፈፃፅማ ምግምጋምን ኣቢልካ ፀገማት ፀጥታ ክፍትሑ እናተገበረ ይርከብ። ብኣውርኡ ድማ ምስውዳበታት፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ ገጅለ ልምዓት፣ መናእሰይን ሕብረተሰብን ምትእምማን እናፈጠርካ ንምኻድ ዝተገበረ ፃዕሪ ዝነኣድ እዩ። ንኣብነት፣ ደቂ ኣንስትዮ በቢከባቢኣን ናይ ቀትሪ ሓለዋ የካይዳ እየን። ኣብ ፀጥታ ከባቢኣን ዝኾነ ፀገም እንትፍጠር ወይ ንዝጠርጠርኦ ሰብ ሒዘን ናብ ፖሊስን ኣካላት ሕግን የረክባ። እዚ ኣብ ኣኽሱም ዘሎ ዓብዪ ተሞክሮ እዩ።

ብተመሳሳሊ ምስባጃጃት ተኣሳሲሩ ብፍላይ ምሸት ዝሰርሓ ባጃጃት ስርቂ፣ ሃንግን ምንጠላን ኣሎ። ነዚ ንምፍታሕ ሰብ ዋና(ኣሽከርከርቲ) ባጃጅ ብ“ኔትዎርክ” ሓደ ንሓሙሽተ ክተኣሳሰሩ ተገይሩ እዩ። ብመሰረት እዚ ጠርነፍቲ ኣለዉዎም። እቶም ጠርነፍቲ ድማ ምሸት ብዘይ መውፅኢ ፍቓድ ንዝተንቀሳቐሱ ናብ ኣካላት ፀጥታ ከፍልጡ ብምግባር ዝግበር ቁፅፅር ኣሎ። ካሊእ ኣብ ድልድላት፣ ዘይተወድኡ ህንፃታት፣ ሆቴላት በቢግዚኡ ሃንደበታዊ ፍተሻታት ይግበሩ እዮም። ንኣብነት፣ ካብ ከተማ ኣኽሱም ናብ ዓድዋ መውፅኢ ኣብ ዘለዉ ሓደሽቲ ዘይተመልኡ ህንፃታት መሕብኢኦም ዝገበሩ ዝተጎጀሉ ለያቡ ብዝተገበረ ሃንደበታዊ ፍተሻ ክተሓዙ ክኢሎም እዮም። ካብ ከተማ ኣኽሱም ናብ ሽረ ኣብ ዘውፅእ ከባቢ ሰንሻይን እውን ብተመሳሳሊ ኣብ ቁፅፅር ዝወዓሉ ሰረቕቲ ኣለዉ። እዚኦም ቀትሪ ቀትሪ ኣብቶም ዘይተወድኡ ህንፃታት ድቅስ ውዒሎም ምሸት ምሸት ኣብ ስርቂ ዝዋፈሩ ዝነበሩ እዮም። ብሓፈሻ ግን ብዝተገበረ ሃንደበታዊ ተፍትሽ ሓደ ተተካሊ ብሬን፣ ሸውዓተ ብረት፣ 17 ሽጉጥን ሓደ ወታደራዊ ክሻፋን ሓዊሱ ብርክት ዝበሉ ቀለልትን ማእኸለዎትን ዕጥቅታት፣ ዝተፈላለዩ ዝተዘረፉ ንብረታት፣ እንስሳ፣ ሓሺሽን መጥቀሚ ሽሻታትን ኣብ ቁፅፅር ክውዕሉ ተገይሩ እዩ። ዋላ እዚ ኩሉ ገይርካ ግና እቲ ሕብረተሰብ ሕዚ እውን ብምሉእነት ካብ ስግኣት ፀጥታ ነፃ ኣይኮነን። ብጭቡጥ ዝረአ ምምሕያሽ ዋላ እንተሃለወ ብልቢ ምሉእነት ንምዝራብ ዘብቅዕ ግን ኣይኮነን። ጉዳይ ፀጥታ ከምቤት ፅሕፈት በይንኻ ጥራሕ ዝስራሕ ስለዘይኮነ። ንኣብነት፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝረአዩ ፀገማት ኣለዉ። ሓደ ገበነኛ ገበን ፈፂሙ ተታሒዙ ናብ ፍርዲ ምስቀረበ ብገደብ ምስዳድ ኣሎ። ምስዚ ዝተትሓሓዘ ከምከተማ ልዕሊ

23 ጉዳያት (ክስታት) ኣጋጢሞም እዮም። ቅድም ክብል ሕብረተሰብ ዝሓዝናዮ ገበነኛ ብዘይግቡእ ፍርዲ ይፍታሕ ኣሎ ዝብል መረረት እዩ ዝመፅእ ነይሩ። ሕዚ ግና ኣብ ኣካላት ፀጥታ “ጎይና ደኺምና ዝሓዝናዮ ሌባን ገበነኛን ብዘይግቡእ ፍርዲ ብገደብ ግዜ እናተብሃለ ይስደድ ኣሎ” ዝብል ቅሬታ እዩ ዘሎ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ብፍላይ ኣብ ኣካላት ፍትሕን ቤት ፍርድን ዞባ ማእኸል ዓብዪ ድኽመት ከምዘሎ ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ ኣኽሱም ይሕብር።
ኣብዚ ከምመርኣዪ ንምጥቃስ ኣብ ከተማ ኣኽሱም ሓደ ውልቀ ሰብ ሰለስተ ብረት ሓቢኡ ኢድ ብኢድ ተታሒዙ ብዕጥቂ ምዝውዋር ዝተኸሰሰ ነይሩ። ይኹን እምበር ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእኸል ብቐጥታ እቲ ክሲ ናብ ባዕሉ ብምስሓብ ብ50 ሽሕ ብር ቅፅዓትን ገደብ ክልተ ዓመትን ተወሲኑዎ እዩ። በዚ ምኽንያት እቲ ምልሻ፣ ፖሊስን ካልኦት ኣካላት ፀጥታን “ፃዕርና ከንቱ ይተርፍ ኣሎ” ዝብል ተስፋ ምቝራፅን ምድኻምን ዝተርኣየሉ ኩነታት ኣሎ። ካሊእ ኣብቲ ሕብረተሰብ ምልዕዓል ፈጢርካን ወዲብካን በዓል ዋና ፀጥታ ክኸውን ኣብ ምግባር ሓላፍ ዘላፉት ኣለዉ። ንኣብነት፣ ንብረት እንተጠፊኡዎ ክኸስስ፣ ንዝረኣዮ ነገር ክምስክርን ንናይ ፀጥታ ኣካል ሓበሬታ ክህብን ኣብ ምግባር ድኽመታት ይረአዩ።

ካልእ ዛጊድ ክንቆፃፀሮ ዘይከኣልና ገበን ምትላል እዩ። ንኣብነት፣ ካብ ሞባይል ናብ ሞባይል ኣብ ዝግበር ናይ ገንዘብ ምትሕልላፍ ከምኡ እውን “ብሕሳር ዝሸየጥ ንብረት ኣለና እሞ ክንሸጠልካ” ወዘተ ዝብሉ ናይ ምትላል ገበናት የጋጥሙ እዮም። እቲ ዝታለል ዘሎ ሰብ እውን ዘይግቡእ ትርፊ ንምርካብ ዓሊሙ እዩ ናብ ዘይሕጋዊ ስራሕ ዝኣቲ ዘሎ። ስለዚ ሕብረተሰብ ዝኾነ ነገር ክዕድግ እንትደሊ ብሕጋዊ መንገዲ ካብ ሕጋዊ ኣካል እምበር ብጎኒ ንዝመፅዎ ክቕበል የብሉን። ምስኣጠቓቕማ ሞባይል ባንኪንግ እውን ዝኾነ ይኹን ሰብ ሞባይሉ ንካሊእ ሰብ ኣሕሊፉ ክህብ የብሉን፤ ገንዘብ ከመሓላልፍ ወይ ክቕበል እንተኾይኑ እውን ኣብቲ ቴክኖሎጂ ዘለዉ ሓደጋታት ኣብ ግምት ኣእትዩ ባዕሉ ብጥንቃቐ ክጥቀም ከምዘለዎ ክፈልጥ ይግባእ። ከምኡ እውን ናህሪ ዕዳጋ ዘሰዕቡ ዘይስሩዕ ወረታት ምውዛዕ ኣሎ። እዚ ኮነ ተባሂሉ ብፀላእቲ ዝፍፀም ስለዝኾነ ሕብረተሰብ ምንጪ ናይቲ ሓበሬታ ከየፃረየ ክምቅቡል ክወስድ የብልን። ኣብ ከምዚ ዓይነት ተግባር ዝተዋፈሩ ኣካላት እውን ኪቃልዑ ኣለዎም። ብሓፈሻ ግና ሕብረተሰብ ኣጠቓላሊ ኩነታት ፀጥታ ከባቢኡ ንጡፍ ተሳታፊ ክኸውንን ምስኣካላት ፀጥታ ተዋዲዱ ክሰርሕን ከምዘለዎ ተጋዳላይ ቴድሮስ የተሓሳስብ።
ደሚርካ እንትርአ ኣብ ከተማ ኣኽሱም ሰፋሕቲ ስራሕቲ ፀጥታ እናተሰርሑ መፂኦም እዮም። ኮሚኒቲ ፖሊስ፣ ምልሻ፣ ተመለስቲ ተጋደልቲ፣ ነባር ዓቕሚ፣ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ወዲብካ ኣብ ስራሕቲ ፀጥታ ሓገዝቲ ክኾኑ ኣብ ምግባር ዝሓሸ ምንቅስቓስ ኣሎ። እዚ ኮይኑ ግና ኣብ ዞባ ቤት ፍርድን ፍትሕን ዝርአ ንገበነኛ ዘበረታትዕ ኣካይዳ ቀልጢፉ ክእረም ኣለዎ። ብዘይካ እዚ ምስገበን ምትላል ተኣሳሲሮም ዝረኣዩ ዘለዉ ፀገማት ግንዛበ ሕብረተሰብ ብምዕባይ ምፍታሕ የድሊ። ብሓፈሻ ግን ከምከተማ ቤት ፅሕፈት ፀጥታ ምስፖሊስን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ተናቢቡ ንምስራሕ ዝኸዶ ክያዶ ኣዝዩ ዝነኣድ እዩ። ስለዝኾነ ነቶም ዝጀመሮም ስራሕቲ ኣጠናኺሩ ብምቕፃል ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘለዉ ስግኣታት ፀጥታ መሊኡ ብምቕራፍ ከተማ ኣኽሱም ውሕስትን ሰላማዊትን ከተማ ንምግባር ዝያዳ ክተግህ ይግባእ ንብል።

መስዋእቲ ኩሎም ጀጋኑና ህያው ታሪኽና እዩ!!

ጦፈኛ

ደም ንፁሃት ደመ ከልቢ...ክሳብ መዓዝ?!

እዞም በብመዓልቱ ኣብ ልዕሊ ንፁሃት ወገናትና ብፃሓይ ቀትሪ ዝፍፀሙ ዘለዉ ገበናት ብዝተወደቡን ደም ሰብ ብዝለመዱን ገበነኛታት ብግልፂ እናተፈፀሙ ክትዕዘብ እንተለኻ ሰላምን ፀጥታን ህዝቢ ዘኽብር መንግስቲ፣ ሓይሊ ፀጥታ ከምኡ እውን ፍትሕን ርትዕን ልዕልነት ሕግን ዘረጋግፅ ስርዓት ኣሎ ኢልካ ንኽትዛረብ ብጣዕሚ እዩ ዘሕፍር።

ንገበነኛታት ዝቕይድ ሕግን ናይ ፀጥታ መሓቡርን ብዘይምህላው ኣብ ልዕሊ ሓደ ወዲ ሰብ ዝኾነ ዓይነት ገበን እናተፈፀመ ብዓይንኻ እናራኣኻ ካብ ፍርሕን ስግኣትን ዝብገስ ሪኡ ከምዘይራኣየ ስቕ ኢሉ ዝሓልፍ ማሕበረሰብ ኣሎ ጥራሕ ዘይኮነስ ኩሉ ዳርጋ ከምንቡር ወሲድዎ እዩ።

ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ሃገር ወይ ክልል ዝነብር ህዝቢ ብዝኾነ ኣጋጣሚ ኲናት እንተተፈፂሙዎ፤ ድሕሪ ኲናት ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ስነ ልቦናውን ፅገመት ከጋጥምዎ ግድን እዩ። ብመንፅር እዚ እንትርእ ድሕሪ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት እቶም ልዕል ኢሎ ዝተገለፁ መሰረታዊ ፀገማት ብሰፊሑ ዝተርኣዩን ዘለውን ምኧኖም ጥርጥር የብሉን። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝበፅሑን ዝፍፀሙን ዘለው ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝግለፁ ገበናት ክትዕዘብ እንተለኻ፤ ካብቶም ኲናት ፅንተት ዝፈፀሙ ወረርቲ ሓይልታት ዘይነኣኣስ ይፍፀም ኣሎ። እዚ ኢለ ንሎሚ ኣፍታ ዝነበረላ ከተማ መቐለ ኮይነ በብእዋኑ ካብ ዝሪኣምን ዝሰምዖምን ፍፃመታት ገበን መሰረት ገይረ ትዕዝብተይ ከካፍለኩም። ኣብ ከተማ መቐለ ለይትን ቀትርን ዝፍፀሙ ገበናት ብዙሓትን ዝተፈላለዩን እዮም። ኣብነት ከም ክትራን፣ ሃንጊ፣ ስርቂ፣ መጭወይቲ፣ ፆታዊ ዓመፅ ምንጠላን ካልኦትን ዝኣምሰሉ ብሰፊሑ ይፍፀሙ ኣለው። ናይ ሕድሕድ ገበናት ኣፈፃፅመኦም ክንዕዘብ እንተለና ብዝተፈላለየ መልክዕ እዮም ዝግለፁ።

መጭወይቲ ዝምልከት እንተሪኢና ብባጃጅ ዓፈንካ ብምውሳድ ብኻራ፣ ሽጉጥ፣ ከላሽንን ካልኦት በላሕቲ ነገራትን ተጠቒምካ ዝፍፀሙ ገበናት ተደጋጊሞም ይረኣዩ ኣለዉ። በዚ መንገዲ እዚ ዝፍፀሙ ገበናት ነቲ ዝተጨወየ ሰብ ብምፍርራሕ ካብ ባዕሉ ወይ ድማ ካብ ስድራ (ቤተሰብ) ተጨዋዩ ዓቕን ዘይብሉ መጠን ገንዘብ ብምሕታት ዝፍፀም ኮይኑ፤ መብዛሕቲኦም ገበነኛታት ብሕቶኦም መሰረት ድሌቶም ይፈፀም ኣይፈፀም ብዘየገድስ ነቲ ዝጨወይዎ ሰብ ብምውጋድ ወይ ብምቕታል ኣቢሎም እንተምልጡ ምዕዛብ ንቡር ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኣሓትና ዝፍፀም ፆታዊ ጥቕዓት፣ መቅተልትን ካልኦት ገበናትን ተደጋጊሞም ይረኣዩ ኣለው። ካሊእ ከም ሞባይል ይኹን ኣብ ጁባ ውልቀ ሰብ ክርከብ ዝኽእል ገንዘብ ይኹን ካልእ ዝኾነ ዓይነት ንብረት ንምውሳድ ክሳድ ብምሕናቕ (ሃንጊ) ብምግባር ዝፍፀም ዓይነት ገበን ኣሎ። በዚ መንገዲ እዚ ዝጥቅዑ ሰባት እውን ብዘይካ ውሑዳት እቶም ዝበዝሑ ግዳይ ሞትን ምጉዳል ኣካልን እንትኾኑ ምርኣይን ምስማዕን ኣብ ከተማ መቐለ ልሙድ ገበን ኮይኑ ኣሎ።

እቶም ሂወት ሰብ ብምጥፋእን ኣካል ብምጉዳልን ዝፍፀሙ ዘለው ገበናት ኣዝዮም መሰቀቕቲ እዮም። "ዶ/ር እከለያ ሃንጊ ገይሮምዎ፣ ንእከለያ ጨውዮምዎ፣ ሓሪዶምዎ ሆስፒታል ኣትዩ" ብዝብል ዝፍፀሙ ገበናት በቢእዋኑ ተደጋጊሞም ዝፍፀሙ እዮም። ናብ ባጃጅ ኣእቲኻ ኣታሊልካ ምስራቕ፣ መንጢልካ ምህዳም ወዘተ ዝብሉን ካልኦት ቀለልቲ ገበናት ድማ ብዙሕ መንእሰይ ዝለማመዶም ዘሎ ተግባራት እዮም። ካብዚ ዝብገስ መብዛሕቲኡ ነባሪ ህዝቢ ከተማ መቐለ ወፂኡ ክሳብ ዝኣቱ ብፍርሕን ራዕድን ተሸቚሪሩ ይነብር ኣሎ። እዞም በብመዓልቱ ኣብ ልዕሊ ንፁሃት ወገናትና ብፃሓይ ቀትሪ ዝፍፀሙ ዘለዉ ገበናት ብዝተወደቡን ደም ሰብ ብዝለመዱን ገበነኛታት ብግልፂ እናተፈፀሙ ክትዕዘብ እንተለኻ ሰላምን ፀጥታን ህዝቢ ዘኽብር መንግስቲ፣ ሓይሊ ፀጥታ ከምኡ እውን ፍትሕን ርትዕን ልዕልነት ሕግን ዘረጋግፅ ስርዓት ኣሎ ኢልካ ንኽትዛረብ ብጣዕሚ እዩ ዘሕፍር።

ንገበነኛታት ዝቕይድ ሕግን ናይ ፀጥታ መሓቡርን ብዘይምህላው ኣብ ልዕሊ ሓደ ወዲ ሰብ ዝኾነ ዓይነት ገበን እናተፈፀመ ብዓይንኻ እናራኣኻ ካብ ፍርሕን ስግኣትን ዝብገስ ሪኡ ከምዘይራኣየ ስቕ ኢሉ ዝሓልፍ ማሕበረሰብ ኣሎ ጥራሕ ዘይኮነስ ኩሉ ከምንቡር ወሲድዎ እዩ። ካብዚ ዝብገስ ኣብ ከተማ መቐለ ለይትን ቀትርን ብግልፂ ብዝፍፀሙ ገበናት ምኽንያት በቢእዋኑ ዝመውትን ብኻራ ተሓሪዱ ናብ ሆስፒታል ዓይደር ዝኣቱን ሰብ ብዙሕ እዩ። ከምዚእም ዝበሉ ገበናት ክትርእን ክትዕዘብን እንተለኻ ናበይ ንኺድ ከምዘለና ክትርዳእ ትፀገም። ካብዚ ብምብጋስ ፀጥታን ምምሕዳርን ከተማ መቐለ ነቲ በብእዋኑ ዝፍፀም ዘሎ ኣዝዩ መነወርን መስካሕኽሕን ገበን ኣብ ግምት ኣእትዩ ሰላምን ፀጥታን መላእ ማሕበረሰብ ከተማ መቐለ ኣብ ምውሓስ ትኹረት ሂቦም ክሰርሑ ይግባእ። ብፍላይ ምስ በዓል ኣሸንዳን ዓይኒ ዋርን ሓዱሽ ዓመት 2018 ዓ/ም ተኣሳሲሩ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣሸንዳ ኣሕዋትናን ነቲ በዓል ይኹን ንቤተሰቡ ኢሉ ንዝመፅእ ዲያስፖራን ብመልክዕ ቱሪስት ንዝመፁ ኣጋይሽን ኣብ ግምት ዘእተወ ምድላው ፀጥታ እንተዝግበር፤ ውሑስ ሰላም ረኺቡ ህልውንኡ ንምውሓስ ምስ ብዙሓት ሓይልታት ልፍንቲ ገጢሙ ዝሰዓረን ታሪኽ ዝሰርሐን ህዝቢ ኣብ ውሽጡ ብዘለው ተኳሉ ደሙ ደም ከልቢ ክኸውን የብሉን። ነዚ ሓደገኛ ኩነታት ትኹረት ሂብካ ኣብ ምፍታሕ ውድብን ግዝያዊ ምምሕዳርን ብፍላይ ቢሮ ፀጥታን ሰላምን ክብደት ናይቲ ሓደጋ ተረዲኦም ክበራበሩ ክረባረቡሉ እንተዘይኪኢሎም ሓደግኡ ከቢድ ከምዝኸውን ኣየጠራጥርን እሞ ሓላፍነትኩም ተዋፅኡ እብል።

ሶሻል ካብ ከተማ መቐለ

ዘይሕጋዊ ዕደና...ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ድሕሪ ምፍፃሙ ግን ሕጋዊ ብዘይኮነ መንገዲ ብመሽነሪታትን ኬሚካላትን ዝተደገፈ ቐጥዑ ዝጠፍኦ ዕደና ወርቂ ይካየድ ብምህላው ሰብ፣ እንስሳትን ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮን ዝለዓለ ጉድኣት ይበፅሕ ምህላው ኣረዲኡ።

ነቲ ዝበፅሕ ዘሎ ዕንወትን ብኽለት ኣየርን ጠጠው ንምባል ብብርኪ ክልል ምክትል ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝመርሖ፣ ሸውዓተ ኣባላት ዝርከቡዎም ዓበዪ ኮሚቴ ተጣይሹ ምስ ኣካላት ኣመራርሓ ዞባ፣ ወረዳን ኣካላት ፀጥታን ብሓባር ብምዃን ነቲ ዘይሕጋዊ ዕደና ስርዓት ንምትሓዝ ይሰራሕ ምህላውን ውሱን ውፅኢት ክረአ ምጅማሩ እቶም ኣመሓዳሪ ኣገንዚቦም።

ኣይተ ወልደኣብርሃ፤ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ዘይሕጋዊ ዕደና መኣድን ዝተዋፈሩ ዶዘራት፣ ስካቫተራት፣ ጠሓንትን ሓፀብትን ወርቂ መሽነሪታት ሕጋውነተን ክሳብ ዝረጋገፅን ስርዓት ዘትሕዝ ኣሰራርሓ ክሳብ ዝትግበርን ኣብ መማእኸልቲ ጣብያታት ክእከባ ከምዝተገበረን ንሰራሕተኛታት እቲ ዘይሕጋዊ ዕደና ዝውዕሉ ብቆርቆሮ ብዕንፀይትን ዝተሰርሑ ዘይእዱብ ኣባይቲ እውን ንምልዓል መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ማእኸላይ ኮምቴ ህወሓት ዘይሕጋዊ ዕደና መኣድን ጠጠው ክብል ኣብ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤኡ ወሲኑ፣ ኣብ መግለፂኡ ከምዘውፅኦን በቢደረጅኡ ዘሎ ላዕለዋይ ካድረ ህወሓት እውን ተመያይጡ ጠጠው ክብል ቅዋም ዝሓዘሉ ጉዳይ ከምዝኾነ ዘዘኻኸሩ ኣይተ ወልደኣብርሃ፤ ዘይሕጋዊ ዕደና መኣድን ወርቂ ኣብ ሰብን እንስሳን የብፀሖ ካብዘሎ ዕንወት ብዝዘለለ ዓብዪ ኣጀንዳ ፀላእቲ ኮይኑ ንኣመራርሓ ውድብን ሰራዊትን መውቅዒ ይኸውን ከምዘሎ፤ ቅድም ክብል ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝነበረን ኣብዚ ሐዚ እዋን ክሒዱ ዝወፀን ሓይሊ ነዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ክቆፃፀሮ እናተገበአ ንጎሓሉ በሪ ከፊቱ እግሩን ኢዱን ኣጣሚሩ እናረኣየ ፀኒሑ ሐዚ ተገልቢጡ ንኣመራርሓ ህወሓትን ሰራዊትን ትግራይ የፀልም ምህላው ኣግባብነት ከምዘይብሉ ግልፂ ገይሮም። እቶም ዋና ኣመሓዳሪ ብተወሳኺ ከምዝበልዎ፤ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ከምብሓዱሽ ተመዓራርዩ ስሩዕ ስርሑ ምስጀመረ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሚኢቲ መዓልቲ ክሰርሖም ካብ ዝሓዞም መደባት ዘይሕጋዊ ዕደና ጠጠው ምባል ከም ዝኾነን ነዚ ድማ ሓደ ዕማሙ ገይሩ ይሰርሕ ምህላውን ውፅኢት ክርኢ እውን ምጅማሩ ገሊፆም።

ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ፤ ዘይሕጋዊ ዕደና ጠጠው ንምባልን ስርዓት ንምሓዝን ዓብዪ ኮሚቴ ኣመራርሓ ብብርኪ ዞባ፣ ወረዳ ሓባር ኮሚቴ፣ ፀጥታ ሓለፍቲ ምልሻ ኣዘዝቲ ፖሊስ፣ ሓለፍቲ መሬትን መዓድንን ኣርሚ ኮማንድ፣ ኣርሚ ኣዘዝቲ ግንባር ኮማንድ ብድምር 250 ዝኸውን ሓይሊ ወዲቡ እናሰርሐ ከምዘሎ ዘመላኸቱ ኣይተ ወልደኣብርሃ፤ ስራሕቲ ምፅራይ ዘይሕጋዊ ዕደና ምስ ተዛዘመ ናብ ተሓታትነት ከምዝሰግር ሓቢሮም።

እዚ ከምዚ እናሃለወ፤ ኣብ ኣጠቓቕማ መዓድናት ዝረአ ዘይሕጋዊ ኣካያይዳታት ብፍላይ ናይ ደገ ሓይልታት መሓውራቶም ዘርጊሖም ዝጉሕጉሕዎ ዘለው ሃፍቲ ትግራይ ንምድሓን ብህፁፅ ክስራሕ ከምዘለዎ ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ጀነራል ታደሰ ወረደ ኣፍሊጦም።

ፕረዚዳንት ታደሰ ነዚ ዘፍለጡ፤ ሰለስተ ነሓሰ 2017 ዓ/ም ሓይሊ ዕማም ዘይሕጋዊ ዕደና መዓድን ንምቁፅፃር ኣመልኪቱ ምስ ኣመራርሓ ዞባን ወረዳን፣ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት፣ ኣካላት ፀጥታን ፍትሕን ኣብ ከተማ መቐለ ኣብ ዘካየዶ ሓበራዊ መድረኽ ዘተ እዩ።

ዋና ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜን ምዕራብ
ኣይተ ወልደኣብርሃ ገ/ፃድቕ

"ዝተጣየሸ ሓይሊ ዕማም ዘይሕጋዊ ዕደና ደው ንምባል ዝኸዶ ርሕቐት ዝነኣድ ኮይኑ ድሕሪ ሐዚ ናብ ሕጋዊ መስርሕ ንምእታው ዘጓንፍዎ ፈተናታት ብቐራፅነት ክሰግሮም ይግባእ፤" ዝብሉ ፕረዚዳንት ታደሰ ወረደ ካብ ኣወሃህባ ፍቓድ ጀሚሩ ዝረኣዩ ጉድለታት ብምእራም መዓድናት ትግራይ ብጥረኦም ዘይኮነስ ግብኣታትን /እሴታትን/ ተወሲኽዎም ኣብ ረብሓ ዝውዕለሉ መንገዲ ንምፍጣር ክስራሕ ከምዘለዎ ኣገንዚቦም።

ምክትል ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ኣካቢ ሓይሊ ዕማም ምክልኻልን ምቁፅፃርን ዘይሕጋዊ ዕደናን ኣይተ ኣማኑኤል ኣሰፋ ብወገኖም፣ ስኣን ምዕሩይ ምሕደራ መዓድናት ትግራይ ብፍላይ ድማ ድሕሪ ፅንተታዊ ኲናት ውልቀ ሰባት ዝህፍትምሉ፣ ሰብ፣ እንስሳትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ግዳይ ኬሚካላዊ ብኽለት፣ ሃፍቲ ትግራይ ኣደዳ ዘይሕጋዊ ደለልቲ ዝኾነሉን ኩነታት ከምዘሎን እዚ ስርዓት ክሕዝ ከይተገበረ ምፅንሑን ገሊፆም።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ትግራይ ጥራሕ ዛጊድ 440 መሽነርታት ካብ ዕደና ናቑጣታት ወፃእን ናብ ሓደ ማእኸል ክእከብ ተገይሩ ከምዘሎ ዝገለፀ እቲ ሓይሊ ዕማም እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ዘይሕጋዊ ዕደና መዓድን ጠጠው ክብልን ስርዓት ክሕዝን ንምግባር ዝሓሸ ኣወዳድባ ስለዘለዎ ተጀሚሩ ዝግደፍ እንተይኮነስ ብዝሓሸ መንገዲ ተጠናኺርካ ዝኣቶ ዘሎ ስራሕ ብምዃኑ ተፈጥራዊ ሃፍቲ ትግራይ ናብ ስርዓት ብምእታው ብኣግባብ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ከምዝግበር ኣይተ ኣማኤል ኣረጋጊፆም።

ብሰንኪ ዘይሕጋዊ ዕደናን ዝውውርን መዓድናት ኣብ ልዕሊ ሰብ፣ እንስሳን ሃፍቲ ተፈጥሮን ይበፅሕ ካብ ዘሎ ዕንወትን ብኽለትን ብተወሳኺ ኣብ 2017 ዓ/ም ትግራይ ካብ ብሄራዊ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ክትረኽቦ ካብ ዝገባእ ልዕሊ 7 ቢልዮን ብር ሮያሊቲ ዛጊድ ካብ መዓድን ወርቂ 24 ሚልዮን ብር ጥራሕ ከምዝረኸበት ምግላፁ ይዝከር።

ብመስዋእቲ ጀጋኑ ዝተረኸበ ተስፋ ሰላም ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ንረባረብ!!

ወይን

ዋጋ 100 ብር

መበል 49 ዓመት | መስከረም 2018 ዓ/ም | ቁፅሪ 68 | www.woyenmedia.com

ፍሉይ ሕታም መፅሄት ወይን ሓዱሽ ዓመት
እዋናዊ ትሕዝቶታት ሒዛትልኩም ቀሪባ ኣላ

- "ትኪ ዓፊንካ መውፅኢ እንተኣስኢንካዮ ብኻልእ ምውፅኡ ኣይተርፍን።"

- "ብቐፃሊ ምፍርራሕ ዝፈረምሉን ዝፈረምናሉን ውዕል ኣይንገድፍን"

ጀነራል ሃይለስላሴ ግርማይ
(ወዲ እምበይተይ)

- "ኣከብቲ ክራይ ኩሉ ግዜ ድኽመታት ውድቦምን ሃይማኖቶምን ይጥቀሙ፤ ጥፍኣት ሓለቓኦም ድማ ከምፀጋ ይሪእዎ።"

- "እቲ ዝኸፈልናዮ ዋጋን እቲ ዘለናዮ ቦታን ኣፈላላዩ ናይ ሰማይን መሬትን እዩ"

ተጋዳላይ ስብሓት ነጋ

ሕድሪ ስውኣትና ኣይነዕብርን!